ኢፕድ
# ወጋሕታ

1ይ ዓመት | ቑፅሪ 023 | 7 ሚያዝያ 2013 ዓ.ም | ሓሙስ | ብር 10.00

# ‹‹ንህዝቢ ትግራይ ሓገዝ‘ምበር ጭርሖ ኣየድልዮን››



ኣይተ ባርያጋብር ኣባይ

**መሰረት ገ/ዮሃንስ**

ኣዲስ ኣበባ፡-ኣብ ወፃኢ ዝነብሩ ተጋሩ መኪና እናተኻረዩ ሰልፊን ጭርሖን ካብ ምውፃእ ኣብ ፀገም ዘሎ ህዝብና ምሕጋዝ ዝሓሸ እዩ ፤ህዝቢ ትግራይ ሓገዝ’ምበር ጭርሖ ኣይድልዮን ክብሉ ሓላፊ ቢሮ መናእሰይን ስፖርትን ክልል ትግራይ ኣይተ ባርያጋብር ኣባይ ኣፍሊጦም።

ኣይተ ባርያጋብር ምስ ጋዜጣ ወጋሕታ ኣብ ዝገበርዎ ቃለ መሕትት ከምዝገለፅዎ፤ኣብ ወፃኢ ዘለዉ ተወለድቲ ትግራይ ምስቲ ተፈጢሩ ዘሎ ኩነታት ኣብ ፀገም ዘሎ ህዝቦም ዘበርከትዎ ነገር ከምዘየለን እኳዳኣስ ናይ ባዕሎም ፖለቲካ ትልሚ ንምስኻዕ ሰልፊ እናወፁ ይርከቡ ኢሎም ።

እቶም ተሰለፍቲ ካብ ሓደ ስርዓት ዝመፁን በቲ ዝነበረ ውድብ ናብ ወፃኢ ዝወፁን ናታቶም ተጠቀምቲ ዝነበሩ ከምዝኾኑን ዝገለፁ ኣይተ ባርያጋብር፤ ኣብዚ ኸዚ እዋን ንህዝቢ ትግራይ ዘድልዮ መኪና ደርዲርካ ሰልፊ ምውፃእ እንተይኾነስ ኣብ ጎኑ ብምዃን ምግብን ናውትን ዝሕገዘሉ ግዘ እዩ ፤ኾይኑ ግና ብር ዓሰርተ’ውን ካብኣቶም ንህዝቢ ትግራይ ከመዘይመፀ ተዛሪቦም።

ኣብ ኢትዮጵያ ዘለዉ ተወለድቲ ትግራይን ክልላት ሃገርናን ንኻልኣይ እዋን ኣብ ምሕጋዝ ኣብ ምርብራብ ኣብ ዘለዉሉ እዋን ኣብ ወፃኢ ዘለዉ ተጋሩ ድማ ብር ኣውፂኦም መኪና ብምክራይ ሰልፊ ምግባር ንህዝቢ

ኣብ ክልል ትግራይ ... 8




ሌተናል ጄነራል ባጫ ደበሌ

## ኣብ ክልል ትግራይ እናተንቀሳቐሰ ዝነበረ ጉጅለ ሸፍታ ስጉምቲ ተወሲዱሉ

**ትርሓስ ፍቃዱ**

ኣዲስ ኣበባ (ግዜኢ)፡-ኣብ ሸሞንተ ዝተፈላለያ ከባብታት ክልል ትግራይ እናተንቀሳቐሰ ዝነበረ ጉጅለ ሸፍታ ስጉምቲ ከምዝተወሰደሉ ሌተናል ጄነራል ባጫ ደበሌ ገሊፆም።

ኣብ መከላኸሊ ሃገር ዋና መተሓባበሪ ስራሕቲ

ኣብ ክልል ትግራይ ... 7

## ህዝቢ ትግራይ ሰላም፣ ፍትሕን ማዕርነትን ዘይኣምን ሓይሊ ክሓቑፍ የብሉን ተባሂሉ

**መኣርግ ገ/ሄር**

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብ ክልል ትግራይ ሰላም ንኽዓስል ህዝቢ ትግራይ ሰላም፣ ፍትሕን ማዕርነትን ዘይኣምን ሓይሊ ክሓቑፍ የብሉን ክብሉ መስራቲ ትግራይ ዲሞክራስያዊ ፓርቲ(ትዴፓ) መምህር መኮነን ዘለለው ገሊፆም።

መምህር መኮነን ምስ ጋዜጣ ወጋሕታ ኣብ ዝገበርዎ ቓለ መሕትት ከምዝገለፅዎ፣ ህዝቢ ትግራይ ሰላም፣ ነፃነት፣ልምዓትን ኢኮኖሚያዊ ለውጢ ንምርካብ ብተደጋጋሚ መስዋእቲ እናኸፈለ እንተመፅአ’ውን ብሰንኪ ፈተውቲ ስልጣንን ጥቕምን ዝሓሰቦ ከይተሳኽዐ ተሪፉ እዩ።

ህዝቢ ትግራይ ነፃነቱ ንምርካብ ብሰላም ክቓለስ ኣለዎ ዝበሉ መምህር መኮነን፣ቐድሚ ሕዚ ህዝቢ ምስ ህወሓት ኮይኑ ንብዙሕ ዘመናት ተቓሊሱ እዩ፤ ህወሓት ናይ ባዕሉ ረብሓ ካብ ምድልዳል ሓሊፉ ንህዝቢ ዘይሓስብ ምዃኑ ድማ ኣብ ስልጣን ኣብ ዝነበረሉ እዋን ተራእዩ እዩ። ስለዚ ህዝቢ ትግራይ ሰላም፣ ራሕዋ፣ ዲሞክራሲን ኢኮኖሚያዊ ዕቤትን ምስ ዘምፅኣሉ ኣካል ክኸውን ይግበኦ ኢሎም።

ህዝቢ ትግራይ ሰላም፣... 8

## ኩነታት ትግራይ ናብ ንቡር እናተመለሰ ምዃኑ ተገሊፁ

**መሰረት ገ/ዮሃንስ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ሓፈሻዊ ኩነታት ትግራይ ካብ ዝነበረሉ ቀስ ብቐስ ናብ ንቡር እናተመለሰ ይርከብ ክብላ ሓላፊት ቢሮ ኮምኒኬሽን ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ወይዘሮ እቴነሽ ንጉሴ ገሊፀን።ቁፅሪ ተመዛበልቲ ምውሳኹን ሰብኣዊ ረድኤት ናብ ዞባታትን ወረዳታት ከምተለኣኸ ሓቢረን።

ኩነታት ትግራይ ... 8

## ማሕበረሰብ እስልምና ፃም ረመዳን ብፍቕርን ብምትሕግጋዝን ክሐልፍ ተሓቲቱ

**መኣርግ ገ/ሄር**

ኣዲስ ኣበባ፡- ማሕበረሰብ እስልምና መበል 1442 ፆም ረመዳን ንፈጣሪኡ ተገዚኢ ብምዃን፣ብምርድዳእን ብምትሕግጋዝን ከሓልፎ ይግባእ ክብል ጉዳያት ላዕለዋይ ቤት ምኽሪ ማሕበረሰብ እስልምና ኣዲስ ኣበባ ገሊፁ።

ጉዳያት ላዕለዋይ ቤት ምኽሪ እስልምና ኣዲስ ኣበባ፣ ኣብ ውሽጢ ከተማ ኣዲስ ኣበባን ኢትዮጵያን ከምኡ’ውን

ማሕበረሰብ እስልምና... 8

ኩነታት ፀጥታ ክልል ትግራይ ንምምሕያሽ ማሕበረሰብ ዘሳተፈ ስራሕ እናተሰርሐ እዩ

ገፅ 4

‹‹ኹሳትና ንሃገርና ነናይ ባዕልና ዓሻራ ክነዕርፍ ክንክእል ኣለና››

- ኣክቲቪስትን ጋዜጠኛን መሓመድ ኣልኣሩሲ

ገፅ 5



ወጋሕታ **ዜና**

## ኣብ ሰለስተኣዊ ኣኼባ ግድብ ህዳሰ ንኣምባሳደራት ሃገራት ኣፍሪካ ገለፃ ተገይሩ

ኣዲስ ኣበባ (ኤፍ.ቢ.ሲ )፡- ምክትል ቐዳማይ ሚኒስትርን ሚኒስትር ጉዳያት ወፃኢን ኣይተ ደመቀ መኮንንን ሚኒስትር ማይ፣ መስኖን ኢነርጂን ዶክተር ኢንጂነር ስለሺ በቀለን ሰለስተኣዊ ኣኼባ ግድብ ህዳሰ ሚኒስትራት ጉዳያት ወፃኢን ሚኒስትራት ማይን ኣመልኪቶም ተቐማጥነቶም ኣዲስ ኣበባ ንዝገበሩ ኣምባሳደራት ሃገራት ኣፍሪካ ገለፃ ገይሮም።

እቲ ገለፃ ኣብ ዲሞክራቲክ ሪፐብሊክ ኮንጎ፣ ኪንሻሳ ብማዕቐፍ ሕብረት ኣፍሪካ ዝተኻየደ ሰለስተኣዊ ኣኼባ ግድብ ህዳሰ ዝምልከት እንትኸውን፣ ኣብቲ ኣኼባ ልዝብ ዝተገበረሎም ጉዳያትን ቅዋም ኢትዮጵያን ዝምልከት ነቶም ኣምባሳደራት መብርሂ ተዋሂቡ።

ኢትዮጵያ ኣብ ሰለስቲኦን ሃገራት ተቐባልነት ዘለዎ ስምምዕነት ንኽብፃሕ ኣብ ትሕቲ ማዕቐፍ ሕብረት ኣፍሪካ ዝግበር ድርድር ክቕፅል ኣለዎ ኢላ ብፅኑዕ ከምተኣምን ተገሊፁሎም።

ሰለስቲኦን ሃገራት ኣጠቓቕማ ማይ ኣባይ ብዝምልከት ዘለወን ኣማራፂ ብምትሕብባርን ብስምዒት ኣፍሪካዊ ሕውነትን ብሓባር ምስራሕ ከምዝኾነ ነቶም ኣምባሳደራት ኣብሪሆምሎም።

እቲ ድርድር ዕዉት ንምግባርን ምትእምማን ንምድንፋዕን ከም ኣቆፃፅራ ኣውሮፓውያን ጥሪ 2020 ብቢሮ መራሕቲ ሕብረት ኣፍሪካ ዝተኻየደ ጉባኤ ዝተበፅሐ ምርድዳእን ዝወፅአ መግለፂን መሰረት ብምግባር ብኽልተ ብርኪ፣ መጀመርታ ጉዳያት ኣመላልኣን ኣሳድዳን ማይ ብምጥቃም ንኹሉ ዝሓቁፍ ኣጠቓቕማ ማይ ስምምዕነት ምግባር ዝሐሸ ኣማራፂ ምዃኑ ኢትዮጵያ እምነት ኣለዋ ኢሎም።

ኣብ ዝቕፅል ወርሒ ሓምለ ዝካየድ ካልኣይ ዙር ምምላእ ማይ ብዝምልከት ኢትዮጵያ ልውውጥ ሓበሬታ ንምግባር ብቕኑዕ ልቢ ተበግሶ ብምውሳድ ብሚኒስቴር ማይ፣ መስኖን ኢነርጂን ፌዴሪኢ ኣቢሉ ንሱዳንን ግብፂን ደብዳበ ከምዝተለኣኸለን ተገሊፁ።

ኣብቲ ዝተገበረ ገለፃ ካብ ጉዳይ ግድብ ህዳሰ ብተወሳኺ እዋናዊ ኩነታት ዶብ ኢትዮ-ሱዳን ዝምልከት መብርሂ ዘሃቡ እንትኾኑ፣ ኢትዮጵያ ብሰላማዊ መገዲ ብድርድር ንምፍታሕ ቁርፀኛ ከምዝኾነት ኣብሪሆምሎም።

እቶም ኣምባሳደራት ብግደኦም፣ ኣብ ግድብ ህዳሰ ኣመልኪቱ ዝግበር ድርድር ኣብ ትሕቲ ማዕቐፍ ሕብረት ኣፍሪካ "ንኣፍሪካዊ ፀገም ኣፍሪካዊ መፍትሒ" ብዝብል መምርሒ ውፅኢታዊ ክኸውን ምግባር ከምዝግባእ ብምግላፅ፤ ኢትዮጵያ፣ ሱዳንን ግብፅን ድርድረን ኣብቲ ማዕቐፍ ንኽዛዝማ ኣበረታቲዖም።

ውጥጥ ዶብ ኢትዮ-ሱዳን ብዝምልከት ድማ ኢትዮጵያ እቶም ፀገማት ብሰላማዊ መገዲ ንምፍታሕ ዝወሰደቶ ቅዋም ከምዝንእዱ ምግላፆም ካብ ሚኒስቴር ጉዳያት ወፃኢ ዝረኸብናዮ ሓበሬታ የረድእ።



## ዩኒታት ፍልፍል ሓይሊ ተከዘ ብዘይ ፅገና ስራሕ ምጅማሮም ተገሊፁ

**መሰረት ገ/ዮሃንስ**

ኣዲስ ኣበባ፡-ዩኒታት ፍልፍል ሓይሊ ተከዘ ምንም ዓይነት ፅገና ከየድለዮ ናብ ስራሕ ከምዝኣተወ ዳይሬክተር ኮምኒኬሽን ሓይሊ ኤሌክትሪክ ኢትዮጵያ ኣይተ ሞገስ መኮንን ኣፍሊጦም።ቅድሚ ኸዚ እውን እቲ ግድብ ተወቒዑ እዩ ድሕሪ ኸዚ ግልጋሎት ኣይህብን እናተብሃለ ዝነበረ ሓሶት ምዃኑ ኣመልኪቶም።

ኣይተ ሞገስ ብፍላይ ንጋዜጣ ኣዲስ ዘመን ከምዝገለፅዎ፣ ፍልፍል ሓይሊ ተከዘ ቅድሚኸዚ ሓይሊ ምሃብ እንተኻኣለ እውን መተሓላለፊ መስመር ስለዘይተዘርገሐሉ ንኣዋርሕ ብዘይ ስራሕ ተቐሚጡ ነይሩ እዩ።ኣብዚ ኸዚ ግና ካብ ዘለዉ ኣርባዕተ ዩኒት እቶም ኽልተ ብሙሉእ ዓቕሞም ግልጋሎት እናሃቡ እዮም።

ብኽልቲኦም ዩኒታት ክሳብ 108 ሜጋ ዋት ዝኣክል ሓይሊ ምምራት ተኻኢሉ እዩ።እቶም ኽልተ ዩኒት ድማ ናብ ስራሕ ዘይኣተዉ ኣድላይነት ሓይሊ ኣብ ግምት ውሽጢ ብምእታው'ምበር ካልእ ፀገም ሃልዩዎም ኣይኮነን።

እቶም ዩኒት ስለዝሰርሑ ጥራሕ ናብ ተግባር ኣይኣትዉን።እቶም ኽልተ ዩኒት ስራሕ ክነጀምር ኸለና ዝተጠቐምናዮ 7ሰዓትን 18ደቒቃ እንትኾን ፣ክሳብ 12ሰዓት ሓዲኡ ዩኒት ንክሰርሕ ዝተገበረ እንኸውን ድሕሪ 12 ሰዓት ጀሚሩ ድማ እቲ ኻልኣይ ዩኒት ንክሰርሕ ተገይሩ እዩ።ብምዃኑ እውን ኣድላይነት ሓይሊ እናተርኣየ ኹሉ ናብ ስራሕ ዝኣትዉሉ ኩነታት ክፍጠር እዩ ኢሎም ።

ፍልፍል ሓይሊ ልክዕ ከም መከፋፈሊ መስመር ኣብ ከባቢ ጥራሕ እንይኾነስ ንሃገር እዩ ዘገልግል፣ኸዚ ንግዚኡ ሓይሊ ኤሌክትሪክ ዝሓልፈሉ መስመር ጉድኣት በፂሕዎ ስለዝነበረ ክፅገኑ ዘለዎም መስመራት ተፀጊኖም ክሳብ ዝውድኡ ኣብ ትግራይ ጥራሕ ግልጋሎት እናሃበ ከምዝኾነ ኣፍሊጦም እዮም።

ፍልፍል ሓይሊ ተከዘ ምንም ዓይነት ዝተፈለየ ስራሕ ኣይተሰረሐሉን ዝበሉ እቶም ሓላፊ፣ ቅድሚ ኸዚ እቲ ግድብ ተወቒዑ እዩ፣ድሕሪ ኸዚ ግልጋሎት ኣይህብን እናተብሃለ ዝነበረ ሓሶት ምዃኑ ኣመልኪቶም።

ከም ኣይተ ሞገስ ገለፃ ፣ ኣብቲ ፍልፍል ሓይሊ ምንም ዝበፅሐ ጉድኣት ብዘይምህላዉ ድሕሪ ኣዋርሕ ናብ ስራሕ እንትኣቱ ዘውፅኦ ወፃኢ የለን ፣ካብኡ ንላዕሊ ኣብ ክልል ትግራይ ስጉምቲ ሕጊ ምኽባር ኣብ ዝነበረሉ እዋን ዝበፅሐ ልዑል ዕንወት ኤሌትሪክ መሰረተ ልምዓት እቲ ትካል ብር 240 ሚሊየን ኪሳራ ኣጋጢምዎ እዩ።

ኣብ ትግራይ ንሳልሳይ እዋን ምቁራፅ ሓይሊ ኣጋጢሙ እዩ ዝበሉ ኣይተ ሞገስ ፣ ናይዚ ምቁራፅ ሓይሊ ትኽክለኛ ምኽንያት ንምፍላጥ ባዓል ሞያታት እናሰርሑ ከምዝኾነ ገሊፆም እዮም።

ካብ ተከዘ ናብ መቐለ ዝኸይድ መስመር ብምፅጋን እቲ መፈልፈሊ ሓይሊ ባዕሉ ንባዕሉ ንክቆፃፀር ኾይኑ መቐለን ከባቢኣን ግልጋሎት እናሃበ ከምዝኾነ ኣብሪሆም እዮም።

ባዓልሞያታት ሓይሊ ኤሌክትሪክ ኢትዮጵያ ዓብይ ዋጋ ኸፊሎም እዮም ዝበሉ ኣይተ ሞገስ፣ኣብ ሓደ ሓደ ቦታታት ኸዚ እውን እንተኾነ ናይ ሰላም ስግኣት ካብ ምህላዉ ንላዕሊ ንእሸተይ ጉጅለ እናፈጠሩ መጥቃዕቲ ንምፍፃም ዝፍትኑ ኣካላት ኣለዉ ኢሎም።ባዓል ሞያታት ንዚ ኩሉ ፀገም ተፃዊሮም ስረሖም እናሰርሑ ምዃኖም ኣመልኪቶም እዮም።

ኣብ ክልል ትግራይ ምቑራፅ ኤሌትሪክ መንግስቲ ኾነ ኢሉ ዝገበሮ ተገይሩ ዝናፈስ ወረ ፍፁም ሓሶት ምዃኑ ዝገለፁ ኣይተ ሞገስ፣ከምዚ ዓይነት ሓሳብ እንተዝህሉ ነይሩ ፣ልክዕ ሓደ መስመር ክቋረፅ ከሎ መመራፂ ብዝባሃል ካልእ መስመር ንሕብረተሰቡ ግልጋሎት ኤሌትሪክ ንክረክብ ኣይስራሕን ነይሩ ኢሎም እዮም።

እቲ ክልል ቅደም ክብል ሓይሊ ዝረክብ ዝነበረ ኣላማጣ፣ መኾኒ፣መቐለ ብዝኸይድ መስመር እዩ ነይሩ፣እሱ ምፅጋን ክሳብ ዝካኣል ሓይሊ ምቑራፅ ክፀንሕ ነይሩ እዩ፣ኾይኑ ግና ብኻልእ መስመር ቀይርካ ንምስራሕ ዝተገበረ ፃዕሪ ተከዘ እውን ናብ ስራሕ ንክኣቱ ገይርዎ እዩ።እቲ ሕብረተሰብ እውን እዚ ብዝግባእ ክርዳእ ከምዘግባእ ተዛሪቦም እዮም።

ኣብ መሰረተ ልምዓት ዝበፅሐ ጉድኣት ንማንም ጥቕሚ ኣይህልዎን፣ከም ሃገር ንኹሉ ዝጎድእ ካብ ምዃኑ ንላዕሊ ኣብቲ ከባቢ ንዘሎ ተጠቃሚ ኤሌክትሪክ ዓብይ ፅዕንቶ ዘሕድር እዩ፤ስለዝኾነ ሕብረተሰብ ኣብ መሰረተ ልምዓት ኤሌክትሪክ ዝበፅሕ ጉድኣት ንዝምልከቶ ኣካል ፀጥታ ብምዝራብ እቶም ጥፋኣተኛታት ካብ ተግባሮም ንክቑጠቡ ምግባር ከምዘድሊ ኣፍሊጦም እዮም።

## ህዝቢ ይመርሓኒ እዩ ንዝብሉ ፓርቲ ብድምፁ ከረጋግፅ ከምዘለዎ ተሓቲቱ

**ትርሓስ ፍቃዱ**

ኣዲስ ኣበባ፡- እቲ መረፃ ፍትሓውን ዲሞክራሲያውን ንክኸውን እቲ ህዝቢ ዝሐሸ መማረፂ ፖሊሲን ኹለመዳያዊ ዕብየት ናይ ምምዝጋብ ዓቕሚ ንዘለዎ ፓርቲ፤ ብካርዱ ምምራፅ መሰሉ ጥራሕ ዘይኮነስ ግቡኡ'ውን ከምዝኾነ ሙሁራን ገሊፆም።

ሪኢቶኦም ንጋዜጣ ኣዲስ ዘመን ካብ መንጎ ዝሃቡ ሰባት፤ንነዊሕ እዋን ተሳትፎ ፖለቲካ ዝነበሮምን መስራቲ ዲሞክራሲያዊ ግንባር ኦሮሞ ዝነበሩ ኣይተ ሌንጮ ለታ ከምዝገለፅዎ ፣6ይ ሃገራዊ መረፃ ብምኽንያት ለበዳ ሕማም ኮሮና እንትናዋሕ ብሓደ ሓደ ፓርትታት ፖለቲካ ቅሬታ ይልዓል ከምዝነበረ ኣዘኻኺሮም።

ኣብዚ ሐዚ እዋን ድማ መንግስቲ መረፃ ንኽግበር እንትውስን ክናዋሕ ናይ ምድላይ ዝንባለ ከም ዝስትውዓልን፤ብሓፈሻ ኣብ መንጎ ፓርትታት ዝርኣይ ዘይምቅዳው ኣብ ህዝቢ ምድንጋር ከምዝፈጠረ ዝጠቐሱ ኣይተ ሌንጮ፤እቶም ፓርትታት' ውን እቲ ህዝቢ ንመረፃ ድልው ንክኸውንን ድምፁ ንክህብን ዝገብርዎ ምንቅስቓስ ድኹም ከምዝኾነ ገሊፆም።

ይኹን 'ምበር መረፃ መግለፂ ዲሞክራሲ ካብ ምዃኑ ንላዕሊ ነቲ ዝድለይ ሰላም፣ልምዓትን ዕብየትን ንምርግጋፅ ዘለዎ ውፅኢት ዕዙዝ ብምዃኑ ተሳትፎ ህዝቢ ወሳኒ እዩ።ብሕፅረት ተሳትፎ ህዝቢ ዝፍጠር ፀገም ናይ ኹሉ ገዛ ስለዝንኩሕኳሕ፤ተሳትፎ ካብ መሰል ንላዕሊ ዜግነታዊ ግቡኡ ከምዝኾነ ኣልዒሎም።

ተነሓናሕቲ ፓርትታት፤ ንሓንቲ ሃገር ወሰንቲ ዝኾኑ ናይ ልምዓትን፣ ፖሊሲታት ርክባት ወፃኢን ንጎኒ ብምግዳፍ ኣብ ሓደ መረፃ ዘይፍታሕ ‹‹ኣሃዳዊ ወይ ፌደራላዊ››ዝብል ቕርፂ ኣወቓቕራ ሃገር እናተጨቓጨቑ ግዘ ምብኻን ግቡእ ከምዘይኮነ ዝተዛረቡ ኣይተ ሌንጮ፤ኣብ መንጎ ፓርትታት ዝሐሸ ፖሊሲ ኣብ ክንዲ ምቕራብ፤እቲ ጭቕጭቕ በዚ እንተቐፂሉ እቲ ህዝቢ ብውልቀ ሰባት ተታሊሉ ብስምዒት ንምምራፅ ክግደድ ከምዝኽእልን እቲ መረፃ'ውን ዝነበሩ ፀገማት ኣብ ክንዲ ምፍታሕ ዝገደደ ፀገም ከየምፅእ ጥንቃቐ ከምዘድሊ ኣታሓሳሲቦም።

ኣብዚ ሐዚ እዋን ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ዝርኣዩ ፀገማት ፀጥታ ኣብ ኸይዲ እቲ መረፃ ኣሉታዊ ፅዕንቶ ከይፈጥሩ ኹሉ ዕዮ ገዛኡ ክሰርሕ ከምዘለዎ ገሊፆም።ልዕሊ ኹሉ ድማ ፓርትታት ኣብ ከም ሕገ መንግስቲ ዝበሉ ሓበራዊ ጉዳያት ኣብ ምርድዳእ ንኽበፅሑ ኣይተ ሌንጮ መኺሮም።

እቶም ኻሊእ ወሃቢ ሪኢቶ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኣዲስ ኣበባ መምህር ፌደራሊዝምን ምምሕዳርን ዶክተር ተስፋዬ ጅማ ብወገኖም፤እቲ ህዝቢ ዝደልዮ ፓርቲ ንምምራፅ ዕድል ካብ ዝህብዎ መግለፂታት ዲሞክራሲ ሓደ ብምዃኑ፤ ህዝቢ ነዚ ብምፍላጥ ነቲ ዕድል ከበላሽዎ የብሉን ክብሉ መኺሮም።

ብህዝቢ ዝምረፅ መንግስቲ ዓብዪ ሓላፍነትን ሓደራን ብምቕባሉ ህዝቢ ብሰንኪ ወፂኡ ብዘይምምራፁ ዝስእኖ ጥቕሚ ድማ ልዑል እዩ ኢሎም።

ብኻልእ መዳይ ድማ ህዝቢ ወፂኡ ንኸይመርፅ ብዝተፈላለየ ማሕበራዊ ሚዲያታት ሕሶታት ብምንዛሕ ጥርጣረን ስግኣትን እናፈጠሩ ዝርከቡ ሓላፍነት ዝጎደሎም ውልቀ ሰባት መስመር ክሕዙ ምግባር የድሊ ኢሎም።

ኣብ ዝሓለፉ ሓሙሽተ መረፃታት ህዝቢ እንተመረፀ እንተዘይመረፀ እቲ ገዛኢ ፓርቲ ስዓራይ ከምዝነበረ ዘዘኻኸሩ ዶክተር ተስፋዬ፤መረፃ ሎምዘበን ግና ብህዝቢ ተቐባልነት ዘለዎ ፍትሓውን ዲሞክራሲያውን ንኽኸውን ኣመራርሓ እቲ ለውጢ ብቕራፅነት እናሰርሐ ከምዝርከብ ካብ ዘርእዩና እቲ ሓደን ቀንድን ገለልተኛ ቦርዲ መረፃ ንምጥያሽ ዝወሰዶ ቕራፅነት እዩ።

ይኹን 'ምበር ብመዳይ ተነሓናሕቲ ፓርትታት ፖለቲካ ዝስትውዓል ፀገም፤ መረፃ ዋና ኸተማታት ጥራሕ እስካዕ ዝመስል ብከተማታት ዙሪያ ጥራሕ ዝተገደበ ምንቅስቓሶም ህዝቢ ናብ ዘለዎ ክፋላት ገጠር ንኽወርዱን ሓቢሮም።ብተወሳኺ ድማ ሃገር ንምምሕዳር ፃዕሪ ዝገብሩ ዘለዉ ኹሎም ፓርትታት ድምፂ ንዝህቦም ህዝቢ ተዘይቀስቂሶም ሕልሞም ጋህዲ ከምዘይኸውን ተረዲኦም ክሰርሑ ከም ዘለዎም ኣተሓሳሲቦም።

‹‹ነታ ሃገር ዘይመስሉ፣ብሄር ብሄረሰባት ንምትእንጋድ ሰፊሕ ማእገር ዘይብሎም፤ነፀላ ጉዳይ እናውፅኡ ብምቕራብ ኣፈላላይ ዘጋውሑ ፓርትታት ካብ ብኣግኦም ዓርሶም ከዐርዩ ኣለዎም፤ከምዚ ተዘይገይሮም ግና ንህልውና ሃገር ክበሃል ስጉምቲ ክውሰድ ኣለዎ››ዝበሉ እቶም ምሁር፣ሓደ ሓደ ፓርትታት ግልፂ ዝኾነ ናይ ኢኮኖሚ፣ማሕበራውን፣ ፖሊሲ ርክብ ወፃኢ ሃገር ከምዘይብሎም ብውልቆም ከምዝተዓዘቡ ተዛሪቦም።

ከም ገለፃ እቶም ሙሁር እዞም ፓርትታት ንህዝቢ ዘእምኑሉ ዝሐሸ ፖሊሲ እንተዘይሃልይዎም ናብ ዘየድሊ ምውንጅጃልን ፀርፍን ምእታዎም ዘይተርፍ ብምዃኑ ህዝቢ ኣስተባሂሉ ክሓስብ ኣለዎ ኢሎም።

ኣብ መወዳእታ ካብ ዝኾነ ወገንተኝነት ናፃ ብዝኾነ መልክዑ፤እቲ ህዝቢ ክውግን ዘለዎ ንዝበለፀን ተግባራዊ ንዝኸውን መማረፂ ፖሊሲ፤ ጥራሕ ተገዛኢ ክኸውን ከምዘለዎ ዶክተር ተስፋዬ ገሊፆም።

# ርእሰ ኣንቀፅ

## ዋሕስ ሰላም ህዝቢ እዩ

መንግስቲ ፌደራልን ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይን ኣብ ዳግም ህንፀትን ሰላምን ትግራይ ትኹረት ገይሮም እናሰርሑ እዮም። ይኹን'ምበር ምስቲ ኣጋጢሙ ዘሎ ሰፊሕ ፀገም መንግስቲ በይኑ ዘይኮነስ ተጋሩ ተወዲቦም ህዝቦም ክሕግዙን ኣጆኻ ክብልዎ ይግባእ። ህዝቢ ትግራይ'ውን ባዕሉ ጠንኪሩን ተወዲቡ ክተሓጋገዝ ኣለዎ። ብፍላይ ኣብ ሰላም ክልል ትግራይ ኣበርቲዑ ክሰርሕ ይግባእ።

መንግስቲ ፌደራል ኮነ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ እቲ ክልል ናብ ዝነበሮ ሰላም ንምምላስ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ተሰሪሖም እዮም። ምልሻታትን ዕጡቓት ዕጥቖም ብምፍታሕ ናብ ሰላማዊ መነባብርኦም ንክምለሱ ተገይሩ እዩ። ምምሕዳር መሊስኻ ኣብ ምጥያሽ ስራሕቲ'ውን ካብ ክልል ቢሮታት ጀሚሩ እስካብ ዞባታታ፤ ወረዳን ጣቢያን መሊስኻ ናይ ምጥያሽ ስራሕቲ ተሰሪሖም እዮም።

ዋላ'ኳ ስራሕቲ ዳግም ህንፀትን ምጥያሽን ይሰርሑ፤እቲ ዝበፅሐ ጉድኣትን ኣብ ትግራይ ዘሎ ከቢድ ኩነታትን ዝተረጋግዐ ሰላም ዘይምህላውን ብዝተፈለየ መልክዑ ዘተሓሳስብ እዩ። ስለዚ ዝተዋደደ ስራሕ ብምስራሕን ምፍታሕን ይግባእ። ኣብዚ ከይዲ ኩሉ ትግራዋይ ምስ ግዝያዊ ምምሕዳር ክልል ትግራይን ፌደራል መንግስትን ኮይኖም ክሰርሑ ይግባእ። ንሰላም ቐዳምነት ሂቦም ክሰርሑ'ውን ግድን እዩ።

ህዝቢ ትግራይ ኣብዚ ሐዚ ሰዓት ኣብ ታሪኹ ገጢምዎ ዘይፈልጥ ፀገም እዩ ኣጋጢምዎ ዘሎ። ስለዚ ካብዚ ኣፀጋሚ ኩነታት ንምውፃእን ናብ ንቡር ሰላሙን ልምዓቱን ንክምለስ ህዝቢ ኢትዮጵያ ብፍላይ ድማ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ጎኒ መንግስቲ ክኸውን ይግባእ። መንግስትን ህዝቢ ኢትዮጵያን ነዚ ኣጋጢሙ ዘሎ ፀገም ንምፍታሕ ፍሉይ ትኹረት ሂቦም ክረባረቡ ይግባኦም።

ኣብዚ ሐዚ ሰዓት ንህዝቢ ትግራይ ሰላምን ፍቕርን የድልዮ። ምስ ኢትዮጵያውያን ኣሕዋቱን ኣሓቱን ኮይኑ ብስኒት ኸነብርን እቲ ዝተጎድአ ስነ ልቦንኡ ክፅገን ኣለዎ። ነቲ ዝዓነወ መሰረተ ልምዓት ድማ ናብ ዝነበሮ ተመሊሱ ከም ቀደሙ ብኹርዓትን ሓቦን ጠጠው ንክብል በቐዳምነት ህዝቢ ትግራይ ባዕሉ፣ ከምኡውን ህዝቢ ኢትዮጵያ፣ ፌደራል መንግስቲን ዓለም ለኸ ትካላት ተዋዲዶም ንሰላም እቲ ክልል ክረባረቡ ኣለዎም።

ህዝቢ ትግራይ ሓደ ክርድኦ ዝግባእ ዝኾነ ፓርቲ ይፍጠር፣ይመውት። እዚ ዘይተርፍ ዑደት እዩ። ኩል ግዜ ለውጢ ኣሎ። ለውጢ ምዕንቃፍ'ንበር ደው ምባል ኣይከኣልን። ህዝቢ ትግራይ ነዚ ተረዲኡ ነቲ መፂኡ ዘሎ ለውጢ ሓንጎፉይ ኢሉ ተቐቢሉ ምስቲ መንግስቲ ፈደራልን ክልልን ክሰርሕን ናብ ንቡር ሰላሙ ኣብ ዝሓፀረ እዋን ክምለስ ይግብኦ። እቲ ዘይምርግጋዕን ስእነት ሰላምን ብዝተናውሐ ቑፅሪ ዝጐዳእ ህዝቢ እዩ። ስለዚ ኣብ ዝሓፀረ እዋን ናብ ንቡር ሰላም ንምምላስ ዘኽእሉ ስራሕቲ ክሰራሕ ግድን እዩ። ኣብ ቐንዲ ተዋሳኢ ህዝቢ ክኸውን ኣለዎ። ዋሕስ ሰላሙ ባዕሉ ክኸውን ኣለዎ።

ታሪኽ ህዝቢ ትግራይ ከምዘርእየና ለውጢ ዝደልን ንምልዋጥ ዝፅዕርን ህዝቢ ምዃኑ እዩ። እዚ ታሪኹ እቲ መፂኡ ዘሎ ለውጢ ብኣግባቡ ክጥቀመሉን ቐልጢፉ ሰላም ከባቢኡ ብምውሓስ ናብ ልምዓትን ለውጥን ክኣቱ ይግባእ።

ህዝቢ ትግራይ ካብ ድኽነት ክወፅእ ስለዝግብኦ እቲ ሓዱሽ ወለዶ ስራሕ ፈጣራይ፣ተመራማራይ፣መሃዛይን ክኸውን ይግባእ።ኣብዛ እንነብረላ ዓለም ድኽነት ዘይሰዓረ ህዝቢ ክብረት የብሉን። ስለዚህ ኣብ ዝሓፀረ እዋን ካብ ድኽነት ንምውፃእ ሓያል ፃዕርን ምድግጋፍን ይጠልብ። እዚ ኩሉ ንክህሉ ህዝቢ ትግራይ ሐዚ ሰላም ስለዘድልዮ ኩሉ ንሰላም ክረባረብ ኣለዎ።

ኣብ ትግራይ ዘሎ ኩነታት ፀጥትኦም ንምምሕያሽ ግዝያዊ ምምሕዳር ሕብረተሰብ ማእኸል ዝገበረ ስራሕቲ እናሰርሐ ምዃኑ ኣብ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ምክትል ዋና ስራ ፈፃሚን ሓላፊ ቢሮ ምምሕዳር ፀጥታ ኮሚሽነር ግርማይ ካሕሳይ ንግልጋሎት ዜና ኢትዮጵያ ገሊፆም እዮም። ኩነታት ፀጥታ ብምምሕያሽ ሕብረሰተብ ባዓልዋና ሰላም ንምግባር እናተሰርሐ እዩ።

ኣብ ትግራይ ፀጥተኦም ኣብ ዝተመሓየሹ ከባቢታት መናእሰይ ናይ ማሕበረሰብ ፖሊስ (ኮሚኒቲ ፖሊሲንግ) ንክውደቡ ብምግባር(ኣብ መቐለ፣ማይጨው፣ዓዲግራትን ኣክሱምን) ዋሕስ ሰላም ባዕሎም ንክኾኑ እናተሰርሐ እዩ። ስለዚ ህዝቢ ንሰላሙ ተሓባባሪ ክኾን ኣለዎ።

ሐዚ ኣብ ትግራይ ዘሎ ኣፀጋሚ ኩነታት ንምፍታሕ ሰላም ወሳናይ እዩ። ሰብኣዊ ሓገዝ ንምብፃሕ፤ኣብ ሕርሻ ኮነ ኣብ ካልኦት ንጥፈታት ሰብ ከምድሌቱ ተንቀሳቒሱ ንክሰርሕ ሰላም የድሊ። ግልጋሎት ጥዕናን ትምህርትን ንምርካብ ሰላም ግድን እዩ። ሰላም ናይ ኩሉ መሰረት እዩ። ስለዚ ሰላም ብፃዕሪ መንግስቲ ጥራሕ ኣይመፅእን። ህዝቢ ተሓባባራይ ክኸውን ኣለዎ። ህዝቢ ዋሕስ ሰላም ባዕሉ እዩ። ስለዚ ሰላም ትግራይ ውሕስ ንክኾን ህዝቢ ዘይትካእ እጃሙ ክዋፃእ ይግባእ። ኣንፃር ሰላም ንዝኾኑ ሓይልታት ክቓለሶም ኣለዎ። ፡ናብዚ ኩሉ ፀገም ንክኣቱ ምኽንያት ንዝኾኑ ጉጅለ ህወሓት ተሓባባሪ ክኸውን የብሉን።


ወጋሕታ

3 ሕዳር 2013 ዓ.ም ተመስሪታ

ዋና ስራሕ ፈፃሚ ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ

ቁፅሪ ስልኪ - 011-126-42-22

ዋና ኣሰናዳኢ

ፍቃዱ ሞላ

ኣድራሻ

የካ ክ/ከ

ወረዳ 14

የቤት ቁጥር 520/20

ኢሜይል - fekadumola@press.et

ስልክ ቁጥር - 011-1-56-98-77

ኣሰናዳእቲ

ማዕረግ ገ/ሄር

መሰረት ገ/ዮሃንስ

ትርሓስ ፍቃዱ

ኣማንሚካኤል መስፍን

ዘፈር ልምዓትን ዕዳጋን ፕሮሞሽን

ኢሜይል - epapromotion@press.et

ስልክ - 011-156-98-73

ፋክስ - 011-126-58-12

ክፍሊ መቐበሊ ምልሳይ

ስልክ ቁጥር - 011-156-98-65

ፋክስ - 011-157-44-40

መተሓባበሪ ምልሳይ ዕዳጋ

ስልክ - 011-1-26-43-39

መከፋፈሊ

ስልክ ቁጥር - 011-157-02-70


# ነፃ ሓሳብ

እዚ ዓምዲ ኣብ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያዊን ማሕበራዊን ጉዳያት ዜጋታት ናፃ ሓሳቦም ዝህብሉ እዩ:: ኣብዚ ዓምዲ ዝወፅኡ ፅሑፋት ናይ ክፍሊ ምስንዳእ ቅዋም አይኮኑን::

## በዓል ብዙሕ ኣመልን ቐታልን

ትርሓስ ፍቃዱ

ልዕሊ ሓደ ዓመት ዘቑፀረ ለበዳ ቫይረስ ኮሮና ሐዚ'ውን ኣብ ዓለምና ዓብዪ ስግኣት እዩ። መበገሲኡ ኣብ ሃገረ ቻይና ግዝኣት ውሃን ዝገበረ እቲ ለበዳ መላእ ዓለም ኣባፂሑ ኣብዚ ሐዚ እዋን ብዝተፈላለዩ ሓደሽቲ ዓይነታት እናተኸሰተ ከምዝኾነ መፅናዕትታት የመላኽቱ። ጆን ሆፕኪንስ ኣብ ዘውፀኦ መረዳእታ ከምዘመላኽቶ ኣብ ስፔን ዝተረኸበ ሓዱሽ ቫይረስ ኮሮና ኣብ ብርክት ዝበሉ ሃገራት ኣውሮፓ ብቕልጡፍ እናተዛመተ ይርከብ።

ኣብ እንግሊዝ ብሰፊሕ ዝርኣይን B.1.1.7 ዝብል ስያመ ዝተውሃቦ ሓዱሽ ቫይረስ ዝተትሓዙ ሰባት ብሓፈሻ ልዕሊ 80 ሚኢታዊ እዮም። ኣብ እንግሊዝን ስፔይንን 80 ሚኢታዊ፣ ኣብ ኣየርላንድ 60 ሚኢታዊ ዝኾኑ በቲ ሓዱሽ ቫይረስ ከምዝተትሓዙ መፅናዕትታት ይሕብሩ። ከምኡ ውን ኣብ ስዊዘርላንድን ፈረንሳይን 40 ሚኢታዊ ዝኾኑ በቲ ሓዱሽ ቫይረስ ኮሮና ከምዝተትሓዙ ኣፍቲ ዘፈር ዝተገበረ ምርምር የመላኽት።

ኣብ ደቡብ ኣፍሪካ ኣብ ወርሒ ታሕሳስ ዝተረኸበን ሐዚ ኣብ ብራዚል፣ኣብ ኣሜሪካ ከተማ ካሊፎርኒያ ከምኡ'ውን ኣብ ካልኦት ከባብታት እናተስፋሕፈሐ ዘሎ እቲ ሓዱሽ ቫይረስ B.1.351 ዝብል ስያመ ዝተውሃቦ እንትኸውን እቲ ቫይረስ ካብ ኻልኦት ፍልይ ዘብሎ ቕድም ክብል ብኻልኦት ዓይነታት ቫይረስ ተታሒዞም ዝሓወዩ ሰባት ደጊምም ንኽትሓዙ ናይ ምግባር ተኽእሎ ዘለዎ ካብ ምዃኑ ንላዕሊ ኸታበት ብቐሊሉ ዝላመድን፤ ነቶም ሕሙማት ንተወሳኺ ሕማም ዝዳርግ ኾይኑ ከምዝተረኸበን ተመራመርቲ ገሊፆም።

እቶም ሓደሽቲ ዓይነታት ቫይረስ ኮሮና ካብ መንጎ ዘለዎም ኣፀጋሚ ባህሪያት ንሕክምና ኸትትልን ንምክልኻልን ዝወሃቡ መድሓኒታት ብምልማድ ዘጥቅዕ ኾይኑ ከምዝተረኸበ ይገልፅ። ንኣብነት B.1.351 በዚ ዓይነት ቫይረስ ዝተትሓዙ ሰባት ብኣስትራንዚካል ኸታበት እንትወሃቦም ንተወሳኺ ሕማም ዝተዳረጉ እቲ ቫይረስ ነቲ ኸታበት ስለዝተላመዶን ናብ ብርኪ ምጥቃዕ ብምስግጋሩን ከምዝኾነ ተመራመርቲ ኔዘርላንድን ስፔይንን ገሊፆም።

ተመራመርቲ B.1.1.7 ኢሎም ዝሰየምዎ ሓዱሽ ዓይነት ቫይረስ ኮሮና ብባህሪኡ ፕሮቲን ኣብ ውሽጡ ዘለዉዎ እንትኸውን በቲ ላዕለዋይ ክፋል ቫይረስ ንኽልጠፍ ይገብር፤ድሕሪኡ ብምኽንያት እቲ ፕሮቲን እቲ ቫይረስ ብኣፍንጫን ብጎሮሮን ከምኡ'ውን ብኻልኦት ኣካላት ሰውነት ተለጢፉ ንኽፀንሕ ዕድል ንኽረክብ ከምዝገብሮ ተዛሪቡ። በዚ ምኽንያት ድማ እቲ ቫይረስ ንምክልኻል ክበሃል ኣፍን ኣፍንጫን ብዘይተሓፀበ ኢድ ካብ ምሕሳይ ክንቑጠብ ከምዘለና፤መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን ማስክ ክንጥቀም ከምዘለና፤ኢድና በብግዚኡ ብሳሙና ክንሕፀብ ወይ ድማ ሳኒታይዘር ምጥቃም ኣድላዪ ከምዝኾነ ይምከር።

በቲ ዝፀንሐ ይኹን በቲ ሓዱሽ ቫይረስ ኮሮና ዝተትሓዙ ሰባት ትኩሳት፣ደረቕ ሰዓል፣ኣብ ከባቢ ኣፍልቢ ሕማቕ ስምዒት ምፍጣር ፀገም ምትንፋስን፤ ሕፅረት ምስሓብ ኦክስጅን ከም ምልክታት ከምዝርኣዩ ተመራመርቲ እቲ ዘፈር ይሕብሩ።

ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ንምኽንያት ወሰኽ ምስርጫው ሓዱሽ ዓይነት ቫይረስ ኮሮና፤ ምጥሓስ ኣብ ገዛ ንኽፀንሑ ዝወፀ መምርሒ ፣ናይ ኣፍን ኣፍንጫን መሸፈኒ ማስክ ዘይምጥቃም፣ ርሕቐት ዘይምሕላው፣ካብ ዓቐን ዝሓለፈ ሸለልተኝነት፣በዓላት ንምኽባር ምትእኽኻብ ዝመሳሰሉን ከምዝኾኑ ብስፍሓት ይዝረብ። ሓደሽቲ ዓይነታት ቫይረስ ኮሮና ብባህሪኦም ልክዕ ኣብ እንግሊዝ ከምዝተርኣየ ዓይነት ኸቢድ ሕማም ዘስዕቡ ዝተፈላለዩ ሕማማት ብምጥማር እቲ ቫይረስ ብቐሊሉን ብቕልጣፈ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ብመልክዕ ለበዳ ክመሓላለፍ ብምግባር ንፅኑዕ ሕማም ልዕል ክብል ድማ ንሞት ዝዳርግ እዩ።

ተለዋዋጢ ባህሪ እቲ ቫይረስ በብእዋኑ ዝርከቡ ዓይነታት ቫይረስ ኸታበት ንምርካብ ዝግበር ፃዕሪ ዝተሓላለኸ ከም ዝገበሮ እቶም ተመራመርቲ ኣጠንቂቖም። እስካብ ሐዚ ብዘሎ መረዳእታ ትሸዓተ ሓደሽቲ ቫይረሳት ከምዝተረኸቡ ዝተገለፀ እንትኸውን እዚ ድማ ሃገራት ተረጋጊዖን ሓደ ውፁእ ዝኾነ ሜላ መከላኸሊ ወይ ድማ ኸታበት ተግባራዊ ንምግባር ዝርገሐ እቲ ቫይረስ ንምዕጋት ኣፀጋሚ ከም ዝገበሮ ምሁራት ሕክምና ይዛረቡ። ናይቲ ቫይረስ ሓደገኛነት ብቐሊሉ ንምግንዛብ ኣዝዩ ጥንኩርን ወነንቲ ዘበናዊ መሰረታዊ ጥዕና ዝኾና ኣሜሪካን ኣብ ኻልኦት ዓበይቲ ሃገራት ዝበፅሐ ጉድኣት ምርኣይ እኹል እዩ።

ማእኸል ሕማም ምክልኻልን ምቁፅፃርን ኣፍሪካ (ሲዲሲ ኣፍሪካ)ከምዘመላኽቶ ኣብ ኣፍሪካ ብቫይረስ ኮሮና ዝተትሓዙ ይኹን ህይወቶም እናሰኣኑ ዘለዉ ሰባት ዕድመኦም ካብ 30 እስካብ 39 ዓመት ዝርከቡ እዮም። እዚ ድማ እታ ኣህጉር ክንደየናይ ኣምራቲ ሃፍቲ ሰብ በዚ ለበዳ እናሰኣነት ከም ዝኾነት ዘመላኽት እዩ።

መረዳእታ ሚኒስቴር ጥዕና ፌዴሪኢ ከምዘመላኽቶ ለበዳ ቫይረስ ኮሮና ናብ ሃገርና ካብ ዝኣትው ጀሚሩ እስካብ ዝስፋሕፋሐሉ እዋን ልዕሊ 2.46 ሚሊየን ንዝኾኑ ሰባት ምርመራ ላብራቶሪ እቲ ቫይረስ ዝተገበረሎም እንትኸውን ልዕሊ 232 ሽሕ ዝኾኑ እቲ ቫይረስ ተረኺብዎም እዩ። ዓበይቲ ሰብ ውዕለታ ሃገርን ምሁራትን ሓዊሱ ልዕሊ 3 ሽሕ 200 ሰባት ህይወቶም ስኢኖም እዮም። ስርጭት እቲ ቫይረስ ሐዚ'ውን እናወሰኸ 'ምበር እናነከየ ኣይኮነን። ብፍላይ ቑፅሪ ኣብ ፅኑዕ ሕማም ዝርከቡ ካብ ኻሊእ እዋን ንላዕሊ እናወሰኸ ይርከብ።

ካብ ሚኒስቴር ጥዕና ዝወፁ መረዳእታታት ከምዝሕብርዎ በብእዋኑ ብቫይረስ ኮሮና ተታሒዞም ናብ ሕክምና ዝኣትዉ ሕሙማት ካብ መንጎኦም ልዕሊ 900 ዝኾኑ ኣብ ውሽጢ ፅኑዕ ሕሙማት ሕክምና ዝርከቡ እንትኸውን፤ካብዚኣቶም ድማ ካብ 40 እስካብ 45 ዝኾኑ ኣርተፊሻል መሳርሒ መተንፈሲ ዝጥቀሙ እዮም። ካብ መንጎ ኣብ ፅኑዕ ክፍሊ ሕክምና ዝርከቡ ድማ 59 ሚኢታዊ ዝኾኑ ህይወቶም ከምዝሓለፈ እቲ መረዳእታ ይሕብር።

ኣብዚ ሐዚ እዋን ንዝርኣይ ፀገም ከም ዋና ምኽንያት እቲ ፀገም ካብ መንጎ ዝጥቀሱ ኣብ ውሽጢ እቲ ሕብረተሰብ እናተስተውዓለ ዘሎ ፀገም ዓብዪ ምዝንጋዕን እቲ ሕማም ጠፊኡ እዩ፤ወይ ድማ እቲ ሕማም ኣባይን ኣብ ስድራይን ከምኡ 'ውን ኣብ ማሕበረሰብ ልዑል ጉድኣት ከብፅሕ ይኽእል ኢልካ ካብዘይምርዳእን ሕድሕድ ኣካል ትፅቢት ዝግበረሉ ግደ ብዘይምውፅኡ ከምዝኾነ ጥርጥር የብሉን።

ሐዚ እናተርኣየ ዘሎ ሸለልተኝነት ብፍላይ ርሕቐት ዘይምሕላውን ኣገደድቲ ናይ ምክልኻል ስጉምትታት ዘይምትግባር ኣብ ትካላት ሃይማኖት፣ትራንስፖርት፣ግልጋሎት ወሃብቲ ተሸከርከርትን ኣብ መዘናግዒ ቦታታት ብስፍሓት ዝርኣይ እዩ። ፈፀምቲ ኣካላት መንግስቲ፣ግልጋሎት ወሃብቲ ትካላት፣ስርዓት መከላኸሊ ሸለል እናበሉ ከም ዝርከቡ እናስተስተውዓለ ይርከብ። ትካላት ሚድያ 'ውን ብዝግባእ ግንዛበ ኣብ ምፍጣርን ምንቕቓሕን ስርሖም ዘንጊዖም እዮም ምባል ይከኣል።

ሚኒስትር ጥዕና ዶክተር ሊያ ታደሰ ኣብ ቐረባ እዋን ንግልጋሎት ዜና ኢትዮጵያ ኣብ ዝሃብኦ መብራህርሂ «ላዕለዎት ሰበስልጣን መንግስቲ ቫይረስ ኮሮና ንምክልኻል ዘርኣይዎ ሸለልተኝነት ዘተሓሳስብ እዩ» ክብላ ገሊፀን። እተን ሚኒስትር ከምዝገለፀኦ ስርጭት እቲ ቫይረስ ንምክልኻል ኣርኣያ ምዃን ዝግበኦም ሓደ ሓደ ሰበ ስልጣን መንግስቲ ከምዘይጥንቀቑ ኣብ ዝተፈላለዩ መድረኻት ተራእዩ እዩ። እዞም ነቲ ሕብረተሰብ ኣርኣያ ክኾኑ እዮም ዝተብሃሉ ዓበይቲ ሰበ ስልጣናት ሓዊሱ ኻልኦት ኣመራርሓታት መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን ማስክ ከይገበሩ ምንቅስቓስን ሕግታት እንትጠሓሱ ጠጠው ኢልካ ናይ ዘይምስትውዓልን ሸለል ናይ ምባል ከምዝርኣይ እተን ሚኒስትር ገሊፀን።

በዓል ብዙሕ...7

ወጋሕታ ዜና

# ዕድል ቱሪዝም ንምጥቃም ንጥዕና ቱሪዝም ትኹረት ክውሃብ ይግባእ ተባሂሉ

## • ንማእኸል ጥዕና ሮሃ እምነ ኩርናዕ ተቐሚጡ

**መሰረት ገ/ዮሃንስ**



ኣዲስ ኣበባ፡-ኢትዮጵያ ካብ ዘለዉዋ ብዙሓት መስሕብ ቱሪስት ብተወሳኺ ናይ ብዙሓት ዲፕሎማሰኛታትን ዓለም ለኸ ትካላት መቐመጢት ምዃና ዝፈጠረላ ዕድል ቱረዝም ብኣግባብ ንምጥቃም ንጥዕና ቱሪዝም ትኹረት ከትህብ ከምዝግባእ ተገሊፁ፡፡ ካብ ስግኣት ቱሪስትታት እቲ ሓደ እኹል ዝኾነ ግልጋሎት ሕክምና ዘይምህላዉ እዩ፡፡

ቐዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣብይ ኣሕመድ ኣብ እዋን ምቕማጥ እምነ ኩርናዕ፣ብዘፈር ቱሪዝም ሰፋሕቲ ስራሕቲ እናሰራሕና እንተኾነ'ውን ካብ ስግኣት ቱሪስትታት እቲ ሓደ እኹል ዝኾነ ግልጋሎት ሕክምና ዘይምህላዉ ከምዝኾነ ኣፍሊጦም፡፡

እቶም ቐዳማይ ሚኒስትር ኣብ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ብልዕሊ ብር 12 ቢሊየን ወፃኢ ክህነፅ ዝተተለመ ማእኸል ጥዕና ሮሃ እምነ ኩርናዕ ኣብ ዘቐመጥሉ እዋን ከምዝገለፅዎ፣ብዘፈር ቱሪዝም ሰፋሕቲ ስራሕቲ እናሰራሕና እንተኾነ'ውን እቲ ሓደ ስግኣት እኹል ዝኾነ ሕክምና ማእኸል ዘይምህላዩ እዩ፡፡እዚ ፀገም ስዒርካ ንምውጻእ ተወሳኺ ዘመናዊ ሆስፒታላት ምህናፅ ምስራሕ የድሊ፡፡

ከተማና ብጣዕሚ ሰፊሕ ህዝቢ እዩ ዘለዋ ፤ ፀባይ ኣየራ ዝምቸው ፣ኣብዚ ቐጠና ዝሓሸት መንገዲ ኣየር ዘለዋ ፣ ከምኡ'ውን መዘናግዒ ዝኾኑ ብዙሓት ቦታታት እናሰርሐት እያ ዝበሉ እቶም ቐዳማይ ሚኒስትር ፣ምስ እዚ ጎኒ ንጎኒ ተወሳኺ ሆስፒታላት ከምዘድልዩ ኣፍሊጦም እዮም፡፡

ብርክት ዝበሉ ዜጋታት ሃገራት ኣፍሪካ ናብ ኢትዮጵያ መፂኦም ሕክምና ምግባር ከምዝደልዩ ዘመልከቱ እቶም ቐዳማይ ሚኒስትር ፣ትካል ሕክምና ጥራሕ እንተይኾነስ ቱሪስት መባፅሒ ሕፀረት ድልየቶም ንምምላእ ኣይካኣልናን ኢሎም፡፡

ሆስፒታላት መንግስቲ ብርኪ ምምሕያሽ ፣ምፅራይ ፣ዓቕሞም ክብ ንክብል ምግባር ስራሕ እናተሰርሐ ከምዝኾነ ዘመልከቱ እቶም ቐዳማይ ሚኒስትር ፣ብርክት ዝበሉ ባዓል ሞያ ጥዕና ካብ ላዕለዎት ትካል ትምህርቲ እናተመረቑ እዮም፤ተወሳኺ ትካላት ምህናፅ ተዘይተኺኢሉ ዝምረቑ ዜጋታት ስራሕ ንምርካብ ክፅገሙ እዮም፡፡እዚ ፀገም ንምፍታሕ ኣብ ቐፃሊ ትኹረት ተዋሂብዎ ከምዝስራሕ ኣመልኪቶም እዮም፡፡

ኣብ ኢትዮጵያ ፕሮጀክት ናይ ምውዳእ'ምበር ናይ ምጅማር ፀገም ከምዘየለ ዝጠቐሱ እቶም ቐዳማይ ሚኒስትር ፣ፕሮጀክት ማእኸል ሕክምና ሮሃ ብትኹረት ከምዝከታታልዎ በምግላፅ ናይቲ ፕሮጀክት ሓለፍቲ'ውን ህንፀቱ ብዝተብሃለ እዋን ንምውዳእ ምስራሕ ከምዝግበኦም ኣመልኪቶም እዮም፡፡

ምክትል ከንቲባ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ወይዘሮ ኣዳነች ኣቤቤ ብወገነን፣ጥዕንኡ ዝተሓለወ ሕብረተሰብ ንምህናፅ ትካላት ጥዕና ብዝሰልጠነ ሓይሊ ሰብን ናውትን ካብ ምምላእ ንላዕሊ ዓለም ለኸ ብርኪ ዝሓለወ ሆስፒታላት ምህናፅን ኣብ ግልጋሎት ንክውዕሉ ምግባር ንፅባሕ ዘይባሃል ስራሕ ምዃኑ ኣመልኪተን እየን፡፡

ኢትዮጵያ ካብ ዘለዉዋ ብዙሓት መስሕብ ቱሪስት ብተወሳኺ ናይ ብዙሕ ድፕሎማትን ዓለም ለኸ ትካላት መቐመጢት ምዃና ዝፈጠረላ ዕድል ቱሪዝም ብኣግባቡ ንምጥቃም ንጥዕና ቱሪዝም ትኹረት ብምሃብ ክትንቀሳቀስ ከምዝግባእ ገሊፀን እየን፡፡

ማእኸል ሕክምና ሮሃ ኣብ ውሽጡ ሓሙሽተ ዓበይቲ ሆስፒታላት ዝሓዘን ኮሌጅ ሕክምና ዘለዎ ብምዃኑ ብቑዓት ባዓል ሞያታት ሕክምና ብምፍራይ ንኻልኦት ትካላት ሕክምና ሓጋዚ ኾይኑ ከግልግል እዩ ዝበላ እተን ምክትል ከንቲባ፣ሃገርና ዜጋታታ ንሕክምና ናብ ወፃኢ ብምልኣኽ ዝተውፅኦ ሸርፊ ወፃኢ ዘቕርን በዚ ወገን ዘሎ ፅዕንቶ ንምቅላል ዓብይ ግደ ከምዘለዎ ኣፍሊጠን እየን፡፡

እዚ ማእኸል ሕክምና ዓለምለኸ ብርኪ ዝሓለወ እንተኾነ'ውን ካብ ሃፍታም ክሳብ ድኻ ግልጋሎት ዝደሊ ኹሉ ክሕከም ዘኽእሎ ኣሰራርሓ ንክህልዎ ክግበር እዩ፡፡

ኣዲስ ኣበባ ማእኸል ቱሪዝም ጥዕና ናይ ምዃን ሕልማ ንክተሳኽዕ ከም ሮሃ ዝበሉ ተወሰኽቲ ማእኸል ሕክምና ንክህልዋ ጠንኪርና ምስራሕና ክቕፅል ኢና፤ተመሳሳሊ ኢንቨስትመንት ንምስታፍ ድልየት ዘለዎም ሰብ ሃፍቲ ነበረታትዕ ኢና ኢለን ፡፡

ማእኸል ሕክምና ሮሃ 1ሽሕ 100 ዓራታት ዝሓዙ ሓሙሽተ ዘመናዊ ሆስፒታላት ዘካተተ ፤ኣብ ዓመት ልዕሊ 100ሽሕ ዝኾኑ ተሓከምቲ ፅሬት ዘለዎ ሕክምና ዝህብ ፤ካብቶም ዓራታት 10 ሚኢታዊ ዝኾኑ ካብ ሪፈራል ሆስፒታላት መንግስቲ ንዝመፁ ተሓከምቲ ግልጋሎት ዝህብ ከምዝኾኑ ተገሊፁ እዩ፡፡እቲ ማእኸል ሕክምና ኣብ ሓሙሽተ ዓመታት ውሽጢ ንምውዳእ ዝተተለመ እንትኸውን ህንፀቱ ክውዳእ ኸሎ ልዕሊ 5ሽሕ ንዝኾኑ ዜጋታት ዕድል ስራሕ ከምዝፈጥር ተገሊፁ ኣሎ፡፡

# ‹‹ብናተይ እምነት ግድብ ህዳሰ መለለዪ ኢትዮጵያ እዩ››

## ኣክቲቪስትን ጋዜጠኛን መሓመድ ኣልኣሩሲ

**ትርሓስ ፍቃዱ**



ኣዲስ ኣበባ፡- ብናተይ እምነት ግድብ ህዳሰ መለለዪ ኢትዮጵያ እዩ ክብል ኣክቲቪስትን ጋዜጠኛን ኣይተ መሓመድ ኣልኣሩሲ ተዛሪቡ፡፡ኣብ ዙርያ ግድብ ህዳሰ ህዝቢ ኣዝዩ ልዑል ዝበሃል ድጋፍ ከምዝገበረሉን በዚ ድማ ከምዝተሓበነን ገሊፁ፡፡

ኣይተ መሓመድ ኣልኣሩሲ ምስ ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ኣብ ዝገበሮ ቃለ መሕትት ከም ዝበሎ፣ ብኣውሩኡ ዘሐጉሰኒ ድማ ካብ ህዝቢ ኢትዮጵያ ዝረኸብክዎ ፍቕሪ እዩ ፤ካብ ሕድሕድ ሰብ ዝረኸቦ ፍቕርን ኽበሬታን ኣግራሞት ፈጢሩለይ እዩ ፡፡ንግድብ ህዳሰ ጠጠው ብምባሉ ዝያዳ ሕጉስ ከምዝገበሮን፤ ዓብዪ ግድብ ህዳሰ ናይዚ ወለዶ ዓሻራ እዩ ክብል ተዛሪቡ፡፡

‹‹ዓብዪ ፕሮጀክት እናሰራሕና ግን ድማ ኻሊእ ኣካል ዘይንጎድኣሉ ብምዃኑ ዝያዳ የኹረዐኒ››፡፡በዚ መንፅር ኢትዮጵያውያን ንዝሃቡኒ ኽብሪ ልዑል ምስጋና ከቕርብ ይፎቱ ኢሉ፡፡እቲ ኣክቲቪስትን ጋዜጠኛን ከም ዝበሎ ብዙሓት ሰባት ከዘራርብ ከለኹ ብዙሕ ናይ ናብራ ፀገም እናሃለዎም ብዛዕባ ሃገሮም ክጭነቑን ሙሉእ ትኹረቶም ንሃገሮም ክህቡን ኣስተውዒለ እየ ኢሉ፡፡

‹‹ህዝቢ ኢትዮጵያ ብዙሕ ፀገም እናሃለዎ ብዛዕባ ሃገሩ እንትልዓል ናይ ባዕሉ ረሲዑ ንሃገሩ ክጭነቕ ይጅምር፡፡እዚ እዩ ዝበለፀ ክጥንክርን ክበረታታዕን ዝገበረኒ›› ኢሉ፡፡ኣብ ሕድሕድ ባዓል ስልጣንን ኢትዮጵያውን እዚ ፍቕሪ ሪአ እየ ክብል ወሲኹ ገሊፁ፡፡

‹‹ፍቕሪ ሃገር ክብልፁን፤ልዕሊ ኹሉ ክሓስቡ ብምርኣየይ ተበረታቲዐ እየ››፡፡ስለ ዝኾነ ድማ ልዕሊ እዚ ድጋፍ ኣሎ ኢለ ኣይኣምንን፤ካብዚ ብተወሳኺ ድማ ኹልና ኢትዮጵያውያን ሐዚ'ውን ኣብ ልምዓት ክንቕፅል ኣለና ክብል›› ሓቢሩ፡፡

ሃገርና ኣብ ምድጋፍ፣ንሃገርና ጠጠው ምባልን ምስራሕን ይግበአና ድሕሪ ምባሉ፣ ኹላትና ንዕብየት ሃገርና ናይ ባዕልና ዓሻራ ክነዕርፍ ክንክእል ኣለና ኢሉ፡፡

እቲ ኣክቲቪስት ከምዝበሎ ንዝገበርኩምለይ ድጋፍ ኣዝየ የመስግን ምስ በለ፤ ኹሉኹም ኢትዮጵያውያን ይኾርዐልኩም እየ ኢሉ፡፡እቲ ዘለና ፍቕሪ ድማ ብተግባር ክንገልፅን ብሓባር ብምስራሕ፣ብሕብረት ጠጠው ብምባል፣ብሓባር ብምስጓምን ፅቡቕ ዘይኮነ ነገር ብምዕራይ፤እቲ ፅቡቕ ድማ እናሐየልና ብሓባር ንቕድሚት ክንስጉም ኣለና ክብል ተዛሪቡ፡፡

ዓብዪ ፅዕንቶ ብወገን ግብፅን ሱዳንን እናተገበረ እዩ፣ብዝረኸበኦ ኣጋጣሚ ፅዕንቶ ንምፍጣርን እዚ ፕሮጀክት ንኸይዛዘም ዘይገብርኦ የለን፤እዚ ፍሉጥ እዩ ምስበለ፤ኢትዮጵያ ግና ቕድሚ ሐዚ'ውን ወረርቲ ኣዋሪዳ ከም ዘባረረቶምን ሐዚ'ውን እቲ ዝበፅሓ ዘሎ ፅዕንቶ ስዒራ ናብ እትደልዮ ልምዓት ክትበፅሕ እያ ዝብል እምነት ኣለኒ ክብል ገሊፁ፡፡

ናይዘን ሃገራት መንግስታት ዝገብርዎ ፅዕንቶ እንተሃለወ'ውን ኣብ መንጎ ህዝብታት ሰለስቲአን ሃገራት ዘሎ ርክብ ግና ፅቡቕ እዩ ድሕሪ ምባሉ፤ ብምዃኑ ድማ ንሕና ክንሰርሖ ዝግባእና ነዚ ብምጥንኻር ናብ ምርድዳእ እንትንኣቱ ዝበለፀ ከምዝኾነን፤ይኹን'ምበር ኣፍቲ ጎደቦ ዘይምርግጋዕ ክፍጠርን፣ረብሻ ዝደልዩ ኣካላት ከምዘለዉን ነዚኣቶም ድማ ግቡእ ምላሽ ክንህቦም ከምዝግባእን፤ ኣድላዪ ምንቅስቓስ ክንገብር ይግበአና ክብል ኣብሪሁ፡፡

# ኩነታት ፀጥታ ክልል ትግራይ ንምምሕያሽ ማሕበረሰብ ዘሳተፈ ስራሕ እናተሰርሐ እዩ

**መሰረት ገ/ዮሃንስ**

መቐለ፣ኣብ ክልል ትግራይ ዘሎ ኩነታት ፀጥታ ንምምሕያሽ ሕብረተሰብ መሰረት ዝገበሩ ስራሕቲ እናተሰርሑ ምዃኖም ግዝያዊ ምምሕዳር እቲ ክልል ኣፍሊጡ፡፡

እቲ ግዝያዊ ምምሕዳር ኣብ ዝሓለፈ ሰለስተ ኣዋርሕ ኣብቲ ክልል ዝተሰርሑ ስራሕቲ ፀጥታ ግምጋም ኣመልኪቶም ኣብ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ምኽትል ዋና ስራሕ ፈፃምን ሓላፊ ምምሕዳር ቢሮ ፀጥታ ኮሚሽነር ግርማይ ካሕሳይ ንግልጋሎት ዜና ኢትዮጵያ(ግዜኢ) ከምዝገለፅዎ ፣ስራሕቲ ፀጥታ ንምምሕያሽ እቲ ማሕበረሰብ ባዓልዋና ምግባር ኣድላይ እዩ፡፡

‹‹ኣብቲ ክልል ዘሎ ኩነታት ፀጥታ እናተማሓየሸ እዩ›› ዝበሉ እቶም ኮምሽነር ኣብ ዝሓለፉ ሰለስተ ኣዋርሕ ኣብ ከተማ ዝነበረ ሓይሊ ፖሊስ 42 ሚኢታዊ ከምኡ'ውን ኣብ ቤት ህንፀት ዝነበሩ 58 ሚኢታዊ ናብ ስራሕ ከምዝኣተዉ ተዛሪቦም እዮም፡፡

ፀጥታ ኣብ ዘለዎም ከባብታት ናይ ማሕበረሰብ ፖሊስ ንክውደቡ እናተገበረ ከምዝኾነ ኮምሽነር ግርማይ ጠቒሶም፣ንኣብነት እውን ኣብ ከተማ መቐለ ፣ማይጨዉ ፣ ዓዲግራትን ኣኽሱምን መናእሰይ ንክውደቡ ብምግባር ከባቢኦም ንክሕልዉ እናተገበረ ምዃኑ ኣረዲኦም እዮም፡፡

ተወካሊ ኣዛዚ ፖሊስ ዞባ ደቡብ ምብራቕ ኮማንደር ሃፍቱ ገብረመስቀል፣ ክሳብ ኸዚ ኣብቲ ዞባ ዝነበሩ 500 ዝኣኽሉ ኣባላት ፖሊስ 227 ናብ ስራሕ ንክምለሱ ከምዝተገበረን በቢጣብይኡ ሕብረተሰብ ብምስታፍ ከባቢኡ ንክሕሉ እናተገበረ ከምዝኾነ ገሊፆም ፡፡

ክሳብ ኸዚ ኣብቲ ወረዳ ዝተፈፀመ ገበንን ሓደጋ ትራፊክን ስራሕ ምፅራይ እናተኻየደ ከምዝኾነ ኮማንደር ሃፍቱ ጠቒሶም ኣብ እንደርታ ወረዳን ከተማ ዓዲጉዶም ምውዳብ ማሕበረሰብ ፖሊስ ስራሕ ከምዝጀመረ ኣረዲኦም እዮም፡፡

ኣባል ኮማንድ ፖስት ዞባ ምብራቕ ኮማንደር ብርሃነ ቢሆን ብወገኖም ፤ኣብቲ ዞባ ውሽጢ ዝርከቡ 18 ወረዳታት ካብ ዝነበሩ 936 ኣባላት ፖሊስ እቶም 357 ናብ ስራሕ ብምእታውን ምስቲ ሕብረተሰብ ብምትሕብባር ኩነታት ፀጥታ እናሓለዉ ከምዝኾኑ ተዛሪቦም እዮም፡፡ክሳብ ኸዚ ኣብ ዓዲግራትን ጋንታ ኣፈሹም ወረዳ ዝሓሸ ፀጥታ ስራሕ ከምዝተሰርሐ ኣረዲኦም እዮም፡፡

ንኽልተ መዓልቲ ኣብ ዝተኻየደ ገምጋም ዞባታት ደቡባዊ፣ምብራቃዊ ፣ደቡብ ምብራቕን ማእኸላይ ከምኡ'ውን ከተማ መቐለ ሓዊሱ ኣካላት ፀጥታ ዝተሳተፉ እንትኸውን ንሰለስተ ኣዋርሕ ዝፀንሕ ሓበራዊ ትልሚ ምውፆኦም ንምፍላጥ ተኻኢሉ እዩ፡፡

## ዕዱም ጋሻ

# ‹‹ኩሳትና ንሃገርና ነናይ ባዕልና ዓሻራ ክነዕርፍ ክንክእል ኣለና››

## ኣክቲቪስትን ጋዜጠኛን መሓመድ ኣልኣሩሲ

ትርሓስ ፍቓዱ

ኣብ ስዑድ ዓረብያ ከተማ መካ ተወሊዱ ዓብዩ። ናይ መጀመሪያ ዲግሪኡ ብቋንቋን ስነፅሑፍን ዝሓዘ እንትኸውን ኢትዮጵያውያን ወለዱ ገና ካብ ቑልዕነቱ ጀሚሮም ብዛዕባ እታ መዳሕንቶም ዝተቐበረትላ ሃገሮምን ህዝባን እናነገርዎን እናምሃርዎን እዮም ኣዕብዮሞ። ብፍላይ ድማ ብዛዕባ እቲ ዘኹርዕ ታሪኻ፣ዘይውዳእ ሃፍቲ ባህልን፣ንዓይንኻ ዝማርኽ መልክዓ ምድሪን ከምኡውን ብዛዕባ ፀባይ ኣየር ሃገረ ኢትዮጵያ ፈሊጡ ንኽዓቢ ገይሮሞ እዮም። እዚ ኣዝዩ መፍቀሪ ህዝቡን ሃገሩን፤ ጥቕሚ ሃገሩ ንምሕዳግ ዝደልዩን ንውልቀ ጥቕሞም ክብሉ ሃገር ንምንጋፅ ዝሃርፉ ኣካላት ምክልኻል ካብ ዝጅምር ፀኒሑ እዩ። ብፍላይ ምስ ዓብዪ ግድብ ህዳሰ ተተሓሒዙ ግብፅን ሱዳንን ከምኡ‘ውን ኻልኦት ሃገራት ዓረብ ዝገብርኦ ፅዕንቶ ንምክልኻል ብናይ ባዕሉ ስምዒት ፍቕሪ ሃገር ኣምባሳደር ብምዃን ልዑል ኣፍልጦ ረኺቡ እዩ። ኣብ ዓለምለኸ ሚዲያታት እናቐረበ ብምሙጋት ኣፍ ብዙሓት ኸዲኑ እዩ። ካብ ሰብ ሞያ ዘይንእስ ፍልጠት ሒዙ ብምቕራብ ብተፃራሪ ኣንፈት ጠጠው ንዝበሉ ኣካላት ሞጊትዎም እዩ።

ብዘለዎ ዓቕሚ ንዝተኸፈተ ወፍሪ ተቓሊስዎ እዩ። ምምፃእ እቲ ለውጢ ስዒቡ ናብ ሃገሩ ብምምፃእ ምስ ከይፈለጦም ዝናፈቖምን ብፍቕሪ ዝተማረኽሉም ወገናቱን ተፀምቢሩ ይርከብ። ሉሚ‘ውን ጥቕሚ ሃገሩ ንምሕላው ለይትን ቀትርን እናፀዓረ ይርከብ፤እዚ መንእሰይ ዝበለፀ ሃገሩን ህዝቡን ንምግልጋል ክብል ኣብ መረፃ ሉም ዘበን ንምስታፍ ሕፁይ ፓርቲ ብልፅግና ኮይኑ ቀሪቡ ኣሉ። ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ምስ ፈታዊ ዓዱ መንእሰይ ኣክቲቪስትን ጋዜጠኛን ኣይተ መሐመድ ኣልኣሩሲ ኣብ ዝተፈላለዩ ሃገራዊ ጉዳያት ፃንሒት ገይርና፤ከምዝስዕብ ኣቕሪብናዮ ኣለና።


ፎቶ:- እዮብ ተፈራ

**ሕቶ፡-ኣብ ወፃኢ ሃገር ተወሊድኻ ዓቢኻ እናሃለኻ ንዘይትፈልጣን ንዘይዓበኻላን ሃገርካ፤ንጥቕማ ዋርድያ ክትኮነላ ዝገበረካ ምኽንያት እንታይ እዩ?ብድሕሪት እዚ ኩሉ ዘሎ ሓቂ እንታይ እዩ?**

**ኣይተ መሐመድ ኣልኣሩሲ፡-**ከምዚ ዓይነት ሕቶ ምምላስ ኸቢድ እዩ?ከምቲ ንስኺ ዝበልክኒ ብዙሓት ሰባት ንዘይዓበኻላን ንዘይትፈልጣን ሃገር ንምንታይን ኢኻ ዋጋ ትኸፍል?ዝብል ሕቶ የቕርቡለይ እዮም። ብናተይ እምነት፤ ንዝኣምነሉ ነገርን ናተይ ንዝብሎ ነገርን እየ ዝነብር። ዝሕግዝን ዝከራኸርን ንዝኣምነሉን ናተይ ንዝብሎ ጉዳይን እዩ። ዝተወለድሉን ዝዓበናሉን ኣብ ኻሊእ እንተኾነ’ውን ኣቦታትና እንተዕብዩና ‹‹መምለሲትኩም ሃገርኩም ኢትዮጵያ እያ፤መወዳእታኹም እሳ እያ›› ይብሉና ነይሮም። ኣብ ኻሊእ ሃገር ተወሊድኹም እንተዓበኹም’ውን ናይ ኣቦታትኩም ሃገር ኢትዮጵያ ከምዝኾነት ክትርስዑ የብልኩምን እናበሉ የምህሩና ነይሮም። ንዓይ እቲ ዋና ምኽንያተይ እዚ እዩ። ነዚ እዩ ድማ ኣነ ኾንኩ ኻልኦት ኣብ ወፃኢ ሃገር ዝዓበና ሰባት ሃገርና ኢትዮጵያ ዋላ ሓንቲ በደል ንኸይበፅሓ ክንዲ ዝኸኣልናዮ እንከላኸል። ኣብ ሙሉእ እምነትን ሓቕን ተደሪኽና ንሃገርና ጠጠው ክንብል ኢና። ብሓፈሻ እዚ ክንገብር ዝኸኣልናሉ ምኽንያት ድማ ስድራና ብስምዒት ፍቕሪ ሃገር ስለዘዕበዩና እዩ።

ምስዚ ኣተሓሒዘ ከዛረቦ ዝደልዮ ነገር ኣብ ወፃኢ ሃገር ከለና ብዛዕባ ሃገርና እንሰምዖም ብዙሓት ዘኹርዑን ዘሐጉሱን ነገራት ንሰምዕ ነይርና። ካብኣቶም ሓደ ታሪኻዊትን ንዓለም ብዙሕ ነገር ዘበርከተት ሃገር ምዃና እዩ። እቲ ብጣዕሚ ዘኹረዐኒን ዝሰምዖ ዝነበርኩ ሃገርና ብባዕዳውያን ዘይተገዝአት ምዃና እዩ። ኩለን ሃገራት ኣፍሪካ እንትውረራ ህዝባ ዝነበሮም ወነን ጀግንነትን ከምኡውን ሃገሮም ካብ ባዕዳውያን ገዛእቲ ከይትወድቕ ዝገበርዎ ዘኹርዕ ታሪኽ ብጣዕሚ የሐብነኒ። ካብዚ ብተወሳኺ ድማ ሙስሊም ኣብ ዓለም ሃይማኖቶም ከካይዱ ተሰዲዶም ዝመፁላ ፈላመይቲ ሃገር ኢትዮጵያ እያ፤ጋሻ ዘይመለሰት ፤ሃይማኖቶም ክትግብሩ ዝገበረትን ንሃይማኖት ናፅነት ዝሃበት ሃገር ምዃና ንባዕሉ ዓብይ ኩርዓት እዩ። ነብዩ መሓመድ ንሰዓብቶም ኢትዮጵያ ማንም ዘይብደለላ ሃገር ከምዝኾነት መስኪሮምላ እዮም። እዚ ክሰምዕ ከለኹ ዓብይ ኩርዓት እዩ ዝስመዐኒ። ብምዃኑ ድማ ከምዚ ዝበለ ታሪኽ ዘለዋ ሃገር ስለዘላትኒ ዓብይ ታሕጓስ ይስመዐኒ።

ምስዚ ኣተሓሒዘ ከልዕሎ ዝደልዮ ኻሊእ ዛዕባ፤ ኣብ ስዑድ ዓረብያ ምስ ዝተፈላለየ ዜግነት ዘለዎም ሰባት ምስ ምንባረይ ኩሉ ንሃገሩ ኣልዕል ኣቢሉ ክርእይ ይደልይ እዩ። ካብ ዓለም ቐዳማይ እናገበረ ከቕርብ ይርእይ። ኣንሕና ድማ ናብ ገዛና እንትንምለስ ስድራ ቤትና ኩሉ ግዘ ብዛዕባ ሃገርናን፣ዝዓበይሉ ኸባብን ብዛዕባ ኣዲስ ኣበባን ካልኦት ኸባብታትን ኣቀማምጣ መልከኣ ምድርን ናይቲ ህዝቢ ማሕበራዊ መነባብሮን ተኸኣኢሉ ምንባሩን፤ኩሎም ብሃይማኖትን በብእምነቶምን ብሰላም ፈጣሪኦም ምምላኽ ከምዝኽእሉን፤ናይ ፍቕሪ ሃገር ከምዝኾነትን ይነግሩና ነይሮም። ኣብ ደገ እንትንወፅእ ግና ሓደሓደ ሰባት ንሃገርና ክናእሱ ነስተውዕል ኢና። ኢትዮጵያ ንናብራ ከምዘይትጥዕምን ፅብቕቲ ከምዘይኮነትን ገይሮም ይስእልዋ። ይኹን ምበር ስድራ ቤትና ምስዚ ዝፃረር ስለዝነግሩና ከም ካልኦት ሃገራት ፅቡቕ ነገር ከምዘለዋን፤ ሕማቕ ጎኒ’ውን ክህልዋ ከምዝኽእል ኢልና ንኽንኣምን ገይሩና እዩ። ልዕሊ ኩሉ ግና ብናፅነትን ብፍቕርን ዝንበረላ ሃገር ከምዝኾነት እናነገሩ ስለዘዕበዩና ካብ ብቑልዕነትና ጀሚርና ንሃገርና ንከራኸርን ንሟገትን ኢና ነይርና።

**ሕቶ፡-ብመንፅር እዚ ንኢትዮጵያ ብኸመይ ትገልፃ?**

**ኣይተ መሓመድ ኣልኣሩሲ፡-** ሓቂ ዘረባ ንኢትዮጵያ ምግላፅ ኸቢድ እዩ። ብቓላት ይኹን ብብርዐይ ንኽገልፃ ይፅገም እየ። ዓባይን ልዑል ቑፅሪ ህዝቢ ዘለዋ ሃገር እያ። ናይ ምምዕባል ዕድል ዘለዋ ሃገር እያ። ኢትዮጵያ ማንም ሰብ ክልወጥ እንተደልዩ ዝልወጠላ ሃገር እያ። ብሓፈሻ ኣብ ዓለም ካብ ዘለዋ ሃገራት ምቾውቲ ዝኾነት ሃገር ፀውዕ ተትብልኒ ኢትዮጵያ እያ። ብሓባር ተሓባቢርና እንተሰሪሕና ድማ ልዕሊ ኩሉ ብልፅቲ ክንገብራ ንኽእል ኢና። ናተይ ድሌት’ውን ካብ ዓለም ሃገራት ንናብራ ይኹን ንስራሕ ምቾውቲ ምግባር እዩ። ናይ ቐፃሊ ዕላማይ ሃገረይ ኩሉ ዝዘራረበላን ዝምስክረላን ምግባር እዩ።

**ሕቶ፡- ሓድነት ህዝብታታ ውፅኢቱ እንታይ እዩ ኢልካ ትኣምን?**

**ኣይተ መሓመድ ኣልኣሩሲ፡-**ኢትዮጵያ ካብ ኻልኦት ሃገራት ፍልይ ዘብላ ነገር እንተሃለወ ዝተፈላለዩ ብሄር ብሄረሰባት ብሓባር ዝነብሩላ ሃገር ምዃና እዩ። ኩሉ ነናይ ባዕሉ ቋንቋን ባህልን እናሃለዎ ተረዳዱኡ ብሓድነት ዝነብረላ ሃገር እያ። እዚ ነገር ከም ሓባራዊ ኩርዓትና ኢና ክንሪኦ ዝግበአና ዝብል እምነት ኣለኒ። ኩላትና ማዕረ ኢትዮጵያውያን ኢና። ናይ ሓደ ብሄር ኣካል ከም ውልቀ ሰብ እንትብድል ኩላትና ኢና ክነወግዞ ዝግበአና። ምኽንያቱ ድማ ናይቲ ብሄረሰብ ኣባል ስለዝኾነ ከይኾነስ ጥፍኣት ስለዘጥፈአ ጥራሕ። ብፍላይ ድማ ናቱ ብሄረሰብ ኣባላት ዝኾኑ እዮም ፈለማ ኣጥዕዮም ከውግዝዎ ዝግባእ። ኢትዮጵያ ሓንቲ ስለዝኾነት ጥፍኣት ከምጥፍኣት ኢና ንሪኦ። ካብዚ ስለዝመፀ ጥፍኣት እዩ፤ካፍቲ ስለዝመፀ ድማ ጥፍኣት ኣይኮነን ክንብል ኣይንኽእልን። ብሓደ ዓይኒ ኢና ንርኣይ። ኩሉ ብሽም ኢትዮጵያ እዩ ዝፅዋዕ። ናይ ሓደ ብሄር ኣባል ንኢትዮጵያ ዘኹርዕ ነገር እንተምፅእ ኩሉ እዩ ዝሕጎስ። ናይ ኸስቶ ብሄር እዩ ኣይንብልን። ከም ኢትዮጵያዊ እዩ ኩርዓት ዝስመዐና፡፤ኣነ ናብ ኢትዮጵያ እንትመፅእ ዋላ ሓደ ሰብ ዘርኣይ ወይ ብሄረይ ዝሓተተኒ የለን። ካበይ መፂኻ ዝበለኒ የለን። በዚ ድማ ዓብይ ኩርዓት እዩ ዝስመዐኒ። ብምዃኑ ድማ ኣብ መንጎ ኩሎም ብሄራት ማዕርነት ንኽህሉ፤ማንም ከይብደል ክነምህርን ክንሰርሕን እዩ ዝግበአና።

**ሕቶ፡-ንሃገርኻ ምስ ዝነበረካ ስእሲ እቲ ዝተፀበኻዮ ዶ ረኺብካዮ?**

**ኣይተ መሐመድ ኣልኣሩሲ፡-**ቕድም ኢለ ከምዝገለፅኩዎ ስድራ ቤተይ ብዛዕባ ሃገርና ኩሉ ነገር ኣፍሊጦም እዮም ኣዕብዮምና። ከም ኣብነት ክጠቕሰልኪ

> **ኢትዮጵያ ማንም ሰብ ክልወጥ እንተደልዩ ዝልወጠላ ሃገር እያ። ብሓፈሻ ኣብ ዓለም ካብ ዘለዋ ሃገራት ምቾውቲ ዝኾነት ሃገር ፀውዕ ተትብልኒ ኢትዮጵያ እያ። ብሓባር ተሓባቢርና እንተሰሪሕና ድማ ልዕሊ ኩሉ ብልፅቲ ክንገብራ ንኽእል ኢና። ናተይ ድሌት‘ውን ካብ ዓለም ሃገራት ንናብራ ይኹን ንስራሕ ምቾውቲ ምግባር እዩ።**

ኣፍቲ እንነብረሉ ሃገር ባህሊ ኢትዮጵያ ዘርእዩ ነገራት ምርካብ ኣዝዩ ኸቢድ እዩ። ቤት ምግቢ ኢትዮጵያ የለን። ይኹን’ምበር ስድራ ቤትና ባህልና ክንፈልጥ ምእንቲ ኣብ ገዛ ናይ ኢትዮጵያ ምግቢ እናሰርሑልና ካብ ካልኦት ዝፈልየና ነገር ክንርዳእ ይገብሩ ነይሮም። እዚ ድማ ዓብዩ ፍቕሪ ክህልወና ገይሩና እዩ። ብተወሳኺ ድማ ኣፍቲ ዓዲ ኩሎም ዜጋታት ሃገሮም ዘፋልጡሉ ዓበይቲ ዱካናት ነይሮሞም። እቲ ዘሕዝን ግና ንኢትዮጵያ ዘፋልጥ ኣይነበረን። በዚ ድማ ኣቦይ ይሓዝንን ይጠዓስን ነይሩ። ይኹን’ምበር ደሓር ብመንግስትን ብውልቀን እናረአና መፂእና። ኣብዘን ዱካናት ባህሊ ኢትዮጵያ ምርኣይ ተጀሚሩ፤እዚ ድማ ብጣዕሚ ዘሐጉስ እዩ።

ናፍቲ ሕቶ ክምለስ ከለኹ ኣብ ወፃኢ ከለኹ ብዛዕባ ልምዓት ኢትዮጵያ ይሰምዕ ነይረ። ኣብዚ ምስ መፃኹ ግና ልዕሊ ዝተፀበኽዎ እዩ ኾይኑኒ። ብጣዕሚ ቕልጡፍ ልምዓት እየ ሪአ። እዚ ድማ ኣዝየ ተስፋ ክገብር ገይሩኒ እዩ። ኢትዮጵያ ኣብ ኣፍሪካ ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብ ዓለም’ውን ዓብዪ ኢኮኖሚ ዘለዋ ሃገር ከምእትኸውን ክሓስብ ገይሩኒ እዩ።

እቲ ኻሊእ ስድራና ብዛዕባ ባህልን ታሪኽን ኢትዮጵያ ይነግሩና ነይሮም። ንኣብነት ፅልኢ እንተተፈጢሩ ሽማግለታትን ዓበይቲ ዓድን ብኸመይ ከምዝፈትሕዎ ክንሰምዕ ከለና ደስ ይብለናን የሐብነናን ነይሩ። እቲ ኻሊእ ዘኹረዐኒ ነገር ኣነ ንኣብነት ቋንቋ ኦሮምኛ ይዛረብየ። ይኹን’ምበር ዋላ ሓንቲ ሕማቕ ቃል ኣይፈልጥን። እዚ ድማ ክንደየናይ ብዛዕባ ሃገርና ፅቡቕ ነገር ከምዘሎ እዩ ዘርእየና። እዚ እዩ ዘሐጉሰና ዝነበረ። ብዝበለፀ ድማ ሃንቀውታ ይፈጥረለይ ነይሩ።

‹‹ኩሳትና ንሃገርና ነናይ...9

## ዕዱም ጋሻ

# ‹‹ሰላምን ምርግጋፅን ክህሉ ተሳትፎ ህዝቢ ወሳኒ እዩ››

-ኢንጅነር ግደይ ዘርኣፅዮን

መኣርግ ገ/ሄር

ኢንጅነር ግደይ ዘርኣፅዮን ይባሃሉ። ካብቶም መስረቲ ውድብ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ (ህወሓት) ሓደ እዮም። ካብ 1967 ክሳብ 1977 ዓ.ም ምስ ህወሓት ኮይኖም ዕጥቓዊ ቓልሲ ህዝቢ ትግራይ መሪሖም እዮም። ኮይኑ ግና ኣብ ከይዲ ናይ ሓሳብ ኣፋላላይ ስለ ዘጋጠሞም ካብቲ ውድብ ወፂኦም ኣብ ወፃኢ ሃገር ናብርኦም ገይሮም እናሃለዉ ትግራይ ዲሞክራስያዊ ፓርቲ (ትዴፓ) መስሪቶም ቓልሶም ብኻሊእ መገዲ ቀፂሎም እዮም። ድሕሪ ለውጢ ድማ ናብ ሃገሮም ተመሊሶም ኣብ ሰላማዊ ቃልሲ እናነጠፉ ይርከቡ። እምባኣርከስ ኢንጅነር ግደይ ምስ ዘለዎም ዕድመ ፀገብ ፖለቲካዊ ተሞክሮ ኣብ ሃገርና ዘሎ ወቅታዊ ፖለቲካዊ ኩነታት ብዝምልከት ሓሳቦም ከካፍሉና ኣብ ናይ ሎሚዓንቲ ሕታምና ዕዱም ጋሻ ገይርናዮም ኣለና። ሰናይ ንባብ።

**ወጋሕታ፡- ኣብ ጎኒ ህወሓት ብምስላፍ ኣንፃር ሰላም እናተዋግኡ ዝርከቡ ወገናት ዕጥቆም ብምርካብ ናብ ንቡር ሂወቶም ክምለሱ ብመንግስቲ ፃውዒት ተገይሩ ነይሩ፤ከምኡ "ውን ነዚ ፃውዒት ተግባራዊ ዝገበሩ ኣካላት ካብ ተሓታትነት ነፃ ከምዝኾኑ መንግስቲ ገሊፁ ነይሩ። ኮይኑ ግና ተግባራዊ ከይኮነ ተሪፉ እዩ። ኣብዚ ዘለዎም ርኢቶ ተዝገልፁልና።**

**ኢንጅነር ግደይ፡-** በቢከባቢኡ ዝርከቡ ደገፍቲ ህወሓት ክሳብ ሕዚ ዕጥቖም ዘየረከቡ ኣለዉ እዮም። ገሊኦም በረኻ ከይዶም እናተዋግኡ ዝርከቡ እንትኾኑ ገሊኦም ድማ ዋላ በረኻ ኣይኺዱ ብኣተሓሳስባ ምስ ህወሓት ዝሰለፉ እዮም። እዚኦም ፃውዒት መንግስቲ ተቐቢሎም ተግባራዊ ክገብሩ እዩ ዝግበኦም። ዝተዋህቦም ዕድል ክጥቀሙሉ ይግባእ። ምእንቲ እቲ ክልል ሰላም ኮይኑ ህዝቢ ናብ ንቡር ሂወቱ ክምለስ ዕጥቆም ብሰላም ኣረኪቦም ናብ ስሩዕ ሂወቶም ክምለሱ ኣለዎም። እንድሕር ከምዚ ኮይኑ ህዝቢ ሰላሙ ሓልዩ ናብ ልምዓት ገፁ ክገብር ይኽእል እዩ። ንህዝቢ ዝጠቅም ኩናት እንተይኮነስ ሰላምን ልምዓትን እዩ። ስለዚ እቲ ፃውዒት ብጣዕሚ ዝድገፍ ሓሳብ እዩ።

**ወጋሕታ፡- ቀዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣብይ ብሕጊ ዝድለዩ ኣካላት ህወሓት ብሰላማዊ መገዲ ኢዶም ክህቡ ብተደጋጋሚ ፃውዒት ከምዘቕረቡ ይዝከር እዩ። ኮይኑ ግና ክሳብ ሕዚ ተግባራዊ እናኾነ ኣይኮነን። ኣብዚ ዘለዎም ርኢቶስ?**

**ኢንጅነር ግደይ፡-** እቲ ፃውዒት ብጣዕሚ ፅቡቕ እዩ። መንግስቲ ከምዚ ዝበለ ዓይነት ዕድል ምሃቡ ዝምስገንን ዝናኣድን እዩ። ኮይኑ ግና ነዚ ፃውዒት እዚ ኣኽቢሮም ተግባራዊ ተዘይገይሮም መንግስቲ ስጉምቲ ካብ ምውሳድ ዝዕገስ ኣይኮነን። ንሰላምን ድሕንነትን ሃገርን ክብል ኣብ ዝወስዶ ስጉምቲ ብዙሕ ክሳራ ክስዕብ ስለዝኽእል እዞም ብወንጀል ዝድለዩ ኣካላት ዝተዋሕቦም ዕድል ኽጥቀምሉ ክኽእሉ ኣለዎም። ሃገር ተረጋጊዓ ናብ ሰላምን ልምዓትን ክትኣቱ እትኽእል ብሰላም ናብ ሕጊ ክቐርቡ እንተለዉ እዩ። እዚ ንባዕርሶምን ንህዝቦምን ዝጠቕም ብምኧኑ ዝተወሃቦም ዕድል ኽጥቀምሉ ይግባእ ዝብል ርኢቶ እዩ ዘለኒ።

**ወጋሕታ፡- ኣብ ትግራይ ሰላም ንኽሰፍን መንግስቲ ፌዴራል እንታይ ክገብር ኣለዎ ይብሉ?**

**ኢንጅነር ግደይ፡-** ኣብ ትግራይ ብዙሓት ክስርሑ ዝግበኦም ነገራት ኣለዉ እዮም። ቕድሚ ሕዚ ህወሓት ብዙሕ ካድረ ነይርዎ እዩ። ስለዚ ኣብዚኦም መንግስቲ ፌዴራል ብዕቱብ ክሰርሐሉ ይግባእ። ፖለቲካዊ ኣሳራርሕኡ ክፍትሽን ክስተኻኽልን ኣለዎ። ነዚ ዝሰብር ስራሕ ክሰርሕ ኣለዎ። ተዘይኮይኑ ኣብ ኩሉ ዓውደ ስራሕቲ ተሰግሲጎም ዘለዉ ኣካላት ዕላማ ህወሓት ዘሳኽዑ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ነዚ ንምስትኽኻል መንግስቲ ኣብ ትግራይ ዝርከቡ ኩሎም ተቓወምቲ ውድባት ከሳትፍ ክኽእል ኣለዎ። ኣብዚ ሕዚ ሰዓት ንሪኦ ዘለና ተነሓናሕቲ ውድባት ክሳተፉ ኣብ ምግባር ጉድለታት ኣለዉ እዮም። እዚ ኣጋጢሙ ዘሎ ፀገም ብልፅግና በይኑ ክፈትሖ ኣይኽእልን። ኣሳታፋይነቱ ከስተኻኽል ኣለዎ። ምኽንያቱ ከምትንሪኦ ዘለና ኣብቲ ክልል ዘሎ ሕልኽላኻት ንኽፍታሕ ተሳትፎ ህዝቢን ተነሓናሕቲ ውድባት ኣድላይ እዩ።



ህዝቢ ትግራይ ንባዕሉ ክምርምር ክኽእል ኣለዎ። ንምንታይ ኢና ናብዚ ፀገም እዚ ወዲቕና ኢሉ ክምርምር ይግበኦ። ኣብዚ ሕዚ እዋን ህዝቢ ትግራይ ብወረ ጥራሕ እናተዳናገረ ክነብር የብሉን። ናይ 30 ዓመት ናይ ሓሶት ወረ ይኣኽሉ እዩ። ብትግራይ ሚድያ ሃውስ ዝፍነዉ ሓሶታት ተዳናጊሩ ዘይኮነ ነገር ክሓስብ የብሉን። ርግዕ ኢሉ ክሓስብ ኣለዎ

ኣሳታፍን ምቹው ባይታን ተዘይተፈጢሩ ፀገም ህዝቢ ትግራይ ብቐሊሉ ክፍታሕ ኣይኽእልን።

መንግስቲ ኣብ ናይ ህወሓት መዋቕር ተመስሪቱ ክሰርሕ የብሉን። ቕድሚ ሕዚ ዝነበሩ ተቃወምቲ ፓርቲታት ብምስታፍ ነቲ መሓውር ከም እንደገና ክፍትሾ ይግባእ። ተዘይኮይኑ ክሳብ ሕዚ ኣብቲ መሓውር ዘለዉ ቕድሚ ሕዚ ኣባላት ህወሓት ዝነበሩ እዮም፤ እዚኦም ሀዚ እውን ዕላማ ህወሓት እዮም ዝኽተሉ ዘለዉ። ነዚ መሓውር እዚ ኣብ ምፅራይ ዓብዪ ስራሕ ክስራሕ ኣለዎ። እዚ እንተዘይፀርዩ ዝተፈላለየ ዕላማ ዝሓዙ ስለ ዝኾኑን ፕሮግራም መንግስቲ ስለ ዘባላሸዉን ፅፉፍ ስራሕቲ ክስራሕ ኣይኽእልን እዩ። መጥቃዕቲታት ክፍፅሙ ይኽእሉ እዮም። ነቲ ዝተሰርሐ ስራሕ እውን ከባላሽዉ ይኽእሉ እዮም። ኣብ ሓደ ሓደ ቦታታት ሰብ እናቐተልካ ዝኸየደሉ መገዲ እውን ይስትውዐል ኣሎ እዩ። እዚ ዘርእየካ መንግስቲ ዓብይ ስራሕ ዝፅበዮ ዘሎ ምኧኑ እዩ። እዚ ክስተኻኸል ዝኽእል ድማ ከምቲ ቅድም ኢለ ዝገለፅክዎ መንግስቲ በይኑ ተይኮነስ ህዝቢን ተነሓናሕቲ ውድባት ብምትሕብባር እዩ።

መንግስቲ ንህዝቢ ትግራይ ቅድሚኡ ካብ ዝነበረ ሂወት ዝሓሸ ባይታ ክፈጥረሉ እዩ ዝግባእ። መንግስቲ ንህዝቢ ህፁፅ ሓገዝ የቕርብ ኣሎ እዩ። ኮይኑ ግና እቲ ሓገዝ ኣይበፅሐናን ዝብሉ ኣካላት ኣለዉ እዮም። እዚ ሙሉእ ንኽኸውን ናይ ኩሉ ተሳትፎ የድሊ እዩ። እዚ ዘርእየካ እቲ መሓውር ሽግር ስለ ዘለዎ እዩ። መንግስቲ ነቲ ቕድሚ ሕዚ ዝነበረ ኣካይዳ ቐይሩ ሓዱሽ መሓውር ብምዝርጋሕን ህዝቢ ብምስታፍን ክፈትሖ ይኽእል እዩ ዝብል ሓሳብ ኣለኒ። ከም ኣብነት ብልፅግና ትግራይ ምስ ትግራይ ዲሞክራስያዊ ፓርቲ ኣይማኸረን ዘሎ። ሓሳብና ክንገልፅን ክንሕግዞን ዕድል ክህበና ኣለዎ። ብሓፈሻ ፓርቲ ብልፅግና ተቃወምቲ ኣብ ምስታፍ ድኽመታት ይረኣይዎ እዮም። እዞም ድኽመታት እዚኦም ብቕልጡፍ ክእረሙ ኣለዎም።

ብሓፂሩ ኣብ ሓንቲ ሃገር ሰላምን ምርግጋፅን ክህሉ እንተድኣ ኮይኑ ተሳትፎ ህዝቢ ወሳኒ እዩ። ህዝቢ ዘይተሳተፈሉ ነገር መፍትሒ ክመፅ ኣይኽእልን። ህዝቢ ክሳተፍ መንግስቲ ምቹው ኩነታት ክፈጥር ክኽእል ኣለዎ። ቅድም ኢለ ከምዝገለፅክዎ ተነሓናሕቲ ውድባት ኣብ ምስታፍ ዓብዪ ክፍተት ኣሎ እዩ። እዚ ክእረም ክኽእል ኣለዎ። ብፍላይ መራሕቲ ሃይማኖትን ዓበይቲ ዓዲን ዝመሳሰሉ ኣካላት ንኽሳተፉ መንግስቲ ባይታ ከማቻቹ ኣለዎ። እቲ ግዝያዊ ምምሕዳር ክብርትዕ ኣለዎ። ናብ መንግስታዊ ሓላፍነት ዝመፁ ኣካላት ድሕንነቶም ሕልው ክኸውን ኣለዎ ። ስለዚ ህዝቢ ኣብ መንግስቲ እምነት ክሕድር እንተኾይኑ ክማልኡ ዝግበኦም ነገራት ክማልኡ ኣለዎም።

ናይ ውሽጢ ዓዲ ሚድያታት ኣብ ትግራይ ከይዶም ክሳብ ታሕቲ ወሪዶም ህዝቢ ከዛራርቡ ኣይረኣዩን። ድሌትን ስምዒትን ህዝቢ እንታይ ከምዝመስል ኣብ ታሕቲ ወሪዶም ከዘራርቡ ኣለዎም። ብፍላይ ቴሌቪዥን ትግራይ ብዝግባእ እናተንቀሳቀሰ ኣይኮነን ዘሎ። መንግስቲ ኣብ ህወሓት ዝነበሩ ድኽመታት ከይድገሙ ጥንቃቐ ክገብር ኣለዎ። ከምዚ እንተኾይኑ መንግስቲ ተቐባልነት እናረኸበ ህወሓት ድማ ካብ ህዝቢ እናራሓቐ ምኻዱ ኣይተርፍን እዩ።

**ወጋሕታ፡- ህዝቢ ትግራይ ብማሕበራዊን ስሩዕን ሚድያ ተጠቒሞም ንዘዳናግርዎ ኣካላት እንታይ ክገበር ኣለዎ ይብሉ?**

**ኢንጅነር ግደይ፡-** ህዝቢ ትግራይ ክሳብ ሕዚ ብናይ ሓደ ውድብ ህወሓት ፕሮፖጋንዳ ዝፀንሐ እዩ። ክሳብ ሕዚ ናይ ካሊእ ፓርቲ ሓሳብ ከይሰምዕ እናተኸልከለ ብናይ ህወሓት ኣተሓሳስባ ጥራሕ ዝምራሕ ዝነበረ ህዝቢ እዩ። ፀገም ህዝቢ ንምቕራፍ መንግስትን ፖለቲካዊ ውድባትን ሓቢሮም ክሰርሑ ኣለዎም። ፀገም ህዝቢ ብሓደ ፓርቲ ክቕረፍ ኣይኽእልን እዩ።

ህዝቢ ትግራይ ንባዕሉ ክምርምር ክኽእል ኣለዎ። ንምንታይ ኢና ናብዚ ፀገም እዚ ወዲቕና ኢሉ ክምርምር ይግበኦ። ኣብዚ ሕዚ እዋን ህዝቢ ትግራይ ብወረ ጥራሕ እናተዳናገረ ክነብር የብሉን። ናይ 30 ዓመት ናይ ሓሶት ወረ ይኣኽሎ እዩ። ብትግራይ ሚድያ ሃውስ ዝፍነዉ ሓሶታት ተዳናጊሩ ዘይኮነ ነገር ክሓስብ የብሉን። ርግዕ ኢሉ ክሓስብ ኣለዎ። ናብዚ ኩናት እዚ እንታይ እዩ ደፊኡና? መን እዩ ኸ ናብዚ ፀገምን መከራን ዘእተወና ኢሉ ርግዕ ኢሉ ክሓስብ ይግበኦ። ተዘይ ኮይኑ ብበለካ ለኽዐካ ተዳናጊርካ ናብ ዘይኮነ ምእታው ንህዝቢ ትግራይ ኣይጠቅምን እዩ። ንህዝቢ ትግራይ ናብዚ ኲናት እዚ ዘእተዎ ህወሓት ምኧኑ ህዝቢ ክርዳእ ይግበኦ። ሓደ ሓደ ኣካላት ግጉይ ኣተሓሳስባ ሒዞም ዝጓዓዙ ኣለዉ እዮም። ኣብ ህዝቢ ሰላም ክህሉ ብዘይደልዩ ኣካላት ብሚድያ ብዝገብርዎ ፕሮፖጋንዳ ተደናጊሩ ትኽክል ዘይኮነ ርድኢት ክሕዝ የብሉን። ህዝቢ ትግራይ ካብዞም ናይ መዳናገርቲ ኣካላት ፕሮፖጋንዳ ተዘይወፂኡ ኣብ ፀገም ክነብር ይኽእል እዩ። ምስ ህዝቢ ዕሙቕ ዝበለ ምዝርራብ የድሊ እዩ።

ኣብ ወፃኢ ኮይኖም ኣክቲቪስቲ ኢና እናበሉ ብዝተፋላለዩ ሚድያታት ተጠቒሞም እናተንቐሳቐሱ ዝርከቡ ኣካላት ንህዝቢ ትግራይ ካብ ምድንጋር ሓሊፎም ዝጠቕም ኣጀንዳ ኣይኮኑን ዝፍንዉ ዘለዉ። እዞም ኣካላት እዚኦም ንህዝቢ ናብ ዘይኮነ ፀገም እዮም ዘእትውዎ ዘለዉ።

መንግስቲ ንህዝቢ ዝጠቕሙ ነገራት ኣብ ምስራሕን ምንቕስቃስን እዩ ዘሎ። እዞም ኣካላት እዚኦም ግና ንህዝቢ ዘይጠቅም ንፅቡቕ ተግባራት መንግስቲ ብተፃራሪ እዮም ዝኸዱ ዘለዉ። መንግስቲ ንህዝቢ ትግራይ ዘድልዩ ነገራት ከቕርብ እንተሎ ዕንቕፋት እናኾንዎ እዮም ዝርከቡ። እዚ ኣካይዳ እዚ ኣብዚ ሕዚ እዋን ንህዝቢ ትግራይ ዝጠቕሞ ኣይኮነን። ኣብዛ እዋን ንህዝቢ ትግራይ ሓገዝ ጥራሕ እዩ ዘድልዮ። ህዝቢ ትግራይ ሰላማዊ ዝኾነ ናብራ ክነብር እዩ ዝደሊ። ስለዚ ህዝቢ ኣብ ምድንጋር ዝርከቡ ኣካላት ናብቲ ትክክለኛ መገዲ ክምለሱ ክኽእሉ ኣለዎም። ኣብ ትግራይ ብሰንኪ ህወሓት ዝተወለዐ ኲናት ስዒቡ ብዙሕ ሰብ ካብ መረበቱ ተመዛቢሉ እዩ ዝርከብ። መንግስቲ ይኹን ካልኦት ኣካላት ነዚ ተመዛቢሉ ኣብ ፀገም ዝርከብ ህዝቢ ኣብ ምሕጋዝ ክረባረብ ይግበኦ። ኣብ ሓሶት ዝተደረኸ ፕሮፖጋንዳ ተጠቒምካ ህዝቢ ናብ ዝኸፍአ ፀገም ክኣቱ ምግባር ፍፁም ጌጋ እዩ። ኣብ ከምዚ ዝተፀመዱ ኣካላት ካብዚ ተግባር እዚ ክቑጠቡ ይግበኦም ይብል።

ሰላምን ልምዓትን ከይህሉ ዘተዓናቕፉ ዘለዉ ኣካላት ንህዝቢ ናብ ዝገደደ ፀገም እዮም ዘእትውዎ ዘለዉ። ፀገም ዝፈትሕ ሓሳብ እናቕረቡ ኣይኮኑን ዝርከቡ። ኣብ ወፃኢ ኮይኖም ንህዝቢ ትግራይ ዝሓልዩ መሲሎም ብዝተፈላለየ መገዲታት ተጠቂሞም ሰላምን ራህዋን ከይህሉ ካብ ምዝራግ ሓሊፎም ንህዝቢ ትግራይ ተባሂሉ ዝተዋፀአ ገንዘብ ኣብ ምሓዝ እዮም ዝርከቡ። እዞም ሓይልታት እዚኦም ንህዝቢ ዝተዋፀአ ገንዘብ ኣይንሰድድን ዝብሉ እንተኾይኖም ንህዝቢ ኣይሓልዩን ማለት እዩ። እዚ ዘሪእየካ ህዝቢ ንምጥቃም እንተይኮነስ ንባዕሎም ረብሓ እዮም ዝቃለሱ ዘለዉ። ስለዚ እዞም ኣካላት እዚኦም ካብ ከምዚ ዓይነት ኣካይዳ ክቑጠቡ ከምዘለዎም እየ ከተሓሳስብ ዝደሊ።

ነዞም ናይ ሓሶት ፕሮፖጋንዳ ዘቕርቡ ኣካላት መንግስቲ ኣብ ናይ ምቕላዕ ስራሕቲ ኣበርቲዑ ክሰርሕ

‹‹ሰላምን ምርግጋፅን...9

# እዋናዊ ዛዕባ

## ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ፖለቲካ

መሰረት ገ/ዮሃንስ

ኣብ ታሪኽ ፖለቲካ ኢትዮጵያ ደቂ ኣንስትዮ ብዝተፈላለየ ኣተሓሳስባ ፖለቲካ ተወዲበን ይንቀሳቐሳ ነይረን። ኣብ ፖለቲካ ኢትዮጵያ ብተለምዶ ፖለቲካ እንትላዓል ደቂ ተባዕትዮ ዝሳተፉሉን ዝፍለጥሉ ኣጋጣሚ እንተሃለወ'ውን ደቂ ኣንስትዮ ብዙሕ ዝተጋደላን ማዕረ ደቂ ተባዕትዮ ዝመርሓንን ዓብይ ተሳትፎ ዘለዎን ደቂ ኣንስትዮ ውሑዳት ኣይኮናን።

ብዝተፈላለየ ታሪኻት ብፍላይ ድማ ውልቀ ታሪኽ እንተዝፃሓፉ ኣብ ዝተፈላላዩ ፖለቲካ ታሪኻትን ተጋድሎ ታሪኽን ደቂ ኣንስትዮ ዘሎ እንተኾነ እውን ሓደሓደ ድማ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ፖለቲካ ዘለወን ኣስዋፅኦ ጎሊሁ ንከይረኣ እናተገበረ መፂኡ እዩ። ዝሰርሐኦ ስራሕቲ ኣብ ቅድሚት ኾይኑ ኣብ ክንዲ ምርኣይ ፣ብድሕሪት ኾይነን ስለዝገብረኦ ምንቅስቓስን ዝሰርሐኦ ስራሕትን ጥራሕ ብሙሙጋስ እቶም ኣብ ቅድሚት ዝወፁ ግና ደቂ ተባዕተዮ ከምዝኾኑ ዝፍለጥ እዩ። ከምዚ ኾይኑ'ውን ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ኢትዮጵያ ፖለቲካ ታሪኽ ዘዕረፈኦ ፅዕንቶን ዝቐየረኦ ብዙሓት ለውጥን ከምዘለው ሓቂ እዩ። ብተደጋጋሚ ከምዝላዓል ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ፖለቲካ ኢትዮጵያ ምስታፈን ዘምፅኦ ለውጢ ቀሊል ኣይኮነን።

ካብ ገዛኢ ፓርቲ ወፃኢ ዘለዋ ኣንስትዮ ማለት እውን ኣብ ተናሓናሕቲ ፓርቲ ዝርከባ ኣንስትዮ ኣብ ምስታፍ ዘለዎን ቦታ ብቐፅሪ ጥራሕ እንተይኾነስ ውሳነ ኣብ ምሃብን ኣብ ቅድሚት ብምኧን ዝስርሑ ስራሕቲ ሓላፍነት ብምውሳድ መሪሕነት ዘረጋገፀ ዘማእኸለ ክኸውን ኣለዎ።

ቅድሚ ሓምሳ ዓመት ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ዝጎልሀ ኣስተዋፅኦ እንተነበረ እውን ቀፂሉ ዝመፁ ስርዓት ዘለዉ እዋናት እናዛሓለ ከምዝመፀ ዘረጋግፁ ሰነዳት ኣለዉ፤ ኾይኑ ግና ኣብ ሃገርና ዝበፅሑ ፀገማትን ኹናትን ልክዕ ከም ደቂ ተባዕትዮ መስዋእትነት ዝኸፍላ ኣንስትዮ ዉሑዳት ኣይኮናን። ኣብ ዘመነ ኢህወደግ ደርጊ ንምውዳቕ ኣብ ዝተገበረ ተጋድሎ ደቂ ኣንስትዮ ልዑል ተሳትፎ(30 ሚኢታዊ) ነይርዎን እዩ። ምችው ኣብ ዘይኾነ እዋን እስካብ መወዳእታ ተዓጢቐን መስዋእትነት ዝኸፈላ ኣንስትዮ ዉሑዳት ኣይኾናን፣ኾይኑ ግና ኣብ ኣብዝሓ ታሪኽ ዝዝረብ ወይም ዝፃሓፍ ናይቲ ተጋድሎ ከም ሓገዝቲ ፣ዘበራታትዓ እንበር ቀጥታ ተሳተፍቲ ከምዝነበራ ኣይግለፅን። ኣብ ተሳትፎ ፖለቲካ እንተመፂና እውን ከም ኣባል ብምኧን እምበር ከምቲ ዝድለ ወፂአን ኣብ ቅድሚት ኣብ ምምራሕን ውሳነ ኣብ ምሃብን ትሑት ከምዝኾነ ዝፍለጥ እዩ። ኣብ ድሕሪት ብምኧን ዝሰርሐኦ ስራሕቲ ቀሊል ተዘይኾነ እውን ኣብ መሪሕነትን ውሳነ ምሃብን ግና ደቂ ተባዕትዮ ቀዳሞት ኾይኖም እዮም ዝራኣዩ።

መሪሕነት ማለት ሎሚ ኾይንካ ንፅባሕ ብዝሓሸ መልክዕ ንምቕራፅ ኣብ ዙርያኻ ዘለው ሰባት ብምልዕዓል ንክትሓባበሩ ብምግባር ዝመፅእ እዩ፤ኣብ ሓደ ሃገር ዝመፅእ ለውጢ ድኽነት ይኹን ብልፅግና ምውዳቑን ምልዓልን ዓብይ መሰረቱ እትኽተሎ ኣመራርሓን ውሳነን እዩ።

> **ኢትዮጵያ ኣብ እትገብሮ ሻድሻይ ሃገራዊ መረፃ ከም ብልፅግና ፓርቲ 50 ሚኢታዊ ደቂ ኣንስትዮ ክኾና ኣለወን ብዝብል መትከል ስራሕቲ እናተሰርሐ እዩ ዝርከብ ፣እዚ ንክኸውን ግና ብተግባር ምንቅስቓስ ኣድሳይ እዩ፤ ደቂ ኣንስትዮ ናብ ፖለቲካ ኣመራርሓ ንምምፃእ ኣብ ኣፈፃፀማ ውስንነት ከምዘሎ ርዱእ እዩ።**

ዓለም ንተባዕትዮን ንኣንስትዮን ማዕረ እያ። ማዕረ ምሕሳብን ምስራሕን ተፈጥራዊ ውህብቶ እዩ ፤ኾይኑ ግና ዝተፈላላዩ እናተቐያየሩ ዝመፁ ስርዓትን እንነብረሉ ማሕበረሰብን ኣንስትዮ ፖለቲካ ተሳተፎ መራሕቲ ንከይኾና ብዙሓት ፀገማት ነይሮም እዮም። ናብ ድሕሪት ምልስ ኢልና ክንርኢ ከለና ኣንስትዮ ብፖለቲካ ተሳትፎ እዚ እዩ ዘብል ታሪኽ ኣይነበረንን። እንተሃለወ እውን ብጣዕሚ ዉሑዳት እየን። ፖለቲካ ንተባዕትዮ ጥራሕ ከምዝኾነ ገይሮም ዝተፈላላዩ ስርዓትን ዝዓበናሉ ማሕበረሰብን ሰሪሖምዎ እዮም።

እዚ ተሳትፎ ኣንስትዮ ትሑት ንክኾን ዝገበሮ ፖለቲካዊ ፀገም እዩ። ናብ ፖለቲካ መድረኽ ዝመፃ ደቂ ኣንስትዮ ካብ ምብርትታዕን ምሕጋዝን ናብ ምጥርጣር ኣተሓሳስባ ንክፍጠር ምግባር እቲ ሓደ ዕንቕፋት እዩ ። እዚ ኹሉ ሓሊፈን ዝመፃ ፖለቲከኛታት ደቂ ኣንስትዮ ድማ ኣብ መወዳእታ ንማእሰርቲ ወይ ድማ ንስደት ዝኾናሉ ኣጋጣሚ እዩ ነይሩ። እዘን ዉሑዳት ዝኾና ኣንስትዮ ብባዕለን ድፍረትን ምልዕዓልን ምንቅስቓስ ክገብራ ኸለዋ ኣብ ሓፂር እዋን ንከቋርፃ ዝገብሩ ኩነታት ኣለዉ እዮም። ብድሕርኦን ዘለዋ ኣሰረን ዝኽተላ ሰገናትን መናእሰይን ፖለቲካ ንደቂ ኣንስትዮ ምችው ከምዘይኾነ እናምሃረ ዝመፀ እዩ። ንድሕሪት ንክትብል ዝገብር ኣጋጣሚ እዩ።

ኣብ ሃገርና ልዕሊ ፍርቂ ማሕበረሰብ ዝውክላ ደቂ ኣንስትዮ ብፖለቲካ ሓዊሱ ኣብ ዝተፈላላየ ቦታታት ተሳተፍቲ ምግባር ኣብ ኩሉ መዳያት ከም ምብፃሕ እዩ ዝቑፀር። እዚ ንምምፃእ ድማ ኣንስትዮ ኣብ ዝሳተፋሉ ዓውዲ ብፍልጠት ፣ብብቅዓት ብዓርሰ እምነትን ዘማለአ ክኸውን ኣለዎ። ደቂ ኣንስትዮ ክሳተፉ ኣለወን ስለዝተብሃለ ጥራሕ ፣ደቂ ኣንስትዮ ዘማእኸለ ብምባል ሓሳበን ዘይገልፃሉን ዘይውስናሉን መድረኽ ምፍጣር ኸዚ እውን መዓርነት መፂኡ ማለት ኣይኮነን። ደቂ ኣንስትዮ መርሕነት ንክህልወን ካብ ጅማሮ ክስራሕ ኣለዎ፣ካብ መጀመርያ ፖለቲካ ኣመላኻኽታ ፣ፍልጠትን ብቅዓትን ትኹረት ክግበረሉ ኣለዎ።

ኢትዮጵያ ኣብ እትገብሮ ሻድሻይ ሃገራዊ መረፃ ከም ብልፅግና ፓርቲ 50 ሚኢታዊ ደቂ ኣንስትዮ ክኾና ኣለወን ብዝብል መትከል ስራሕቲ እናተሰርሐ እዩ ዝርከብ ፣እዚ ንክኸውን ግና ብተግባር ምንቅስቓስ ኣድላይ እዩ፤ደቂ ኣንስትዮ ናብ ፖለቲካ ኣመራርሓ ንምምፃእ ኣብ ኣፈፃፀማ ውስንነት ከምዘሎ ርዱእ እዩ። ዓብይ ለውጢ ካብ ምኳኑ ንላዕሊ ብዙሕ መገዲ ዝኸየዶን ትኹረት ዘድልዮን እዩ ናብ ተግባር ንምምፃእ፤ ሕድ ሕድ ፓርቲ ወይ ድማ ትካል ፅባሕ ዉሑዳት ዘይባሃላ ኣንስትዮ ኣመራርሓ ንምፍጣር ናይ ኹሉ ተሳትፎ ግድን እዩ። ኣብዚ ሐዚ እዋን ተመዝጊቦም ፍቓድ ዝረኸቡ ፓርትታት መረፃን ፖለቲካ ተሳትፎን ብዝብል ኣብ ዝተረኸበ ሓበሬታ ደቂ ኣንስትዮ ኣባላት ይሃልዎም እምበር ናብ ሓላፍነት ግና ዘምፅኡ ኣይኮኑን።

መንግስቲ ከምዝሓሰቦ ኣብ ሃገራዊ መረፃ 2013 ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ካብ ቅድሚ ሐዚ ዝነበረ ናይ ምውሳኽ ዕድል ከምዝህልዎ ይግመት። ኣብ 1987 ዓ.ም ኣብዝተኻየደ መረፃ 1.8 ሚኢታዊ ደቂ ኣንስትዮ ጥራሕ እየን ኣብ ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ነይረን፣ኣብ 2002 ዓ.ም ድማ በዝሒ ደቂ ኣንስትዮ ተወከልቲ ህዝቢ 12.4 ሚኢታዊ ነይሩ። ኣብ ኣብ ሓምሻይ ዘበን ፖርላማ ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ 38.8 ሚኢታዊ ከምዝበፅሐ ዝፍለጥ እዩ። ቅድሚ ኸዚ ኣብ ዝነበረ መረፃ ብሰለስተ ዕፅፊ ከምዝወሰኸን ፣በዚ ኣካይዳ እንተቐፂሉ ናብ ዝሓሸ ዕድል ከምዝሰግር ተስፋ ዝህብ እዩ ። ኣብ መድረኽ ደቂ ኣንስትዮ ንክረኣያን መዓርነት ብትኽክል ንክረጋገፅን፣ እዚ ንኽመፅእ ገዛኢ ፓርትን ተናሓናሕቲ ፓርትታትን ዓብይ ስራሕ ዝፅበዮም እዩ። ኣባል ደቂ ኣንስትዮ ናብ መድረኽ ኣውፂኦም ብዛዕባ ሃገራዊ ኣጀንዳ ንክምህራን ንክዛረባን ምፍቃድን ምስሓብን ኣለዎም ።

ኣብ ሃገርና ዘሎ ፖለቲካ ባህሊ ንደቂ ኣንስትዮ ምችው ብዘይምኳኑ ሃገራዊ ስልጣን ብፍላይ ድማ ፖለቲካዊ ስልጣን ዝሕሰብ ንደቂ ተባዕትዮ እዩ፣ትልሚ ዝግበር እውን ብደቂ ተባዕትዮ እዩ። እዚ ኣመላኻኽታ ዘብፀሖ ፅዕንቶ ጠጠው ንምባልን ንምክልኻልን ሰፊሕ ግንዛበ መትሐዚ መድረኻት የድልዩ እዮም። ብፍላይ ድማ ኣብ ሕጊ ዘለዉ ጥንቃቐ ምግባርን መንግስቲ እውን ንቲ ሕጊ ምኽባርን ምፍፃምን ክኽእል ኣለዎ።

ኣብዚ ዓመት ኣብ ዝግበር ሃገራዊ መረፃ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ መረፃ ንቑሕ ተሳተፍቲ ንክኾና ኣብ ዝተገበረ ዳህሳስ ፅንዓት ኣብ ዘቕመጦ ንደቂ ኣንስትዮ ተኸራኸርቲ ፣ሲቪል ማሕበረሰብን ልዑል ኣስተዋፅኦ ክገብሩ ኣለዎም ፤እዞም ኣካላትን ፖለቲካ ፓርትታትን ዘለዎም ሓላፍነት ብምግላፅ ማዕርነት ፆታ ንክኽበር ኣብ ምግባር ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ኣመራርሓ ዘለወን ተሳትፎ ፖሊሲ ቅዋም ብምሓዝ ብዙሕ ስራሕ ክሰርሑሉ ትፅቢት ይግበር እዩ።

ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ፖለቲካዊ ፣ማሕበራውን ኢኮኖምያውን ዘለወን ዕድላት ማዕረ ተሳትፎ ንክህልወን ካብዙ ቀፂሉ ዝመፅእ ፍረ ድማ ማዕረ ንክካፈላ ፉሉይ ዝኾነ ሓገዝ ክዋሃበን ኣለዎ። ኣብ ሃገርና ካብ ማህበረሰብ ፣ኣብ ከባቢና ዘሎ ንደቂ ኣንስትዮ ዘለዎ ቑብልን ዘይቅቡልን ኣመለኻኽታ ዓብይ ፅዕንቶ ዘሕደረ እዩ። ሐዚ እናርእናዮ ዘለና ዝዓበናሉ ማሕበረሰብ እዩ ፣ብዙሓት ደቂ ኣንስትዮ ድልየት እንተሃለወን፣ተማሂረን ፍልጠት እውን እናሃለየን እዚ ንምኽፋል እንተደለያ እውን ማሕበራዊ ህይወተን ንድሕሪቲ ዝመልሰን ናብ ዝደልየኦ ርሕቐት ንከይጓዓዛ ቆልዓ ኣተዓባብያ፣ሓላፍነት ገዛ ኣብ ፖለቲካ ህይወተን ፅዕንቶ ኣለዎ።

ኣብዚ ኸዚ ተጀሚሩ ዘሎ ወፍሪ ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ክብ ንምባል ብልፅግና ፣ኢዜማን ኢህኣፓን ናይ ባዕሎም ምንቅስቓስ ዝጀመሩ እንተኾነ እውን እዚ እኹል ከምዘይኾነ ዝምልከቶም ኣካላትን ኣባል ፓርቲ ዝኾና ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ዝተፈላላየ መሪኸቢ ሓፋሽ እናገለፃ ይርከባ። ብዓለም ለኸ ይኹን ኣብ ሃገርና ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ማዕረ ደቂ ተባዕትዮ ክኾን ኣለዎ ዝብል ሓሳብ ብዝተፈላላዩ ኣጋጣሚ እንተተገለፀ እውን ኣብ ተግባር ግና ከምቲ ዝባሃል ዘዕግብ ኣይኮነን። ኾይኑ ግና ካብ ዝነበረ ኣብዚ ሐዚ እዋን ዝሐሸ ለውጢ ጅማሮ ከምዝኾነ ግና ዝካሓድ ኣይኮነን። እዚ ለወጢ ሕድሕድ ደቂ ኣንስትዮ ኣጋጣሚኡ ብምጥቃም ኣብ ተሳትፎ ፖለቲካ ናይ ባዕላ ዝኸነ ዓሻራ ክተዕርፍ ዓጢ.ቓ ክትላዓል ኣለዋ።

---

## በዓል ብዙሕ...

ኣብ ቐረባ እዋን ኣብ ላዕለወት ትካላት ትምህርቲ ኣብ ፕሮግራም ምረቓ ተምሃሮ ዝነበረ ምዝንጋዕ ከስዕቦ ዝኽእል ፅልዋ ምግማት ኣየፀግምን። ኣካላት መንግስቲ ይኹኑ ፓርትታት ፖለቲካ ዓበይቲ መድረኻት ብምድላው ብርክት ዝበለ ቐፅሪ ዘለዎም ተሳተፍቲ ብዘይ ሓንቲ ጥንቃቐ ምትእኽኻብ እናተለመደ መፂኡ እዩ። ቐፂሉ ድማ ሃገር ለኸ መረፃ ከምዝኾነ ኣኼባታት ብበዝሒ ከምዝካየዱ ግልፂ እዩ። እዚ ኩነታት በዚ እንተቐፂሉ ከም ሃገር ብኢኮኖሚ፣ብፖለቲካ፣ብማሕበራውን ስነልቦናውን ጉዳያት ዋጋ ዘኽፍለና ክኸውን እዩ ኢለን።

ለበዳ ቫይረስ ኮሮና ብባህሪኡ ዝተወሰኑ ኣካላት ብዝገበርዎ ጥንቃቐ ጥራሕ ምክልኻል ዘይከኣል ብምኳኑ ናይ ኹሎም መዳርግቲ ኣካላትን ንህዝቢ ንቕሓተ ህሊና ምዕባይን ንቑሕ ተሳትፎ የድሊ። እቲ ናይ መንግስቲ ኣካል ኣዳልዩን ኣፅዲቑን ናብ ኻሊእ ብዘምሓላለፎ ሕጊ ጥራሕ እቲ ለበዳ ምክልኻል ኣይከኣልን። ምፍፃምን ንክፍፀም ምግባርን ግድን እዩ።

ናይቲ ዘፈር ምሁራት እቲ ዝነበረ ይኹን እቲ ሓዱሽ ቫይረስ ኮሮና ዓርሰኻ ንምሕላው ቕድም ክብል እናተተግበረ ዝነበረ ሜላ መከላኸሊ ብኣግባቡን ብዝተጠናኸረ መገዲ ተግባራዊ ምግባር ዘዋፅእ እዩ። ብርክት ዝበሉ በቲ ቫይረስ ተታሒዞም ማለት ንብርክት ዝበሉ ዓይነታት ቫይረስ ዕድል ምሃብ ስለዝኸውን ስርጭት ቫይረስ ኮሮና ንምዕጋት መከላኸሊ ሜላታት ከይተሰላቸዉ ተግባራዊ ምግባር ጥራሕ እኹል ከም ዝኾነ ይመኽሩ። ስለዝኾነ ድማ በብእዋኑ ባህሪኡ እናቐያየረ ዝርከብ እቲ ቫይረስ ከም ሃገር እናብፀሖ ዝርከብን ከስዕቦ ዝኽእልን ኣሉታዊ ፅዕንቶ ናይ ምክልኻል ስራሕ ንፃት'ውን ግዘ ዘይወሃቦ ብምኳኑ ካብ ውልቀ ሰብ ጀሚሩ ኣብ ዝተፈላለዩ ብርኪታት ዝምልከቶ ኹሉ ብሓላፍነት መንፈስ፤ ጥንቃቐ ክገብር ይግባእ ዝብል መልእኽትና እዩ። (ፍልፍል፣ ግዜኢ)

## ኣብ ክልል ትግራይ...

ህንፀት፤ ሌተናል ጀነራል ባጫ ኣብ እዋናዊ ጉዳያት ጋዜጣዊ መግለፂ እንትህቡ፣ኣብ ሓደ ሓደ ከባብታት ክልል ትግራይ ዝንቀሳቐስ ዕጡቕ ጁንታ ህወሓት ፤ሓይሊ መከላኸሊ ሃገር ብዝወሰዶ ስጉምቲ ኣብ ሽሞንተ ዝተፈላለያ ከባብታ እናተንቀሳቐሰ ዝነበረ ዕጡቕ ሓይሊ ደምሲሱ እዩ ኢሎም፡፡

ኣፍቲ ኸይዲ ምህዳን ገበነኛታት ብርክት ዝበሉ ኣብ ትሕቲ ቐይዲ ከምዘውዓለ ገሊፆም፡፡

ስጉምቲ ዝተወሰደሎምን ኣብ ትሕቲ ቐይዲ ዝወዓሉ ዕጡቓት ኣብ ዋጅራት፣ኣፅቢ፣ሓይቂመስሓል፣ደስኣ፣ቦራ፣ፅጌረዳ፣ውቕሮ ማራይ፣ዛና፣ሓውዜንን ኻልኦት ከባብታትን እናተንቀሳቐሱ ከምዝነበሩ ብምዝኽኻር፤ሓይሊ መከላኸሊ ሃገር ብዝገበሮ ዳህሳስ ከምዝኾነ ገሊፆም፡፡

ከም ገለፃ ሌተናል ጀነራል ባጫ፣ እቶም ስጉምቲ ዝተወሰደሎም፤ኣመራርሓ ጁንታ ንምሕላው ኣፍቶም ዝተፀርሑ ከባብታት እናተንቀሳቐሱ ዝነበሩ ዕጡቓት እዮም፡፡

ሓይሊ መከላኸሊ ሃገር ብዝወሰዶ ስጉምቲ ሕቡኣት ኣናእሸተይ መዐለሚታት ናይቲ ጁንታ ሙሉእ ንሙሉእ ዝዓነወ እንትኸውን ብርክት ዝበሉ ዕጡቓት ናይቲ ጉጅለ ኢዶም ሂቦም እዮም ኢሎም፡፡

ብቐፃልነት ድማ እቶም እስካብ ሐዚ ዘይተትሓዙ መራሕቲ ጁንታ ንምቁፅፃር እቲ ሰራዊት ይሰርሕ ከምዘሎ ገሊፆም፡፡

እቶም ዝተረፉ መራሕቲ ጁንታ ካብ ሃገር ንምውፃእ ዝፈተኑ እንትኸውን ፤ይኹን 'ምበር መከላኸሊ ሃገር ዘይበፅሖ ከባቢ ብዘይምህላዉ ከምዘይተሳኸዐሎም ተዛሪቦም፡፡

ኣብ ክልል ኦሮሚያ ኣብ ዜጋታት መጥቃዕቲ እናፈፀሙ ንዝነበሩ ጉጅለታት'ውን፤ ኣብ ልዕሊኦም ጥንኩር ስጉምቲ ከምዝተወሰደ ሌተናል ጀነራል ባጫ ኣፍሊጦም፡፡

ኣብ መንጎ ሱዳንን ኢትዮጵያን ዘሎ ወድዓዊ ኹነታት ተሓቲቶም፤ሌተናል ጀነራል ባጫ ደበሌ ኣብ ዝሃብዎ መብራህርሂ‹‹ኢትዮጵያ ኹሉ ግዘ ንመማገራቒ ሰላም ቐዳምነት ትህብ›› ምስ በሉ ‹‹እዚ ማለት ግና ሃገርና ንምሕላው ድሉዋት ኣይኮናን ማለት ኣይኮነን››ኢሎም፡፡

# ህንፀት ፍልፍል ሓይሊ ኮይሻ 40 ሚኢታዊ በፂሑ

መሰረት ገ/ዮሃንስ

ኣዲስ ኣበባ፡- ካብ ዓብይ ግድብ ህዳሰ ኢትዮጵያ ቐፂሉ ኣብ ኢትዮጵያ ዓብይ ፍልፍል ሓይሊ ኤሌትሪክ ዝኾነ ግድብ ፍልፍል ሓይሊ ኮይሻ ህንፀቱ 40 ሚኢታዊ ምብፅሑ ሓይሊ ኤሌክትሪክ ኢትዮጵያ ኣፍሊጡ።

ዳይሬክተር ኮምኒኬሽን ሓይሊ ኤሌክትሪክ ኢትዮጵያ ኣይተ ሞገስ መኮንን ብፍላይ ንጋዜጣ ኣዲስ ዘመን ከምዝገለፅዎ ፣ ካብ ዓብይ ግድብ ህዳሰ ቐፂሉ ብኻልኣይ ብርኪ ዝርከብን 2ሽሕ 160ሜጋ ዋት ሓይሊ ኤሌትሪክ ምምራት ዓቕሚ ዘለዎ ህንፀት ፍልፍል ሓይሊ ኮይሻ ኣብዚ እዋን 40 ሚኢታዊ በፂሑ እዩ።

ህንፀት ፍልፍል ሓይሊ ኮይሻ ከም ኢትዮጵያ ኣቆፃፅራ ከባቢ 2008 ውዕሊ ዝተፈረመሉን ብሓፈሻ ግና ህንፀቱ 5ዓመት ክውድእ እዩ ተባሂሉ ዝተተለመ ፕሮጀክት እንተኾነ 'ውን ብሕፅረት ፋይናስ ምኽንያት ዓብይ ምጉታት ዝተርኣዮ ከምዝኾነ ተፈሊጡ እዩ።

ናይ ለውጢ መንግስቲ ኣብ ዝገበሮም ፃዕሪ ፀገም ፋይናንስ ተፈቲሑ እቲ ስራሕ ብቕልጣፈ እናተሰርሐ ከምዝርከብ ዝገለፁ ኣይተ ሞገስ፣ብፍላይ ድማ እቲ ፕሮጀክት ገበታ ንሃገር ዝስረሐሉ ከባቢ ዝርከብ ብምዃኑ ብመንግስቲ ፍሉይ ትኹረት ከምዝተውሃቦ ኣመልኪቶም እዮም።

ፀገም ፋይናንስ ምስ ተፈትሐ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ተሰሪሖም እዮም።ብፍላይ ድማ ሲቪል ስራሕቲ ተጠቀስቲ እዮም ዝበሉ ኣይተ ሞገስ ፣ሩባ ኦሞ ካብ ተፈጥራዊ ዝፈሰሉ መገዲ መቀየሲ ቦይ ሙሉእ ንሙሉእ ከምዝተሃነፀን ኣብዚ ሐዚ እዋን እቲ ሩባ ሰብ ዝሰርሖ መትረብ ተኸቲሉ ኣብ ምፍሳስ ከምዝርከብ ኣፍሊጦም እዮም።

ዋና ግድብ ኣብ ዝስረሐሉ ቦታ ድማ ኣርማታ ምምላእ ተጀሚሩ እዩ፣ህንፀት ገዛ ፍልፍል ሓይሊ 'ውን እናተሰርሐ እዩ፤ብካልእ ወገን ድማ ኤሌክትሮ ሜካኒካልን ሃይድሮሊክ ስቲል ስትራክቸር ወይም ስራሕቲ ብረታ ብረት ኣብ ምስራሕ እዮም ክብሉ ገሊፆም።

ኣብዚ ሕዚ እዋን ከም ሃገር ዝምረት መጠን ሓይሊ ኤሌክትሪክ 17ሽሕ 500ጊጋ ሀወር ዝፅጋዕ እዩ።ግድብ ኮይሻ መምረቲ ኤሌክትሪክ ሓይሊ ተወዲኡ ግልጋሎት ምሃብ እንተጀምር ሕዚ ዘሎ መጠን ሓይሊ 40 ሚኢታዊ ከምዘዕብዮ እቶም ዳይሬክተር ኣፍሊጦም እዮም።

ኢትዮጵያ ዘለዋ ኣቕርቦት ሓይሊ ንምዕባይ ካብ ሓይሊ ማይ ብተወሳኺ ካብ ንፋስ፣ካብ ጂኦተርማልን ካብ ጎሓፍ ሓይሊ ኤሌክትሪክ ንምርካብ እናሰርሐት ምዃና ዝተዛረቡ ኣይተ ሞገስ ፣ኣይሻን ኣሰላን እናተሃነፁ ዘለዉ ፍልፍል ሓይሊ ንፋስ ፣ኩሉ ሞዬን ኣሉቶ ላንጋኖ እናተሃነፁ ዘለዉ ፍልፍል ሓይሊ ጂኦተርማል ፣ ካብ ጎሓፍ ድማ ፍልፍል ሓይሊ ረጲ ነዛ ሃገር ቐረብ ሓይሊ ብምዕባይ ዓብይ ግደ ከምዘበርክቱ ገሊፆም እዮም።ናይዚኦም ህንፀት ምውዳእ ኣብዚ ሕዚ ዘሎ 4ሽሕ 500ሜጋ ዋት ምምራት ዓቕሚ ኣብ ዝቕፅል ዓሰርተ ዓመታት ናብ 17 ሽሕ ሜጋ ዋት ከምዘዕብይ ተዛሪቦም እዮም።

ግድብ ፍልፍል ሓይሊ ኮይሻ ብ 2.5ቢሊዮን ዩሮ ወፃኢ ዝህነፅ እንትኸውን ፣እቲ ህንፀት ድማ ዊ ቢልድ ወይም ድማ ቅድሚ ሕዚ ዝነበሮ መፀውዒ ሳሊኒ ብዝባሃል ናይ ጣልያን ትካል እናተሰርሐ ይርከብ።

ፍልፍል ሓይሊ ኮይሻ ካብ ዝህቦ ግልጋሎት ሓይሊ ብተወሳኺ ነቲ ማሕበረሰብ ጠቓሚ ዝኾነ መሰረተ ልምዓት ሒዙ ዝመፀ እንትኸውን ብፍላይ ድማ ዝተፈላለዩ ወረዳታት ዘራኽብ 80 ኪሎ ሜትር ዝፅጋዕ መሰረተ ልምዓት ዝርገሐ መንገዲ ተሰሪሑ እዩ፤ኽልተ ወረዳታት ዘራኽብ 172 ሜትሮ ንውሓት ዘለዎ ድልድል ተሰሪሑ እዩ።ቤት ትምህርቲ፣ጣብያ ጥዕና ፣ህንፃታት ምምሕዳር ጣቢያታት ተሰሪሖም ግልጋሎት ምሃብ ይርከቡ።

ግድብ ፍልፍል ሓይሊ ኮይሻ ኣብ ክልል ብሄር ብሄረሰባትን ህዝብታትን ደቡብ ፍሉይ ወረዳ ኮንታ ዝርከብን ጊቤ ሰለስተ ሓይሊ መመንጨዊ ካብ ዝርከቦ 129 ኪሎ ሜትር ርሕቐት ዝርከብ እንትኸውን ፣እቲ ግድብ ዝስረሐሉ ቦታ መጠን ዝናቡ ልዑል ዝኾነ ፣ኦሞ ጊቤ ተፋሰስ ዝርከብን ምስ ዓበይቲ ተፋሰሳት ኣብ ሓዱኡ ዝሰራሕ እዩ።

# ኢንዱስትሪ ፊቤላ 12ነጥቢ 2ሚሊዮን ሊትሮ ዘይቲ ኣምሪቱ ንዕዳጋ ኣቕሪቡ

መሰረት ገ/ዮሃንስ

ኣዲስ ኣበባ፡-ፊቤላ ኢንዱስትሪ ኣብ መጀመርያ ዙር ወፃኢ ምንዛሪ ተመዲብሉ ብዘእተዎ ጥረ ኣቅሓ ተጠቒሙ 12ነጥቢ2ሚልየን ሊትሮ ዝፅጋዕ ዘይትን 1ነጥቢ 8 ሚልየን ሊትሮ ካልኦት ምህርትታትን ኣምሪቱ ናብ ዕዳጋ ምቕራቡ ባዓልዋና ኢንዱስትሪ ፊቤላን ኣካቢ ቦርድ ቢኬጂ ኣይተ በላይነህ ክንዴ ገሊፆም።

ኣይተ በላይነህ ክንዴ ብፍላይ ንጋዜጣ ኣዲስ ዘመን ከምዝገለፅዎ ፣እቲ ፋብሪካ ካብ ዝምረቐ እዋን ጀሚሩ ክሳብ ኸዚ ኣብ መጀመርያ ዙር ሸርፊ ወፃኢ ተመዲብሉ ብዘእተዎ ጥረ ኣቅሓ 12ነጥቢ 2ሚልየን ሊትሮ ዝፅጋዕ ዘይቲን 1ነጥቢ 8 ሊትሮ ካልኦት ምህርትታት ኣምሪቱ ናብ ዕዳጋ ኣቕሪቡ እዩ።8ሚልየን ዝፅጋዕ እቲ ምርቲ ብኣከፋፈልቲ ናብ ህዝቢ ዝበፅሐ እንትኸውን ዝተረፈ ድማ ኣብ ምፅዓን ይርከብ።

ቁፅሪ ምንኣስ ኣከፋፈልቲ ብዝተደሓሓዘ ምህርቲ ናብ ተጠቃሚ ንምብፃሕ ፀገም ኣጋጢሙ ከምዝነበረ ዘመልከቱ ኣይተ በላይነህ ፣እዚ ፀገም ኣብ ግምት ውሽጢ ብምእታው መንግስቲ ብብርኪ ሃገር ለኸ 33 መከፋፈልቲ ናብዚ ስራሕ ንከኣትዉ ምግባሩን ፣ካብዚኦም ውሽጢ እቶም ሸውዓተ ንትካሎም ዝተመደቡ ብምዃኖም ፀገም ምክፍፋል ምሉእ ብሙሉእ ክፍታሕ እዩ ዝብል ተስፋ ከምዘለዎም ገሊፆም ።

ትካሎም ንመጀመርያ ዙር ብዝተፈቐደሉ ሸርፊ ወፃኢ 14ሚልየን ሊትሮ ድፍድፍ ዘይት ካብ ወፃኢ ኣእትዩ ከምዝነበረ ዘዘኻኸሩ ኣይተ በላይነህ ፣ካልኣይ ዙር ድማ 20ሚልየን ሊትሮ ድፍድፍን ካልኦት መዐሸጊ ኣቕሓ ካብ ማሌዥያ ተኣዚዙ ጅቡቲ በፂሑ ኣብ ምጉዓዝ ከምዝርከብ ኣፍሊጦም ።

ክሳብ ሕዚ ናይቲ ፋብሪካ ምህርቲ ዘይቲ ኣብ ከተማ ኣዲስ ኣበባን ክልላት ኦሮምያ ፣ደቡብ ፣ኣምሓራ ፣ቤኒሻንጉል ጉምዝን ጋምቤላን ኣብ ዕዳጋ እናቐረበ ከምዝኾነ ዘፍለጡ ኣይተ በላይነህ፣ነቲ ኸባቢ ዝተመደቡ ኣከፋፋልቲ ምህርቲ እናወሰዱ ከምዝኾነ ኣመልኪቶም እዮም።

መንግስቲ ንዘይቲ ቐዳምነት ብምሃብ ካብ ዘለዎ ሸርፊ ወፃኢ ነዚ ስራሕ ምምዳቡ ዓብይ ሓገዝ እዩ ዝበሉ ኣይተ በላይነህ ፣ንሕና እውን ዝተውሃበና ዓብይ ዕድል ብኣግባብ በምጥቃም ምህርትና ንህዝቢ እናቕረብና ንርከብ ኢሎም።

ምህርቲ ብሓላፍነት ምብፃሕ ከቢድ ስራሕ እዩ ዝበሉ ኣይተ በላይነህ ፣እዚ ስራሕ መስመር ንምድሓዝ ቁሩብ ዘይምስትኽኻል ክህሉ ከምዝኽእልን ኣብ ዝቕፅል ዒስራ መዓልትታት ኹሎም ኣከፋፈልቲ ናብ ስራሕ እንትኣትዉ እቲ ሕብረተሰብ እኹል ምህርቲ ክረክብ ከምዝኽእል ዘለዎም እምነት ገሊፆም ።

ፊቤላ ክሳብ ሕዚ ሓደ ሊትሮ ካብ ብር 39.05 ክሳብ 42 ንኣከፋፈልቲ እናቕረበ ከምዝርከብ ዘፍለጡ ኣይተ በላይነህ፣ እዚ ኣብ ዓለም ዋጋ ሓደ ሊትሮ ካብ ዝሸወጥ ብጣዕሚ ዝናኣሰ ከምዝኾነ ገሊፆም።ኣብዚ ሕዚ እዋን ዋጋ ዓለምለኸ ድፍድፍ ዘይቲ ክብ ብምባሉ ከምኡ'ውን ዋጋ ዶላር ብምንሃሩ ብዝነበረ ዋጋ ንምቕራብ ኣፀጋሚ ስለዝኾነ ናይ ዋጋ ምስትኽኻል ብምግባር ሓድሽ ዋጋ እናተሰርሐ ከምዝኾነ ሓቢሮም።

እቲ ፋብሪካ ኣብ መዓልቲ ሓደ ሚሊየን ሊትሮ ዘይቲ ናይ ምምራት ዓቕሚ ከምዘለዎ ዘመልከቱ ኣይተ በላይነህ፣ ሓይሊ ኤሌክትሪክ በቢሰዓቱ ዝቆራረፅ ብምዃኑ ብዘለዎ ዓቕሚ ልክዕ ከምርት ከምዘይኻኣለ ገሊፆም እዮም።

ኣብዚ ሕዚ እዋን እቲ ፋብሪካ 24 ሰዓት ንክሰርሕ ፃዕሪ እናገበረ ከምዝኾነን ምስ መብራህቲ ተደሓሒዙ ዓብይ ፀገም እናበፅሖም ከምዝኾነ ኣመልኪቶም እዮም።እዚ ፀገም ንምፍታሕ መሰረታዊ ለውጢ ንምምፃእ 6ሽሕ 500ኪሎ ዋት ዘመንጭው ዓበይቲ ጀኔሬተር ገዚኦም ከምዘእተውን ምስ ምቁርራፅ ኤሌክትሪክ ተተሓሒዙ ኣብማሽናት ዝበፅሕ ጉድኣት ንምቕናስ ከምዘኽእል ኣመልኪቶም።ብተወሳኺ'ውን ፋብሪካ ጠጠው ከይበለ ን24 ሰዓት ንምምራት የኽእሎ እዩ ኢሎም።

## ‹‹ንህዝቢ ትግራይ ሓገዝ'ምበር...

ትግራይ ዝጠቕም ኣይኮነን ክብሉ ገሊፆም።ዝፍጠር ውጥረት ኣብ ክንዲ ንምቕናስ ክውሰኽ እናገበርዎ ከምዘለዉን እቲ ሓገዝ ተሪፉ ካብዚ ነገር ተዝቑጠቡ 'ውን ሓደ ረብሓ እዩ ኢሎም።

ኣብዚ ኸዚ ዘሎ ፖለቲካዊ ውጥረት ህዝቢ ትግራይ ምስ ብሄር ብሄረሰባት ንምፅላእ ምስ ጎረቤቱ ንክጓነፅን ህዝቢ ትግራይን መንእሰይን ንክፈርሕን ንክርበሽን ንዓኣቶም ጥራሕ ንክኣምን እናሰርሑ እንተሃለዉ'ውን ኣብዚ ኸዚ እዋን ግና እዚ ተሰማዕነት ኣይህልዎን ዝበሉ እቶም ሓላፊ ፣ህዝቢ ትግራይን መንእሰይ ትግራይን ክምለሰሉ ዝደሊ ሕቶ እንተተመሊስሉ ናብ ስሩዕ ህይወቱ ንምምላስ እዩ ዝደሊ ክብሉ ገሊፆም።

ኣብ ወፃኢ ዘለዉ ተጋሩ ኣሸምባይዶ ምስ ጎረባብቲ ህዝብታት ተጋሩ ነኒባዕልና ሓድነት ንከይህልወናን ድልየቶም'ውን ንሳቶም ብሰላም ክነብሩ ትግራዋይ ነንባዕሉ እናተጠራጠረ ክነብር ፣ሓቂ ዘይኮነ ምስሊ እናፈጠሩ ትግራይ ንክይትረጋጋዕ ኣብ ምስራሕ እዮም ዝርከቡ ዝበሉ ኣይተ ባርያጋብር፣ህዝቢ ትግራይ ግና ቐስ ብቐስ እቲ ሓቂ እናተረደአ ከምዝኸይድ ርዱእ እዩ ኢሎም።

ኣብዚ ኸዚ ዓለም ምሉእ ንህዝቢ ትግራይ ኣብ ዝሓሰበሉ እዋን እዚኦም ግና ስለኽበሮምን ስልጣኖምን ብዙሕ ወፃኢ እናውፅኡን እናተሰለፉ ናይ ህዝቢ ትግራይ ፀገም ከፈትሑ ከምዘይኽእሉ ዝገለፁ ፣ኣብዚ ኸዚ እዋን ንህዝቢ ትግራይ ዘይኾኑ ሰባት ተጋሩ ኢልካ ንምፅዋዕ ከቢድ እዩ ክብሉ ገሊፆም።

## ማሕበረሰብ እስልምና ፆም ረመዳን...

ካብ ኢትዮጵያ ወፃኢ ንዝነብሩ ኢትዮጵያውያንን ትውልደ ኢትዮጵያውያንን እስልምና ማሕበረሰብ መበል 1442 ፆም ረመዳን ኣመልኪቱ ናይ እንኳዕ ኣብፀሐኩም መልእኽቲ ኣመሓላሊፎም።

ምክትል ፕሬዚዳንት እቲ ቤት ምኽሪ ሼህ ዓሊ መሓመድ ሸፋ ምጅማር ወርሒ ፆም ረመዳን ኣመልኪቶም፣ ፆም ረመዳን ናይ ፍቕሪ፣ ሓድነትን ዝተቐደሰን ክኸውን ትምኒቶም ገሊፆም።ሰዓብቲ እምነት እስልምና ፅጉማት፣ ድኹማት ከምኡ 'ውን ዘኽታማት ብምሕጋዝ ክሐልፉ ከምዝግበኦም ፃውዒቶም ኣመሓላሊፎም።

ረመዳን ናይ ምትሕግጋዝን ርህራሄን ወርሒ እያ፣ ብምዃኑ ኣብ ከተማ ዝርከብ ማሕበረሰብ እስላም ወርሒ ረመዳን ብኢባዳ፣ ብፍቕሪ፣ ብምርድዳእን ብምትሕግጋዝን ከሓልፎ ከምዝግባእ ኣገንዚቦም።

ኣብ ኢትዮጵያ ብምኽንያት ለበዳ ቫይረስ ኮሮና ዝተፀንዑ ቑፅሪ ሕሙማት ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ እናወሰኸ ምምፅኡ ብምዝኽኻር፤ ኣብዛ ዝተቐደሰት ወርሒ ማሕበረሰብ እስላም ንፀሎት ኣብ ዝእከበሉ ግዘ ሰብ ሞያ ጥዕና ዘመሓላልፍዎም ምኽሪታት ብምቕባልን ኣብ ግብሪ ብምውዓልን ኣድላይ ጥንቃቐ ክገብር እውን ኣተሓሳሲቦም እዮም ።

ኣብተፈላለዩ ክልላት ዝረኣዩ መንነትን ሃይማኖትን መሰረት ገይሮም ዝፍፀሙ ጥቕዓታት፣ ምዝንባልን ንብረት ምዕናውን ከምኡ'ውን ሂወት ህፃናት፣ ኣዴታትን ሽማግለታትን ንምጥፋእ ምኽንያት ምዃኑ ብምጥቃስ፤ ኣስተምህሮ እስልምና ሃይማኖትን መራሕቲ እቲ እምነትን ኣትሪሩ ከምዚኹንኖም ተዛሪቦም። ኢትዮጵያውያን ነቲ ፍፃመ ብምዅናን ንህዝቢ ፅቡቕ ብምሕሳብን ቐዳምነት ብምሃብን ነቲ ፀገም ብዝርርብ ክፈትሕዎ ትፅቢት ከምዝግበር ተዛሪቦም።

ህንፀት ግድብ ህዳሰ ኣመልኪቶም ከምዝበልዎ፣ካብ ሓይልታት ወፃኢ ዝበፅሕ ዘሎ መጥቓዕቲ ኢትዮጵያውያን ሓድነትን ሃገራዊ መንፈስን ሒዞም ጠጠው ብምባል ክኹንንዎ ይግባእ። ንሓበራዊ ሃብቶም ጠጠው ብምባል ህንፀት እቲ ግድብ ክሳዕ ዝዛዘም ብገንዘብን ካልኦት ተፈላለዩ ሓገዛትን ኣጠናኺሮም ክቕፅሉ መኺሮም።

ለብዘበን ኣብ ዝግበር ሻድሻይ ሃገራዊ መረፃ ተናሕናሕቲ ፓርትታት ዝገብርዎ ጎስጓስ መረፃ ሰብኣዊ መሰላት ብዘኽብር መገዲ ክካየድ ይግባእ ኢሎም። ንማሕበረሰብ እስልምና ድማ ካርድ መረፃ ብምውሳድ መራሕቱ ብምምራፅ ሃገራዊ ግዴትኡ ንኽዋፃእ ፃውዒት ኣቕሪቦም።

## ህዝቢ ትግራይ ...

ህወሓት ብሓይሊ ዝኣምን ውድብ ብምዃኑ ዲሞክራሲ ከምፅእ ኣይኽእልን ዝበሉ መምህር መኮነን፣ህዝቢ ትግራይ ደቑ ናብ ውግእ ሰዲዱ ዝረኸቦ ረብሓ ከምዘየለ ገሊፆም።

ህዝቢ ትግራይ ፖለቲካዊ ቓልሲ ንነዊሕ እዋን እናካየደ ዝመፀ ብምዃኑ ዋጋ ፍትሕን ሰላምን ክቡር ምዃኑ ዝፈልጥ ህዝቢ እዩ ክብሉ ኣረዲኦም።

ህወሓት መናእሰይ ትግራይ እናታለለ ክዐጥቑ ምግባር ትኽክል ስለዘይኮነ፤ ‹‹ህዝቢ ንምንታይ ኢና ደቕና ናብ ውግእ ንሰድድ ዘለና ፣ናይ ቕድሚ ሕዚ ኣይኣኽለናን ድዩ ኢሉ ክሓትት›› ይግበኦ ኢሎም። ደቑ መሳርሒ ኣጀንዳ ህወሓት ክኾኑ የብሎምን። ፀገም ህዝቢ ትግራይ ክፍታሕ እንተኾይኑ ደቑ ንሰላም 'ምበር ናብ ውግእ ክሰልፍ የብሉን ኢሎም።

ህዝቢ ትግራይ ሰላም ንዘይረክብ ብዙሕ ናይ ኣካልን ሂወትን ዋጋ ዝኸፈለ ምዃኑ ዘዛኻኸሩ መምህር መኮነን፤ ኣብዚ ሕዚ እዋን ህወሓት ካብ ጠፍአ ድሕሪ ሕዚ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ብብረት ተይኮነስ ኣብ መድረኽ እዩ ክኸውን ዘለዎ ክብሉ ተዛሪቦም።

ህዝቢ ትግራይ ቓልሱ ኣብ ሰላም፣ፍትህን ዲሞክራሲን ክገብር ከምኡ'ውን ሰላምን ፍትሕን ምስ ዝኣምን መንግስቲ ጠጠው ክብል ኣብ ወፃኢን ውሽጥን ዘሎ ትግራዋይ ስለ ሰላም'ምበር ስለ ጥፍኣት ክሰብኽ የብሉን ክብሉ ኣመልኪቶም።

‹‹ብውግእ ዝመፅእ ሰላም የለን፤ህዝቢ ትግራይ ፀገሙ ክፈትሕ ዝኽእል ብሰላማዊ ቓልሲ ጥራሕ እዩ። ጎንፂን ፅልእን ዝደሊ ኣካል እንተሐልዩ ህዝቢ ትግራይ ባዕሉ ክቓለሶ'ምበር ተታሊሉ ምስኡ ክስለፍ የብሉን›› ኢሎም።

ብኸናት ዝመፅ ሓይሊ ሰላምን ዲሞክራሲን ስለ ዘይረአየ ኣብ መወዳእትኡ ወፃዒ እዩ ዝኸውን ዝበሉ መምህር መኮነን፣ ነዚ ድማ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ሂወቱ ርኢይዎ ዝሓለፈ ኩነታት ስለ ዝኾነ ደጊሙ ክታለል ከምዘይብሉ ተዛሪቦም።

ኣብ ትግራይ ዘሎ ፀገም ክፍታሕ እንተኾይኑ ኩሉ ሰላም ደላዪ ኣካል ዝከኣሎ ግደ ክፃወት ከምዝግበኦ መልእኽቶም ኣመሓላሊፎም።

## ኩነታት ትግራይ ናብ ንቡር እናተመለሰ...

ወይዘሮ እቴነሽ ንጉሴ ንወጋሕታ ጋዜጣ ከምዝገለፀኦ፣ሰራሕተኛታት መንግስቲ'ውን ካብቲ ቅድሚ ኸዚ ዝነበረ ስግኣት ብምውፃእ ኣብ ስራሕ እናተረኽቡ እዮም።

ኣብ እዋን ወፍሪ ምኽባር ሕጊ ኣጋጢሙ ብዝነበረ ዕንወት ናይ ቢሮ መሳርሒ ናውቲ ምሉእ ብሙልእ እኳ ተዘይተማለአ 'ውን እቲ ሰራሕተኛ ግና ኣብ ስራሕ እናተረኽበ ከምዝኾነ ገሊፀን እየን ።

ግልጋሎት ውሃብቲ ትካልት ስራሕተን ኣብ መብራህቲ ዝውሰን ስለዝኾነ ግልጋሎት መብራህቲ ኣብ ዝቋረፀሉ እዋን ካልኦት ግልጋሎት ወሃብቲ 'ውን ብኡኡ ልክዕ ዝቋረፀሉ ኩነታት ከምዘሎን ዝገለፃ ወይዘሮ እቴነሽ፣ ሓይሊ ኤሌክትሪክ ናብቲ በረኻ ብምኻድ ብምዕራይ ኸዚ ግልጋሎት መብራህቲ ከምዝተጀመረን ፀገም ክፍጠር ከሎ ከዓ እናጠፍአ ከም ዝርከብ ኣፍሊጠን እየን።

ኣብ ከተማታት ትግራይ ሓለሓለፉ ናይ ስርቂ ኩነታት እንተሃለወ'ውን እቶም ፀገም ዝፈጥሩ ዘለዉ ጉጅለ ብዝምልከቶም ኣካላት ፀጥታ ፀገም ዝፍጠረሉ ምኽንያት ብምፅናዕ ኣብ ገበን ዝተዋፈሩ ድማ ናብ ሕጊ ንምቕራብ እናተሰርሐ ከምዝርከብ ገሊፀን።ኾይኑ ግና ካብቲ ቅድም ሐዚ ዝነበረ ኩነታት ፀጥታ ክርአ ከሎ ግና ሐዚ ዝሓሸ ለዉጢ ከምዘሎ እተን ሓላፊት ኣመልኪተን።

ጉዳይ ተመዛበልቲ ብዝምልከት ኣብ ትግራይ ኣብዚ ኸዚ እዋን 1ነጥቢ7 ሚልየን ተመዛበልቲ ከምዘለውን ኣብ ከተማ መቐለ ድማ ልዕሊ 150ሽሕ ተመዛባላይ ከምዝርከብ ዝገለፃ ወይዘሮ እቴኔሽ፣ ቁፅሪ ተመዛበልቲ ስለዝበዝሐ ሓገዝ ንምሃብ ይኹን መፅለሊ ንምርካብ ንግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ እውን ፈታኒ ኾይኑ እዩ ኢለን።

ተመዛበልቲ ኣብ ዝተፈላለያ ቤት ትምህርቲ ኣፅሊሎም ከምዝነበሩን ኣብዚ ኸዚ እዋን ድማ ትምህርቲ ኣብ ንምጅማር እናተሰርሐ ስለዝኾነ ካልኦት መማረፅታት ንምውሳድ እናተሰርሐ ከምዘሎ ገሊፀን እየን።

ኣብ ዓድዋ ፣ሽረ፣ ኣክሱምን ዓድግራትን ዝኣመሰሉ ከተማታት መፅለሊ ንክስራሕን ከምኡ ድማ ፅሬት ጥዕና ትምህርትን ብዘማለአ መልክዕ ተፀኒዑ ናብ ስራሕ ከምዝእቶ ዝገላፃ ወይዘሮ እቴነሽ፣ ናይ መቐለ ኣብ ውሽጢ ኽልተ ሰሙን ተሰሪሑ እቶም ኣብ ቤት ትምህርቲ ዘለዉ ናብ ዝተዳለወሎም መፅለሊ ንከሓልፉ፣ እቶም ኻልኦት ድማ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ወርሒ ተሰሪሖም ኩሎም ተመዛበልቲ ናብ ዝተዳለወ መዕቖቢ ንክኣትዉን ቤት ትምህርትታት ድማ ናብ ግልጋሎት ትምህርቲ ንክኣትው ምንቅስቓስ እናተገበረ ከምዝኾነ ወሲኸን ገሊፀን።

ምስ ሓገዝ ተዳሓሒዙ ድማ ኣብ ትግራይ ሓገዝ ናብ ዝተፈላለየ ወረዳታት እናተሰራጨወ እንተኾነ'ውን ኣብ መንገዲ ናብቲ ቦታ ንከይበፅሕን ንከይኣቱን እናተገበረ ከምዝኾነ እዚ ድማ ሓገዝ ብእዋኑ ንኽይበፅሕ ዕንቅፋት እናኾነ እዩ ኢለን እየን።

# ዕዱም ጋሻ

## ‹‹ኹሳትና ንሃገርና ነናይ ባዕልና...

**ሕቶ:-ብናይ ባዕልኻ ተበግሶ ብዛዕባ ዓብዪ ግድብ ህዳሰ ኣብ እትገብሮ ፃዕሪ ካብ መንግስትን ዝምልከቶም ኣካላትን እኹል ድጋፍ ረኺብ እየ ኢልካዶ ትኣምን?**

**ኣይተ መሐመድ ኣልኣሩሲ:-**ኣብ ዞርያ ግድብ ህዳሰ ኣዝዩ ልዑል ዝበሃል ድጋፍ እዩ ተገይሩለይ። ብኣውሩኡ ዘሐጉሰኒ ድማ ካብ ህዝቢ ኢትዮጵያ ዝረኸብክዎ ፍቕሪ እዩ። ካብ ሕድሕድ ሰብ ዝረኸቦ ፍቕርን ኸበሬታን ዝገርም እዩ። ንግድብ ህዳሰ ጠጠው ብምባለይ ዝያዳ ሕጉስ ገይሩኒ እዩ። ብናተይ እምነት ግድብ ህዳሰ መለለዩ ኢትዮጵያ እዩ። ናይዚ ትውልዲ ዓሻራ እዩ። ዓብዪ ፕሮጀክት እናሰራሕና ግን ድማ ኻሊእ ኣካል ዘይንጎድኣሉ ብምኳኑ ድማ ዝያዳ የኹረዐኒ። በዚ መንፅር ኢትዮጵያውያን ንዝሃቡኒ ክብሪ ልዑል ምስጋና ከቕርብ ይፎቱ። ብዙሓት ሰባት ከዘራርብ ከለኹ ብዙሕ ናይ ናብራ ፀገም እናሃለዎም ብዛዕባ ሃገሮም ክጭነቑን ሙሉእ ትኹረቶም ንሃገሮም እንትህቡ ኣስተውዒለ እየ። ብዙሕ ፀገም እናሃለዎ ብዛዕባ ሃገሩ እንትልዓል ናይ ባዕሉ ረሲዑ ንሃገሩ ክጭነቕ ይጅምር። እዚ እዩ ዝበለፀ ክጥንክርን ክበረታታዕን ዝገበረኒ። ኣብ ሕድሕድ በዓል ስልጣንን ኢትዮጵያውን እዚ ፍቕሪ ሪአ እየ። ፍቕሪ ሃገር ክብልፁን፤ልዕሊ ኹሉ ክሓስቡ ብምርኣየይ ተበረታቲዐ እየ። ስለ ዝኾነ ድማ ልዕሊ እዚ ድጋፍ ኣሎ ኢለ ኣይኣምንን። ካብዚ ብተወሳኺ ድማ ኹልና ኢትዮጵያውያን ሐዚ'ውን ኣብ ልምዓት ክንቕፅል ኣለና። ሃገርና ኣብ ምድጋፍ፣ንሃገርና ጠጠው ምባልን ምስራሕን ይግበአና። ኹላትና ንዕብየት ሃገርና ናይ ባዕልና ዓሻራ ክነዕርፍ ክንክእል ኣለና። ንዝገበርኩምለይ ድጋፍ ኣዝየ የመስግን ክብል ይፈቱ። ኹሉኹም ኢትዮጵያውያን ይኾርዐልኩም እየ። እቲ ዘለና ፍቕሪ ድማ ብተግባር ክንገልፅ ኣለና። ብሓባር ብምስራሕ፣ብሕብረት ጠጠው ብምባል፣ብሓባር ብምስኳምን ፅቡቕ ዘይኮነ ነገር ብምዕራይ፤እቲ ፅቡቕ ድማ እናሐየልና ብሓባር ንቕድሚት ክንሰጉም ኣለና።

**ሕቶ:-ግብፅን ሱዳንን ዓለምለኻዊ ፅዕንቶ ንምፍጣር ዝገብርኦ ዘለዋ ጉያ ክንደየናይ ውፅኢታዊ እዩ ኢልካ ትኣምን?**

**ኣይተ መሐመድ ኣልኣሩሲ:-** ሓቅኺ ኢኺ ዓብዩ ፅዕንቶ ብወገን ግብፅን ብሱዳንን እናተገበረ እዩ። ብዝረኸበኦ ኣጋጣሚ ፅዕንቶ ንምፍጣርን እዚ ፕሮጀክት ንኸይዛዘም ዘይገብርኦ የለን፣፤እዚ ፍሉጥ እዩ። ኢትዮጵያ ግና ቕድሚ ሐዚ'ውን ወረርቲ ኣዋሪዳ ከም ዘባረረቶምን ሐዚ'ውን ንዝበፅሓ ዘሎ ፅዕንቶ ስዒራ ናብ እትደልዮ ልምዓት ክትበፅሕ እያ ዝብል እምነት ኣለኒ። ናይዘን ሃገራት መንግስታት ዝገብርዎ ፅዕንቶ እንተሃለወ'ውን ኣብ መንጎ ህዝብታት ሰለስቲአን ሃገራት ዘሎ ርክብ ግና ፅቡቕ እዩ። ብምኳኑ ድማ ንሕና ክንሰርሖ ዝግበአና ነዚ ብምጥንኻር ናብ ምርድዳእ እንትንኣቱ ዝበለፀ እዩ። ኾይኑ ግና ሕማቕ ነገር ዝሓስብ ሐዚ'ውን ኣሎ። ኣፍቲ ጎደቦ ዘይምርግጋዕ ክፍጠርን፣ረብሻ ዝደልዩ ኣካላት ኣለዉ። ነዚኣቶም ድማ ግቡእ ምላሽ ክንህቦም ይግባእ። ኣድላዪ ምንቅስቓስ ክንገብር ይግበአና።

**ሕቶ:-ብመዳይ ሕብረት ኣፍሪካ ዝግበር ዘተ ክንደየናይ ዘዋፅእ እዩ?ብወገን ኢትዮጵያ ዝተርፉ ስራሕቲ ክንደየናይ እዮም?**

**ኣይተ መሐመድ ኣልኣሩሲ:-**ኢትዮጵያ ብመዳይ ዲፕሎማሲ ይኹን ብኻልኦት ጉዳያት ዓብዩን ብዙሕን ስራሕ ትፅቢት ይግበራ። ከምዝገለፅኽዮ ድማ ኢትዮጵያ ዓብዩ ቦታ እትህቦ ንኸምዚ ዝበሉ ዓበይቲ ድርድራት እዩ። ብመንፅር ክብርን ኣፍልጦን ሕብረት ኣፍሪካ እትገብሮ ምንቅስቓስ ዝድነቕ እዩ። ብፍላይ ንሓድነት ኣፍሪካውያንን ፀገሞም ብሓባር ምፍታሕ ከም ዝኽእሉ መርኣያ እዩ። ምኽንያቱ ድማ ፀገማት ኣፍሪካ ክፍትሑ ዝግበኦም ኣብ ኣፍሪካ እዩ። ገበናና ናብ ደገ ምውፃእ ዓብዩ ውርደት እዩ። ኣማራፂ እንትሰኣን ጥራሕ ኢና ክነውፅኦ ዝግበአና። ኾይኑ ግና ከምቲ ዝበልክዮ ነገራት ዘበላሸዉ ኣካላት ኣለዉ እዮም። ነዚ እየ ኣብ ኢትዮጵያ ብዙሕ ክንሰርሕ ኣለና ዝበልኩ። ብብርኪ ዲፕሎማሲ ይኹን ካብዚ ብዘይንእስ መልክዑ ኣብ ወፍሪ ሚዲያ'ውን ዓብዩ ስራሕ ትፅቢት ይግበር። እዚ ድማ ክኸውን ዘለዎ ኣዝዩ ብዝተፀንዐ መገዲ እዩ። መንግስቲ ኢትዮጵያ ብመዳይ ዲፕሎማሲ ዝገብሮ ዘሎ ፃዕሪ ብጣዕሚ ዝድነቕን መላእ ኢትዮጵያውያን ኣኹሪዑ እዩ። ሐዚ ውን ብዙሕ ስራሕ ትፅቢት ይግበር።

**ሕቶ:-ግብፂ ምስ ሃገራት ዓረብ ብዘለዋ ተቐባልነት ክተብፅሖ እትኽእል ፅቕጢ እንታይ እዩ?እተን ሃገራት ሐዚ ኣብ ግድብ ህዳሰ ዘለወን ቅዋም እንታይ እዩ?**

**ኣይተ መሐመድ ኣልኣሩሲ:-** ከምዝፍለጥ ግብፂ ኣብ ሃገራት ዓረብ ይኹን ኣብ መላእ ዓለም ዓብዩ ቦታ ዘለዋ ሃገር እያ። ኢትዮጵያ'ውን ነዚ ትፈልጥ እያ፤ኣይከሓደትን። ንግብፂ ዘለዋ ክብሪ ድማ ብተመሳሳሊ ኢትዮጵያ'ውን ኣብ ዓለም ይኹን ኣብ ኣፍሪካ ኣለዋ እዩ። ኻሊእ ይትረፍ ብሃገራት ዓረብ'ውን ዓብዩ ክብርን ታሪኽን ዘለዋ እያ፤ ዓብዩ ሃፍቲ ዘለዋ ሃገር እያ። ብኣቀማምጥኣ'ውን እንተኾነ ብሃገራት ዓረብ ዓብዩ ስፍራ ዘለዋ ሃገር እያ። ብመንፅር እዚ ዝገብሮም ዘተታትን ቃለ መሕትትን ንኢትዮጵያ እናፋለጥኹዋ እየ ዘለኹ። ከምቲ ዝፍለጥ ምስ ሃገራት ኣዕራብ ዝነበረና ርክብ ዓብዩ ክፍተት ኣሎ። ሃገራት ኣዕራብ ብዛዕባ ኢትዮጵያ ዋላ ሓንቲ ኣይፈልጡን ነይሮም። ግብፂ ጥራሕ እያ ናይ ባዕላ ኣጀንዳ እናመሓላለፈት ፀኒሓ። ብዘለውዋ ብርክት ዝበሉ ሚዲያታት ብምጥቃም ናይ ባዕላ ፀገማት እናገለፀት እያ ፀኒሓ። ብኣንፃሩ ብወገን ኢትዮጵያ ምላሽ ኣይነበረን። እቲ ክፍተት እዩ ንዚ ሐዚ ተፈጢሩ ዘሎ ፀገም ምኽንያት ኾይኑ ዘሎ ዝብል እምነት ኣለኒ። ሃገራት ኣዕራብ ኣሕዋትና እዮም፤ምስዚ ተተሓሒዙ ዘለና ፅቡቕ ርክብ ብምጥቃም ጉዳያትና ብመዳይ ኽልቲና ክሪእዎ ክንገብር ይግበአና። ንዓና ተዘይሓገዙ'ውን እቲ ሓቂ ክሪኡን ክፈርዱን ክንገብር ክንክእል ኣለና። ኣብዚ ሐዚ እዋን ኢትዮጵያውያ እቲ ዝነበራ ክፍተት እናመሓየሸት እያ። ብዛዕባ መሰላ ይኹን ግቡኣ ብዝግባእ እናመሓላለፈት እያ።



**ሕቶ:- ክተረደኣና ዶ?**

**ኣይተ መሐመድ ኣልኣሩሲ:-**ኣብዚ ዞርያ ዝገብሮ ነገር ክገርመኩም ይኽእል እዩ። ፈለማ እቲ ዝነዝሕዎ ግጉይ መረዳእታ ይሕዝሞ፤ኣፍቲ ዞርያ መረዳእታ የተኣኻኽብ። እሳቶም ዘውፅእዎ መረዳእታ ሒዘ እየ ብዛዕባ ኢትዮጵያ ዝዛረብዎ ዘረባ፤እቲ ሓቂ ንምፅራይ ፃዕሪ ይገብር። ከምቲ ዝበልክዮ ፈለማ መረዳእታ ንምርካብ ኣፀጋሚ እዩ ነይሩ። ይኹን'ምበር ሓደሓደ እዋን ሙሉእ መረዳእታ ክስእን ከለኹ ሙሉእ እምነት ስለዘለኒ ብድፍረት ነቲ ዝብልዎ ተፃራሪ ምላሽ እየ ዝዛረብ። ኾይኑ ግና ኹሉ ግዘ ሓቂ ኾይኑ ይርከብ። ምስ ዝእመኑ ኣካላት ከውግዕ ከለኹ ልክዕ ኢኻ ይብሉኒ። ሐዚ ድማ መረዳእታ ምርካብ ቐሊል ኾይኑ ኣሎ። ኣጥዕየ እየ ዘንብብ። ምኽንያቱ ድማ ኣብ ሚዲያታት እንትቐርብ ተወዳዳሪ ክኸውን ስለዘለኒ፤ብቑዕ ኾይነ ንኽርከብ ፃዕሪ ይገብር እየ።

**ሕቶ:-ንስኻ ካብ እትፍለጠሉ ጉዳይ ብዝተፈለየ ኣብዚ ሐዚ እዋን ፓርቲ ብልፅግና ወኪልካ ኣብ ቤት ምኽሪ ንምውድዳር ዝደለኻሉ ፍሉይ ምኽንያት እንተሃልዩካ ተተረደኣና? ምስዚ ተተሓሒዙ እንተስዒርካ ኣብ ቋንቋ ዘለካ ኽፍተት ከመይ ኢኻ ትፈትሖ?**

**ኣይተ መሐመድ ኣልኣሩሲ:-** ዓብዩ ሕቶ ኢኺ ሓቲትኽኒ፤ካብ ልበይ ድማ ክምልስ ይደሊ። ፈለማ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ከገልግል ዝኸኣልኩ ብምኽንያት ህዝቢ ኢትዮጵያ እዩ። ብፍላይ ድማ ብሚድያ ገይረ ንሃገረይን ንህዝበይን ጠጠው ብምባለይ እዩ። ዝኾነ ዕድል እንትረክብ ምጥቃመይ ኣይተርፍን። ንዝሰርሖም ስራሕቲ ዝበለፀ ይሕግዘኒ እዩ፤ለውጢ ክረኽበሉ እየ ኢለ ስለ ዝኣመንኩ እየ ናብዚ መረፃ ዝኣተኹ። ሓደ ሓደ ኣካላት ንምንታይ ናብ ፓርቲ ትኣትው?ህዝቢ ኢትዮጵያ ገዲፍካዮ ዲኻ?እናበሉ ይሓቱኒ እዮም። ኣነ ህዝቢ ኢትዮጵያ ኣይገደፍክዎን እኳድኣስ ዘበለፀ ንምግልጋል ኢለ እየ ናብዚ ዝኣተኹ። ዘበለፀ ድምፂ ህዝቢ ኢትዮጵያ ንምኳን ኢለ እየ ናብዚ ዝኣተኹ። ናብ ፓርቲ ምእታወይ እቲ ዝሓዝክዎ ዕላማ ዘዐንቅፈኒ እንተኾይኑ ዓርሰይ ክግልል ይኽእል እየ። ምኽንያቱ ድማ ነቲ ዝሓዝክዎ ስራሕ የጠናኽረለይ ኢለ'ምበር ስረሐይ ዘብድየኒ ክኸውን የብሉን። ብምኳኑ ድማ ብዝበለፀ ሃገረይ ንኸገልግል ኢለ እየ ናብ መረፃ ዝኣተኹ። ብዙሓት ኢትዮጵያውያን ኣብ ጎነይ ከምዝኾኑ እምነተይ እዩ።

ኻሊእ ክዛረቦ ዝደልይ ናብ ፖለቲካ ምእታወይ ይኹን ናብ ፓርቲ ምእታወይ ንዓይ ፅቡቕ ወይ ድማ ሕማቕ ኣይገብረንን። ምኽንያቱ ብስርሐይ እየ ዝዕቀን። ብተወሳኺ ድማ ኣነ ናፍቲ ፓርቲ ብምእታወይ ዝውስኸሉን ዝንከየሉን ነገር የለን። እቲ ዋና መሰረት በቲ እንሰርሖ ስራሕ ኢና እንዳነ። ስለዝኾነ ድማ ዝኾነ ፓርቲ ሰብ ሰራሕ እዩ። ናይ ፈጣሪ ስራሕ ኣይኮነን። ስለ ዝኾነ ሰብ ሰራሕ ጌጋታት ክህልዉ ይኽእሉ እዮም፤ይኹን'ምበር እቲ ጌጋ ብሓባር ኾይንና ክነዐርዮን ክንፈትሖን እዩ ዝግበአና። እቲ ፓርቲ ዝጠቅም ነገር እንተሃሊይዎ ድማ ንዑኡ ንምጥንኻር ብሕብረት ክንሰርሕ ከለና እዩ።

ምስ ቋንቋ ኣተሓሒዝኪ ዘልዐልክዮ ሕቶ ፈለማ ህዝቢ ኢትዮጵያ እንትቕበለኒ ናይ ምርድዳእ ፀገም ኣይገጠመንን። ኣነ'ውን ከመይ ገይረ እየ ንዝመርፀኒ ህዝቢ ሓሳበይ ዝገልፅ?ኢለ ንቤት ምኽሪ ሓቲተ ነይረ። ብዙሕ ሰብ ዘይክፈልጥ ይኽእል እዩ፤ኾይኑ ግና ዓብዩ ቴክኖሎጂ ከምዝኣተወ እዮም ነጊሮምኒ። ሐዚ'ውን እንተኾነ ኣምሓርኛ ዘይኽእሉ ኣባላት ኣለዉ እዮም። እቲ ቴክኖሎጂ ኣዝዩ ዝተራቐቐን ንተዛራቢ ይኹን ንሰማዒ ዝትርጉም ከምዝኾነን ስለዝነገሩንን ስለዘበረታትዑንን እየ ናፍቲ ጉዳይ ኣትየ። ይኹን'ምበር ከምዚ ስለዝበሉኒ ሱቕ ኣይበልኩን ብዙሕ ተዘይኮኑኩ'ውን ብዘለኒ ዓቕሚ ቋንቋ ንምልማድ እናፀዓርኹ እየ። ምናልባት ንቐፃሊ ዘደንቑ ነገራት ክትሪኡ ትኽእሉ ኢኹም።

## ‹‹ሰላምን ምርግጋዕን...

ይግበኦ። ብርግፅ ምቕላዕ ጀሚሩ ኣሎ እዩ። ግና ክንድትዝድለ ኣይኮነን። ነቲ ኣብ ትግራይ ዝግበር ዘሎ ወፍሪ ምኽባር ሕጊ እቶም ናይ ሓሶት ፕሮፖጋንዳ ዝነዝሑ ኣካላት ‹‹ዓሌት ናይ ምፅናት እዩ›› ኢሎም እዮም ዘቕርብዎ ዘለዉ። ኮይኑ ግና እዚ ፕሮፖጋንዳ ንህዝቢ ዘደናግር እምበር ዝጠቅም ኣይኮነን። እዚ ኣብቲ ባይታ ዘየለ ፕሮፖጋንዳ እዩ። ነዚ መንግስቲ ኣብ ምቕላዕ እናሰርሐ ነቲ ሓቂ ከውፅኦ ኣለዎ። በርግፅ እቲ ሓቂ ቐስ ብቐስ እናወፅ ይኸድ ኣሎ እዩ።

መንግስቲ ዓለም ለኸ ሚድያታት ኣትዮም ክፅብፅቡ ምፍቃዱን ክምኡ እውን ትካላት ሰብኣዊ መሰል ደቂ ሰባት ኣትዮም እቲ ኣብ መሬት ዘሎ ሓቂ ክፅንዑ ምግባሩ ዝንእድ ተግባር እዩ። እዚ ኩልና ንድግፎ ሓሳብ እዩ። እቲ ኣብ መሬት ዘሎ ሓቂ ኣየሪኻ ንህዝቢ ግልፂ ክግበር ኣለዎ። ነዚ ክንዉድብድዎ ዝደልዩ ዘለዉ ኣካላት ከዓ ቦታ የብሎምን እዩ። ንሳቶም ክሕተትሉ ዝግበኦም እዩ ንመንግስቲ ተሓታቲ ክገብሩ ዝደልዩ ዘለዉ። ኣብ መከላኸሊ ሰራዊት ሃገር ጀኖሳይድ ዝፈፀመ እኮ ህወሓት ባዕሉ እዩ። ህወሓት ህዝቢ ነንባእሉ ከጫፋጨፍ እዩ ደልዩ ነይሩ። ግና ህዝቢ መስተውዓሊ ስለ ዝኾነ ነዚ ኣይገበሮን። ህወሓት ከምዝሓሰቦ ክኾነሉ ኣይካኣለን የግዳስ ኩሉ ዝሓሰቦ ፈሺሉ ቐርዩ እዩ።

መንግስቲ ፅቡቕ ዝባሃል ስጉምቲ ወሲዱ እዩ። እዚ ክምስገን ዝግበኦ ተግባር እዩ። ኣብ ከይዲ ወፍሪ ምኽባር ሕጊ ዝተፈፀሙ ጌጋታት ብኣግባቡ ተመርሚሮም መስተኻኸሊ ክግበረሎም ኣለዎም። ህዝቢ ‘ውን ካብ ምድንጋር ወፂኡ ነገራት ብደንቢ ሪኡ ከመዛዝን ኣለዎ። ከም በዓል ሚድያ ቲ.ኤም.ች (TMH) እናሰምዐ ክዳናበር የብሉን።

**ወጋሕታ:- ቀዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣብዩ ካብ ሕዚ ንድሓር ህወሓት ኣብ ንፋስ ዝተበተነ ሓሩጭ ማለት እዩ ኢሎም ኣብ ፓርላማ ተዛሪቦም ምንባርም ይዝከር እዩ። ንስም ኣብዚ ሓሳብ እዚ ዘለዎም ርኢቶ እንታይ እዩ?**

**ኢንጅነር ግደይ:-** ሓቂ እዩ፤ እቲ ዋና ዝባሃል ሓይሊ ተወቒዑ እዩ፤ ሕዚ ተረፍ መረፍ እዮም ዘለዉ። ኮይኑ ግና እዚኦም ተኣኻኺቦም ከይጠናኸሩ መንግስቲ ስጉምቲ ክወስድ ኣለዎ። መንግስቲ ብዙሓት ጥራሕ ተይኮነ ብፖለቲካ ‘ውን ከዳኽሞም ኣለዎ። ህዝቢ ትግራይ ህወሓት ዘይጠቕሞ ምኳኑ ሪኢዎ እዩ። ነዚ ‘ውን እዩ ኣብ ዝሓፀረ እዋን ክፈርስ ዝኸኣለ። ብልቡ ኣሚንሉ ዝቃለስ ተጋዳላይ የለን። መንግስቲ ካብ ህወሓት ዝሓሸ ኮይኑ እንተተረኺቡ ህወሓት ብህዝቢ ድጋፍ ክረክብ ኣይኽእልን። ስለዚ መንግስቲ ኣብ ህዝቢ ዝበለፀ ኣሰራርሓ ክርኢ ኣለዎ። ህወሓት ድሕሪ ሕዚ ክትስእ ኣይኽእልን እዩ። መንግስቲ ዝሓሸ ኣሰራርሓ ዘርኢ ተኾይኑ ህዝቢ ባዕሉ ኣብ ጎኒ መንግስቲ ፌዴራል ክኸውን ይኽእል እዩ። ስለዚ ኣብዚ ፀቒጡ ክሰርሕ ክኽእል ኣለዎ።

ብርግፅ መንግስቲ ክሳብ ሕዚ ዝኸዶ ከይዶ ንእሽተይ ኣይኮነን። እቲ ሕዚ ናይ ምዝራብ ናጽነት ተረኺቡ ዘሎ ቀሊል ኣይኮነን። ህዝቢ እኮ ክሳብ ሕዚ ብናጽነት ከይዛረብ ተዓፊኑ እዩ ነይሩ። ሓሳብካ ብናጽነት ክትገልፅ ምፍቃድ ዓብዪ ነገር እዩ። ሕዚ ከም ኣብ ፍትሒን ማዕርነትን ዝመሳሰሉ ነገራት ጉድለታት ከይህልዉ ትኹረት ገይሩ ክሰርሕ ኣለዎ።

**ወጋሕታ:- ህዝቢ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብፍላይ ምስቲ ብቐረባ ዝዳዋብ ህዝቢ ትግራይ ርክብን ሕውነታዊ ቀጠባዊን ክጠናኸር ከምዘለዎ መንግስቲ ገሊፁ እዩ። እዚ ከመይ ደሪእዎ?**

**ኢንጅነር ግደይ:-** እዚ ብጣዕሚ ደስ ዝብል ስራሕ እዩ። ንህዝቢ ዝጠቕሞ ‘ውን ከምዚ ዓይነት ርክብ እዩ። ኮይኑ ግና ክንርደኦ ዘለና ኣብ መንጎ ህዝቢታት ባእሲ ዝባሃል ነገር የለን። ባእሲ ዘሎ ኣብ መንጎ ፖለቲከኛታት እዩ። ነዚ ኣብነት ዝኾነና ቕድሚ ሕዚ እቲ ዶብ ክኽፈት እንትሎ ዝነበረ ስምዒት ፍቕሪ ክልቲኦም ህዝቢታት ርኢናዮ ኢና። ህዝቢ ብሰላምን ንግድን ተኣሳሲሩ ሓቢሩ ክልወጥ እዩ ዝደሊ። ርክብ ክልቲኦም ህዝቢታት ንምስላጥ መንገዲ ክኽፈት ኣለዎ። ዶብ ምናምን እናበልካ ህዝቢ ዘፋላሊ ነገር ክስራሑ የብሉን። ኢሳይያስ እውን ክሳብ ሕዚ ናይ ዶብ ነገር ኣየልዐለን ዘሎ፤ እዚ ፅቡቕ እዩ። እቲ ዝተባሀለ ናብ ተግባር ብምቕያር እንዳተግባርካ ክኸይድ ኣለዎ። ስለዚ ክልቲኦም መንግስቲታት ኣብዚ ኣብ ብፅምቀት ክሰርሑ ክኽእሉ ኣለዎም ዝብል ሓሳብ ኣለኒ።

**ወጋሕታ:- ንዝነበረና ፃንሒት የመስግን።**

**ኢንጅነር ግደይ:-**ኣነ'ውን የመስግን።

## ብምትሕብባር ኣካዳሚ ኣመራርሓ መለስ ዜናዊን ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ በቢሰሙን ዝዳለው ትምህርታዊ ፅሑፍ

# ተለዊጥና ኣብ ዝተለወጠትን ዝተሳገረትን ሃገር ናይ ባዓልና ዓሻራ ክነቐምጥ ይግባእ



ለውጢ ኣብ ውሽጡ ዝፍጠሩ ሕቶታትን ፅዕንቶ ከምኡ'ውን ናይ ወፃኢ ድፍኢትን ፅዕንቶን መልሲ ንምርካብ ብውልቀ ሰባት ፣ብጉጅለን ብትካላትን ዝስራሕ ከይዲ ውፅኢት ከምዝኾነ ብዙሓት ዝስማዕምዕሉ እዩ።

ኣብቲ ዘፈር ዝተዋፈሩ ሙሁራንን ባዓል ሞያታትን ለውጢ ሁለንተናዊ ለውጢ ማሕበረሰብ ንምዕባይ ፣ንምምሕያሽ ፣ንምፅራይን ንምስፋሕን በሪ ከምዝኸፍትን ቐፃልነት ዘለዎ ከይዲ ከምዝኾነ ካብ ምርዳእ ንላዕሊ ተፈጥሮኣዊ ብምኳኑ ስለዝደለናዮ ዝመፅእ ስለዘይደለናዮ ድማ ዝቐርይ ከይዲ ብዘይ ምኳኑ ብምርግጋፅ ኣስሚሮምሉ እዮም።

ካብ 2008 ዓ.ም ክሳብ 2009 ዓ.ም ኣብ ዝነበሩ ክልተ ዓመታት ህዝባዊ ዓመፃት ፣ህዝባዊ ቅሬታ ፣ብዙሕ ማእሰርቲ፣ምምዝባልን ኢ-ፍትሓውነትን ከምኡ'ውን ካልኦት ብዙሓት ጉዳያት ነቲ ለውጢ ጥንሲ ምኽንያት ከምዝነበሩ ፕሬዝደንት ኣካዳሚ ኣመራርሓ መለስ ዜናዊ ኣይተ ኣወሉ ኣብዲ ጠቒሶም እዮም።

ሃገራዊ ለውጢ ብሓደ ወገን ጎታቲ ኣተሓሳስባ እናነቐለን ኻልኣይ ግዘ ንከይበቕሉ እናገበረ ፣ብኻልእ ጎኑ ድማ እቲ ለዉጢ ዘዕብዩ ተግባራት እናዕበየ ፣ህዝባውን ሕገ መንግስታውን ትካላት እናወደበን እናዕበየን ኣብዚ ብርኪ በፂሑ እዩ።

እቲ ለውጢ ብተመሳሳሊ ትሕዝቶን ኣረዳድኣን ናብ መንግስታዊ ትካላት ወሪዱ እጃሞም ንክዋፅኡ ኣብ ዝተገበረ ፃዕሪ ሓደ ሓደ ትካላት ቐልጢፎም እቲ ለውጢ እንትላመዱ ካልኦት ድማ ፀኒሖም እንተኾነ'ውን ተፀንቢሮም እዮም።ናይቲ ለውጢ ባዓል ገዛን መራሕን ክኾን ዝግበኦ ኣመራርሓ ኣካዳሚ መለስ ዜናዊ ፌዴሪኢ ትፅቢት ብዝግበረሉ ልክዕ ናይቲ ለውጢ ኣካል እንተይኾነ ከም ደሴት ተንፂሉ እናነበረ ፀኒሑ እዩ።

ናይቲ ኣካዳሚ ፕሬዝደንት ኣይተ ኣወሉ ኣብዲ ከምዝበልዎ፣ እቲ ኣካዳሚ ናይቲ ለውጢ ኣካል ጥራሕ እንተይኾነስ ናይቲ ለውጢ መራሒ ክኾን እናተገበኦ በዚ ብርኪ ብዘይምርካቡ ተልእኾኡ ብኣግባቡ ንከይፍፀም ኾይኑ እዩ።ነዚ እውን ውሽጣውን ወፃእን ፀገማት ከምዝነበሮ ይእመን እዩ።እቲ ትካል ፀኒሑ'ውን እንተኾነ ካብ ለውጢ ማኣዲ ንምቑራስ ባዕሉ ኣዳሊዩ ናብ ስራሕ ኣትዩ እዩ።

እቲ ኣካዳሚ ሓድሽ ፕሬዝደንት ክምደበሉ ኸሎ ሃገራዊ ለውጢ ኣሰር ኣብቲ ኣካዳሚ ውሽጢ ንምቕፃል ፅቡቕ ኣጋጣሚ ከምዝተፈጠረ ብዙሓት ዝስማዕምዕሉ እዩ።ውሑዳት ኣመራርሓታት ብናይ ባዕሎም ተለዓዓልነት ዝጀመርዎ ምንቕስቓስ ጫፍ ዘብፅሕ ‹‹ቀፅሉ በርትዑ››ዝብል ኣመራራሓ ምምፅኡ ትካላዊ ለውጡ እምኒ ኹርናዕ ንምቕማጥ ፅቡቕ ኩነታት ፈጢሩ እዩ።ናይ ዕረያ(ሪፎርም) ስራሕ እውን ጀሚሩ እዩ።

ናይቲ ኣካዳሚ ፕሬዝደንት ኣይተ ኣወሉ ኣብዲ ትካላዊ ለውጢ ዘድለየሉን ዝተጀመረሉ ምኽንያት ከምዚ ይዝክሩ፣ ‹‹ሃገራዊ ለውጢ ናይቲ ትካል ግደ ዝላዓለ ከምዝኾነ እንተተኣመነ'ውን ፣እቲ ኣካዳሚ ሃገራዊ ለውጢ ተቐቢሉ ንምምራሕ እንትግበኦ ብተቓራኒ ባዕሉ ምስቲ ለውጢ ምኻድ ብዘይ ምኻኣሉ ብሕጊ ዝተውሃቦ ተልእኾ ብኣግባቡ ምስራሕ ብዘይምኽኣሉ ትካላዊ ለውጢ ንክህሉ ግድን ኾይኑ እዩ። ካብዚ ብምልዓል ኣብ ፈለምታ ናይቲ ትካል ኣመራርሓን ባዓል ሞያታትን ምቕያርን ምስልጣንን ኣለዎም ዝብል ሓሳብ ብምሓዝ ብዛዕባ ትካላዊ ለውጢ ኹሉ ሰራሕተኛ ሓበራዊ ዝኾነ ግንዛበን ኣረዳድኣን ንክህልዎ በቢደረጅኡ እናዛተናን እናሳተፍናን ሰራሕተኛን ኣመራርሓን ናይቲ ለውጢ ኣካል ጥራሕ እንተይኾነስ ናይቲ ለውጢ መራሒ ንክኸውን ሰሪሕና ኢና››።

ኣይተ ኣወሉ ትካላዊ ለውጢ ሽቶን ክብፅሖ ዝግብኦን ከቕምጡ ኸለዉ ክፍተት ዝፈጥሩ ፀገማት ተፈልዮም ትካላዊ ምምሕያሽ እናተሰርሐ እዩ ኢሎም እዮም።መንግስታዊ ትካል ብምኳኑ መንግስታዊ ትካል ኣመራርሓታት ዘሰልጥን ትካል ንክኾን ንምግባር ዝተፈላለዩ ስርዓት ኣሰራርሓ እናሰርሑ ከምዝርከቡ ናይቲ ኣካዳሚ ፕሬዝደንት ኣይተ ኣወሉ ኣብዲ ተዛሪቦም እዮም።

ናይቲ ኣካዳሚ ፕሬዝደንት ኣይተ ኣወሉ ኣብዲ ምስ ናይቲ ትካል ተልእኾ ዝተድሓሓዘ ናይ ኻልኦት ግንዛበ ዝተዛበዐ ከምዝኾነ ጠቒሶም እዮም።እቲ ትካል ናይ ገዛኢ ፓርቲ መፈፀሚ ትካል ኾይኑ እዩ እናተብሃለ ኣብ ዝልዓል ጉዳይ ሓሳቦም ዝሃቡ እቶም ፕሬዝዳንት ፣እቲ ትካል መንግስታዊ ፖሊስን ስትራቴጅን ምስራሕን ንክስራሕ ምግባርን መሰሉ ጥራሕ እንተይኾነስ ግዴትኡ እውን ከምዝኾነ ተዛሪቦም እዮም።እቲ ገዛኢ ፓርቲ ብህዝቢ ዝተመረፀ ክሳብ ዝኾነ ናይቲ መንግስቲ ፖሊሲን ስትራቴጅን ተቐቢሉ ምፍፃምን ክፍፀም ምግባርን ናይቲ ኣመራርሓ ጥራሕ እንተይኾነስ ናይ ሰቪል ሰርቫንት እውን ግዴታ ከምዝኾነ እውን ኣስታዊሶም እዮም።ዝተዛበዐ ኣመለኻኽታ ንምስትኽኻል ሰፊሕ ስራሕ ከምዝጥይቕ እውን ይኣምኑ እዮም።ምስቲ ትካል ሽም በምድሕሓዝ ናይ ፓርቲ ከምዝኾነ ዝሓስቡ ኣለዉ እዚ ግና ስሕተት እዩ ይብሉ እቶም ፕሬዝዳንት ።

‹‹እዚ ኣካዳሚ መንግስታዊ ትካል እዩ፣ብህዝቢ በጀት ዝመሓደር ኣፍልጦ ዘለዎ ሕጋዊ ቤት ፅሕፈት እዩ፣ዋና ትልእኽኡ ድማ ዝተፈላላዩ ኣመራርሓ ብቑዓት ምግባር እዩ።ኣመራርሓ ኣብ ከይዲ ለውጢ ውሽጢ ካብ 40 ክሳብ 50 ሚኢታዊ እጃም ኣለዎ ተባሂሉ ይእመን።ስለዚ ሃገርና ዝጀመረቶ ጉዕዞ ብልፅግና ኣብ ሸትኡ ንምብፃሕ ናይቲ ኣመራርሓ ግደ ዓብይ ክምኾነን እዚ ንምርግጋፅ እቲ ኣካዳሚ ብዙሕ ምስራሕ ኣለዎ››ኢሎም እዮም።

መንግስቲ ካብቲ ትካል እንታይ እዩ ዝደሊ? ዝብል ቁልፊ ሕቶ ብምሓዝ ድልየቱ ዝምጥን ዝኽእል መልሲ ምድላው ከምዝግባእ እቶም ፕሬዝዳንት ይኣምኑ።ብፍላይ ካብ ሓፀርቲ ስልጠና ኣንፃር ናይ ሰነድን ሰብ ሓይሊ ምድላውን እኹል ብዝኾነ መልክዑ የድሊ እዩ።ናይ ፖለቲካ ፣ስቪል ሶሳይቲ ፣መራኸቢ ሓፋሽ ፣ወታደር፣ቢዝነስን ካልኦት ኣመራርሓ ዓይነት ከምዘለዉ ዘስታወሱ እቶም ፕሬዝዳንት እቲ ትካል እዚኦም ብምክፍፋል ስልጠና ምሃቡ ካብ ትኩረት ፣ካብ ጊዜ ፣ካብ ግዴታን ካብ ብዝሓት ኣንፃር መንግስቲ ገዛኢ ፓርቲ ዓብይ እጃም ክሕዝ ከምዝኽእል ብምሕሳብ ኣብ ስልጣን ዘሎ ፓርቲ ናይ መንግስቲ ፖሊስን ስትራቴጅ ምፍፃም ሕገ መንግስታዊ ግዴትኡ ስለዝኾነ ሰፍሕ ዝበለ ስልጠና ስራሕ ከምዘድልይ ይገልፅ።

እቶም ፕሬዝዳንት ኣብ መልእኽቶም ናይቲ ትካል ሰራሕቲ ተሎ ንክጅመሩን ትኹረት ተዋሂብዎም ኹሉ ተረባሪቡ ብግዜ የብልናን መንፈስ እተተሰሪሑ ብጣዕሚ ቕልጡፍ ብዝኾነ ግዘ ፅሬት ዘለዎ ስራሕ እቲ ትካል ናብ ሓደ ብርኪ ምስጋር ከምዝካኣል ተዛሪቦም እዮም።ንሕና ተለዊጥና ዝተለወጠትን ዝተሳገረትን ሃገር ናይ ባዕልና ዓሻራ ክህልወና ከምዝግባእ ኣገንዚቦም እዮም።

**ኣድራሻ**
በሌ ሩዋንዳ ሸዋ የገበያ ማዕከል አጠገብ
ስልክ:- 011 893 26 55
ፖ.ሣ.ቁ:- 7254
Website http:// www.mzla.edu.et
Email info@mzla.edu.et
Face book www.facebook.com/
meleszenawileadershipacademy

# ነፃ ሓሳብ

# ንፀገማት ኣፍሪካ
# ኣፍሪካዊ ፍታሕ

**መኣርግ ገ/ሄር**

ኣፍሪካውያን ናፅነቶም ምስ ኣረጋገፁ ውድብ ሓድነት ኣፍሪካ ዝመስረቱ ንምርድዳእ፣ ንምትሕግጋዝን ሓቢርካ ንምልማዕን ከምኡ'ውን ውሽጣዊ ይኹን ደጋዊ ተጓንፎታት ኣብ ዘጋጥምዎም እዋን ብሰላማዊን ብዝሰልጠነ መገዲ ንምፍታሕ ብምሕሳብ እዩ። ኣባል ሃገራት እቲ ሕብረት‹‹ንኣፍሪካዊ ፀገማት ኣፍሪካዊ መፍትሕታት›› ኣብ ዝብል መትከል ተመስሪቶም ተመኻኺሮምን ተኣራሪሞሙን ብሓባር ናይ ምስራሕ ባህሎም ንምዕባይ እናሰርሑ ይርከቡ።

ተማራማሪ ፖለቲካል ሳይንስ ዝኾነ ፕሮፌሰር ቴሪ ሜይስ "African Solutions for African Problems: The Changing Face of African-Mandated Peace Operations" ብዝብል ርእሲ ብዝፀሓፎ ፅሑፍ ‹‹ንፀገማት ኣፍሪካ ኣፍሪካዊ ፍታሕ›› ብዝብል መትከል እቲ ዕላማ ሃገራት ኣፍሪካ ናይ ባዕሎም ፀገም ብባዕሎም ምፍታሕን ኣብ ውሽጢ ኣህጉራዊ ጉዳያት ናይ ደገ ፅዕንቶ ንምቕናስ ምዃኑ ይገልፅ።

ኢትዮጵያ ፀገም ኣፍሪካ ብኣፍሪካውያን ክፍትሑ ፅኑዕ ቕዋም ካብ ዘለዎን ግንባር ቀደም ሃገራት ሓንቲ እያ። ናይ ታሪክ ሙሁራት ከምዝገልፅዎ ኢትዮጵያ ውድብ ሓድነት ኣፍሪካ ክምስረት ብምግባር ወሳኒ ግደ ኣበርኪታ እያ። ኣፍሪካውያን ፍቕሮምን ሓድነቶምን ኣስጢሞም ንሓበራዊ ዕቤት ክሰርሑ ከምኡ'ውን ፀገሞም ብባዕሎም ክፈትሑ ኢትዮጵያ ዝተፃወተቶ ግደ ልዑል ከምዝኾነ ይዝረብ።

ኢትዮጵያ ምስ ጎረቤት ይኹን ካልኦት ሃገራት ብሕውነትን ብምትሕብባርን ሓቢርካ ናይ ምስራሕን ምልማዕን ዝፀንሐ ባህሊ ዘለዋ ሃገር እያ። ናይ ነዊሕ ዘመን ታሪኽን ዓቕምን ዘለዋ ብምዃና ንኻልኦት ሃገራት ንምሕጋዝ ፃዕሪ ካብ ምግባር ሓሊፉ ንዝኾነት ሃገር ነኺኣ ኣይትፈልጥን። እኳዳኣስ ምስተን ሃገራት ብዘለዋ ጠንካራ ሕውነት፣ ግብረ ሽበራ ብምውጋእ፣ ሰላም ኣብ ምኽባር ተልእኾኣ እትፍለጥ ሃገር እያ። ምስ ካልኦት ጐረባብቲ ሃገራት ኰይና ሓቢርካ ንምልማዕ ድሌት ስለዘለዋ ብመሰረተ ልምዓት ንምትእስሳርን ንምጥንኻር ዘመን ዝሳገሩ ፕሮጀክትታት እናሰርሐት ትርከብ። ነዚ ኣብነት ዝኸውን ሓደ ዓብዪ ግድብ ህዳሰ ኢትዮጵያ እዩ።

ህንፀት ዓብዪ ግድብ ህዳሰ ኢትዮጵያ ካብ 24 መጋቢት 2003 ዓ.ም እምኒ ኩርናዕ ምስ ተነበረሉ ጀሚሩ ብምኽንያት ግብፅን ሱዳንን ብዘልዕልዎም ተቓያየርቲ ጥርዓናት ንብዙሕ ግዘ ዘተን ምኽክርን ዝተኻየዱ ዋላ ይኹኑ ክሳብ ሕዚ ኣማላልኣ ማይን ኦፕሬሽንን መዕለቢ ኣይተረኸበን። ኢትዮጵያ ሰለስቲኦን ሃገራት ሓቢርካ ናይ ምልማዕ ድሌት እትድግፍ'ምበር ፈፂማ ጉድኣት ከምዘይተብፅሕ ብተዳጋጋሚ ዋላ ትግለፅ ክልቲኦን ሃገራት ግና ካብ ምቕዋም ንድሓር ኢለን ኣይፈልጣን።

ብፍላይ ግብፃውያን ‹‹ሩባ ናይል ካብ ፈጣሪ ዝተዋሃበና ውህብቶ እዩ፤ ናይቲ ማይ ሰብ ዋና ንሕና ኢና›› ክሳብ ምባል ዝበፅሐ ቕዋም ብምሓዝ ኣብ ሩባ ኣባይ ዝኾነ ዓይነት ልምዓት ከይስራሕ ንዘመናት እናሐንኮሉና ነይሮም እዮም። ናይ ግብፂ ፕሬዝዳንት ዝነበሩ ሙሃመድ ሙርሲ ብ 2013ዓ.ም ፈረንጂ ብቴሌቪዥን ቐጥታ ፈነወ ኣብ ዝተመሓላለፈ ዘተ ሩባ ኣባይ ሓንቲ ንጣብ ማይ ተኣክል እንተቐኒሱ ኩሉ ኣማራፂ ስጉምቲ ንምውሳድ ከምዝግደዱ እዮም ተዛሪቦም ነይሮም። ኣብቲ ግዜ ንሱ ናይ ሕዚ ናይ ግብፂ ፕሬዝዳንት ኣብዱል ፈታህ ኣልሲሲ ናይታ ሃገር ኣዛዚ ሰራዊት ነይሮም። ህዳሰ ግድብ ክሳብ ዝውዳእ እዚ ኣተሓሳስባ ከምዝቐፀለ ምዃኑ ዘርእዩ ዝተፈላለዩ መግለፂታት ይስትውዐሉ ነይሮም። ንኣብነት ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ግድብ ህዳሰ ናይ መጀመርያ ዙር ምምላእ ማይ ከይካየድ ዝላዕለ ፀገም ገጢሙ ነይሩ። ሰብዘበን'ውን ብተመሳሳሊ ኣብ ኽረምቲ እዋን ካልኣይ ዙር ንምምላእ ማይ ኣብ ዝግበር ምድላው ንምዕንቃፍ ዘይፈንቐልዎ እምኒ የለን።

ቀዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣብይ ኣብ ዝሓለፉ ሰሙናት ንቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ኣብ ዘቕረብዎ መብርሂ ‹‹መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ዝሓለፉ እዋናት ንሩባ ኣባይ ኣይገደቦን፤ ኣብ ቐፃሊ'ውን ኣይግድቦን፤ እቲ ማይ ከምዝነበሮ ይኸይድ ኣሎ እዩ። ዝተኸልከልናዮ ማይ ዝናብ ኣይትግድቡን እዩ። ንማይ ኣባይ እንተንግድቦ ነይርና እማ ሕዚ እቲ ማይ ኣይምውሓዘን ነይሩ፤ ከምቐደሙ ይውሕዝ ኣሎ እዩ። እቲ ኻብ ጣና ዝኸይድ ማይ ከም ናይ ቕድሚኡ እናፈሰሰ እዩ ዘሎ። ከምዚ ክንብል ከለና ካፍቲ ኣብ ኽረምቲ እዋን ዝዘንብ ማይ እንተበዚሑ 5ሚኢታዊ ንምቕራይ እዩ ፃዕሪ ንገብር ዘለና። ጣና ኣይትጠቐሙ ተባሂልና፤ ዝናብ እውን ኣይትጠቐሙ ተተባሂልና ከቢድ እዩ። » ብምባል ገሊፀሞ እዮም።

ኣብዚ መዳይ እዚ ብዙሓት ናይቲ ዘፈር ሙሁራት፣ ኢትዮጵያ ዝለዓለ ናይ ዝናብ ማይ ኣብ እትረኽበሉ ወቕቲ ማይ ምምላኣ ኣብ ዋሕዚ ሩባ ኣባይ ዘሕድሮ ፅዕንቶ ከምዘየለ ብምጥቃስ፣ ግብፂ እትገብሮ ናይ ምፍርራሕ ስራሕቲ ትርጉም የብሉን ብምባል ይገልፁ።

ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኣዲስ ኣበባ መምህር ፖለቲካል ሳይንስን ዓለም ለኸ ርክብን ከምኡ'ውን ተመራማሪ ጉዳይ ማይ ኣባይ ዝኾኑ ፕሮፌሰር ያእቆብ ኣርሳኖ ምስ ምስንዳእ ክፍሊ ጋዜጣ ኣዲስ ዘመን ኣብ ዝገበርዎ ቃለ መሕትት ከምዝገለፅዎ፣ ምምላእ ማይ ግድብ ህዳሰ ንግብፂ ይኹን ንሱዳን ክጎድእ ኣይኽእልን። ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ምምላእ ማይ ብምክንዋኑ ጥቕሙ ጎሊሁ ተራእዩ እዩ ብምባል የብርሁ። ተወሳኺ ማይ ምምላእ እንተተኻይዱ እኳደኣስ ተወሳኺ ማይ ከምዝረኽቡ ፣ ግብፅን ሱዳንን ማይ ክጎድለና ይኽእል እዩ፤ ህዝብና ክጉዳእ እዩ ብምባል ዘቕርብዎ ጥርዓን ንዝሰምዖም ወይ ንዝኣምኖም ኣካል መግለፂ ክኸውን ይኽእል እዩ። እንተዘይ ኮይኑ ንዖኦም ዝጎድእ ነገር ክሳብ ሕዚ የለን ብምባል ኣብሪሆም እዮም።

ሱዳናውያን ብተወሰነ ኩነታት ፈሪሖም ዋላ ይዛረቡ ብርትዕ ዝበለ ተቓውሞ ኣይነበሮምን ። ሰብ ሞያ ማይ ከምዝገልፅዎ ህንፀት ግድብ ህዳሰ ንሱዳናውያን ናይ ፖለቲካ ውሳነ እንተይኮነስ ጉዳይ ብሄራዊ ረብሓ እዩ። ካብቲ ግድብ ሓይሊ ኤሌክትሪክ ዝረኽቡ ምዃኖም ዝገልፁ ሰብ ሞያ ንኢንዱስትሪኦም ከምዘነቓቕሕን፣ግብርና ስርሖም ንምስፍሕፋሕ ከምዝሕግዞም ካብ ኩሉ ንላዕሊ ድማ እቲ ግድብ ካብ ሓደጋ ውሕጅ ከምዘድሕኖም ይገልፁ። ነዙይ እዩ እቲ ግድብ ካብ ዝጅመር ኣትሒዙ ግብፂ ንሱዳን ብተፈላለየ መገዲ ዝላዕለ ፅዕንቶ ዋላ ተሕድረላ ክሳብ ቐረባ እዋን ኣብ ዝተገበሩ ዘተ መብዛሕቲኡ ናይ ኢትዮጵያ ቕዋም ከትድግፍ ዝፀንሐት።

ይኹን'ምበር ሱዳን ኣብዚ ዓመት እዚ ምስ ግብፂ ሕብረት ምፍጣራ ንብዙሓት ኣገሪሙ እዩ። እዚ ግና ቐፃልነት ዘለዎ ኣይኮነን። እዚ ኣብ ከይዲ ዝረአ ኮይኑ ሱዳንን ግብፅን ወታደራዊ ስምምዕ ፈፂሞም እዮም። መራሕቲ ክልቲኦን ሃገራት ሓደ ግዘ ካርቱም ካሊእ ግዘ ድማ ካይሮ ብምምልላስ ኣብ ፕሮጀክት ግድብ ህዳሰ መኺሮም እዮም። ዝተፈላለየ መደባት'ውን ሓንፂዖም እዮም። ኢትዮጵያ ሙሉእ ቐልባ ኣብ ክልል ትግራይ ኣብ ዝገበረትሉ ግዘ ሰራዊት ሱዳን ኣብ ከባቢ ዶብ ይነብሩ ዝነበሩ ሓረስቶት ኢትዮጵያውያን ብምምዝባል ኣብ ንብረቶም ጉድኣት ብምብፃሕ ነቲ ከባቢ ተቖፃፂሮሞ እዮም። ኣብዚ ኩነታት ሞራላዊ ድጋፍ ግብፂ ልዑል ነይሩ።

ክልቲኦን ሃገራት ቕድም ኢሉ ብሕብረት ኣፍሪካ ዝካየድ ዝነበረ ዘተ እንተይተወደአ ሓዱሽ ሓሳብ ብምምፃእ ካብ ሕብረት ኣፍሪካ ብተወሳኺ ኣሜሪካ፣ ሕብረት ኣውሮፓን ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ከዛትዩ ሓቲተን እየን። ከምኡ'ውን ክልቲአን ሃገራት ኢትዮጵያ ዘገድድ ሕግታት እንተዘይፈሪማ እቲ ምምላእ ማይ ‹‹ንህዝብና ኣብ ሓደጋ ዘእትው እዩ››ብምባል ማይ ምምላእ ከይካየድ ኣህጉራዊን ዓለም ለኻዊን ፅዕንቶ ንምሕዳር ፃዕሪ ኣብ ምግባር እየን ዝርከባ። ይኹን'ምበር እቲ ዘቕረበኦ ሕቶ ብወገን ኢትዮጵያ ተቐባልነት ኣይረኸበን። ኢትዮጵያ ናይ ኣፍሪካ ፀገም ብኣፍሪካ ምፍታሕ ኣብዝብል መትከል ትርከብ። ቀዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣብይ ኣሕመድ ኣብ ዝሓለፉ ሰሙናት ሱዳን ምስ ግብፂ ዝፈጠረቶ ሕብረት ባህሪ ህዝቢ ሱዳን ዝገልፅ ኣይኮነን ብምባል ገሊፆም ነይሮም እዮም።

ምምላእ ማይ እቲ ግድብ ብዝምልከት ‹‹ኢትዮጵያ ንግብፂ ኾነ ንሱዳን ክትጐድእ ኣይትደልን ኢያ። ኢትዮጵያ ነዘን ሃገራት እዚኣተን ከይጐድአት ኽትጥቀም እያ እትደሊ። ኣሕዋትና ክርድኡልና እንደሊ ንሕና ኣብ ፀልማት ክንነብር ኣይንደልን ኢና፤ ኣምፑል ኢና እንደሊ። ናይና ብርሃን ክጠቕሞም ይኽእል'ምበር ክጐድኦም ኣይክእልን። ድልየትና ብሓባር ምዕባይ እዩ›› ብምባል ቕዋም ኢትዮጵያ ንፁር ገይሮም እዮም።

እቲ ሕዚ ሒዘሞ ዘለዉ ሓዱሽ ድሌት ግብፅን ሱዳንን ንኢትዮጵያ ዝጎድእ ነገር ኮይኑ ኣገዲድካ ከትፍርም ምግባር እንተዘይፈሪማ ድማ ኣብ መፃኢ ኽረምቲ ካልኣይ ዙር ማይ ከይትመልእ ብዝኾነ ይኹን መገዲ ፀቕጢ ምግባር እዩ። ንዘተ ዘቕርብዎ ምምላእ ማይን ኦፕሬሽንን ብሓደ ክከናወን ኣለዎ ዝብል እዩ። ብወገን ኢትዮጵያ ማይ ምምላእን ኦፕሬሽንን ክልተ ዝተፈላለዩ ጉዳያት ስለ ዝኾኑ ብሓደ ክኸዱ ከምዘይኽእሉን ተቐባልነት ከም ዘይብሎምን ተገሊፁ እዩ።

ኢትዮጵያ ምስቲ ማይ ምምላእን ኦፕሬሽንን ብሓባር ምርኣይ ዘካራኽር ስለ ዝኾነን ከምኡ'ውን ግዘ ክወስድ ስለ ዝኽእል በዚ መሰረት ድማ እቲ ክረምቲ ማይ ብዘይ ምምላእ እንተተሓሊፉ ኢትዮጵያ ኣብ ሓደ ዓመት ጥራይ 1 ቢልዮን ናይ ኣሜሪካ ዶላር ከመዘስእና ተገሊፅሎም እዩ። ይኹን'ምበር እዘን ክልተ ሃገራት እዚኣን ንባዕልተን ረብሓ ጥራይ'ምበር ስለ ረብሓ ኣትዮጵያ ስለ ዘይግድሰን እቲ ጉዳይ ካብ ሕብረት ኣፍሪካ ንኽወፅእ ወይ ካልኦት ዘዛትዩ ሃገራት ክውሰኹ ፀቕጢ እናገበራ እየን። ካብዚ ሓሊፉ እውን ናብ ካውንስል ፀጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ንምውሳድ ትልሚ ሒዘን እየን ዝርከባ። ብሕብረት ኣፍሪካ ኣዳራዳሪነት ዝተጀመረ ዘተ እንተይተወደአ ካልኦት ዘዛትያ ምሕታት ናይቲ ሕብረት ግደ ምንዓቅ እዩ።

ናይ ካልኣይ ዙር ምምላእ ማይ ኣብ ኽረምቲ እዋን ኣብ ዝዘንብ ዝናብ ብምጥቃም'ምበር ምሉእ ዓመት ከምዘይኰነ ካብ ናይ መጀመርያ ኣመላልኣ ምርዳእ ይካኣል እዩ። ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ወርሒ ሓምለ ዝተኻየደ ናይ መጀመርያ ዙር ምምላእ ማይ ኩነታት ዝናብ ዝላዕለ ኣብ ዝነበረሉ ወቕቲ ስለ ዝነበረ ከይተፈልጠ እዩ ተዛዚሙ። ናይ መፃኢ'ውን ካብዚ እተፈልየ ኸምዘይኸውን ፍሉጥ እዩ ። እንተኾነ ግና ኣብ ግብፅን ሱዳንን ዘሎ ኣተሓሳስባ ናይ ክረምቲ ዝናብ ማይ'ውን ዝኽልክል ኢዩ። እዚ ኸዓ ምስቲ ዓለምለኻዊ ፍትሓዊነት ዘለዎ ኣጠቓቕማ ማይ ተግባር ዝጋጮ እዩ።

ኢትዮጵያ ንሩባ ኣባይ 86 ሚእታዊ ማይ እተበርክት ሃገር እያ። ኮይኑ ግና 60 ሚእታዊ ዜጋታታ መብራህቲ ኤሌክትሪክ ኣብ ዘይብሉ ፀልማት እዮም ዝነብሩ። ኢትዮጵያውያን ኣብ ፀልማት ዝነብሩ ዜጋታታ ብርሃን ኤሌክትሪክ ረኺቦም ካብ ፀልማት ንኽወፁ ምእንቲ እያ እዚ ፕሮጀክት እትሃንፆ ዘላ። ኢትዮጵያ ሩባ ኣባይ ፍትሓውነትን ማዕርነትን መሰረት ገይርካ ምጥቃም መሰል ኣለዋ እዩ። በዚ መሰረት ኢትዮጵያ ብዝሓዘቶ ብፕሮግራም ተኸቲላ ካብ ምምላእ ማይ ዝዓግታ ኩነታት የለን። ስለዚ እቲ ፕሮጀክት ንዕቤት ተፋሰስ ሃገራት ካብ ምጥቃም ሓሊፉ ዝጎድእ ስለዘይኮነ ዘካትዕን ዘሳሓሕብን ክኸውን የብሉን። (ግዜኢ.)

> ኢትዮጵያ ምስቲ ማይ ምምላእን ኦፕሬሽንን ብሓባር ምርኣይ ዘካራኽር ስለ ዝኾነን ከምኡ'ውን ግዘ ክወስድ ስለ ዝኽእል በዚ መሰረት ድማ እቲ ክረምቲ ማይ ብዘይ ምምላእ እንተተሓሊፉ ኢትዮጵያ ኣብ ሓደ ዓመት ጥራይ 1 ቢልዮን ናይ ኣሜሪካ ዶላር ከመዘስእና ተገሊፅሎም እዩ።

# ስፖርት ወጋሕታ

# ባንኪ ንግዲ ኢትዮጵያ ተዓዊቱ

**መሰረት ገ/ዮሃንስ**



ኣብ መበል 50 ሻምፒዮና ኣትሌትክስ ኢትዮጵያ ብደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ሓፈሻዊ ድምር ውፅኢት ቐዳማይ ብርኪ ብምሓዝ ባንኪ ንግዲ ኢትዮጵያ ፅዋዕ ሰዓራይ ኾይኑ። መከላከያን ክልል ኦሮምያን ድማ ካልኣይን ሳልሳይን ብርኪ ሒዞም ዛዚሞም እዮም።

ኣብዚ ሻምፒዮና ኣሰልጣኒ ብርቱኳን ቐፀላ፣ሃለቃ ሚኢቲ ምትኩን ተፈሪ ጭብሳን ኮኾብ ኣሰልጠንቲ ተባሂሎም እዮም።ከምኡ'ውን መኮንን ጤናው ፣ሽመልስ ዳዊትን ተሾመ በቀለን ኣብቲ ሻምፒዮና ኮኾብ ዳያኑ ኾይኖም ተመሪፆም እዮም።

ኣብ መዛዘሚ ዕለት መበል 50 ዓመት(ወርቂ ኢዮቤልዩ) ሻምፒዮና ኣትሌቲክስ ኢትዮጵያ ኣብ **ዝተኻተደ 5ሽሕ ሜትሮ ንሕንሕ** ኣትሌት ጉዳፍ ፀጋዬን ኣትሌት ጌትነት ዋለ ስዒሮም እዮም።

ኣብ መጠቓለሊ ንሕንሕ ብቡዙሓት ስፖርት ቤተሰብ እናተፀበየ ዝነበረ 5ሽሕን 1500 ሜትሮ ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ፍፃምኡ ረኺቡ እዩ።ብደቂ ኣንስትዮ 5ሽሕ ሜትር ንሕንሕ ኣትሌት ጉዳፍ ፀጋዬ ቐዳመይቲ ኾይና ክትውድእ ኸላ ኣትሌት ለተሰንበት ግደይን መልክናት ዉዴ ካልኣይን ሳልሳይን ብርኪ ሒዘን ዛዚመን እየን።

ደቂ ተባዕትዮ 5ሽሕ ሜትሮ ንሕንሕ ቅድሚ ኸዚ ብመሰናኽል ንሕንሕ ዝፍለጥ ኣትሌት ጌትነት ዋለ ቐዳማይ ብምኳን ከስዕር ክኢሉ እዩ። ኣትሌት ያሲን ሃጂ ካልኣይ ብምኳን እንትዛዝም ኣትሌት ሚልኬሳ መንገሻ ሳልሳይ ኾይኑ ወዲኡ እዩ።

ደቂ ተባዕትዮ 1500 ሜትሮ ኣትሌት መለሰ ንብረት ቐዳማይ ኾይኑ እንትውድእ፣ ሳሙኤል ኣባተን መልካሙ ዘገየን ካልኣይን ሳልሳይን ብርኪ ብምሓዝ ዛዚሞም እዮም።

ደቂ ኣንስትዮ 1500 ሜትሮ ኣትሌት ለምለም ሃይሉ ቐዳመይቲ፣ሂሩት መሸሻ ካልአይቲ፣ፍረወይኒ ሃይሉ ድማ ሳልሳይ ብርኪ ብምሓዝ ኣጠናቒቐን እየን።

ኣብዚ ሻምፒዮና ብኣጠቓላሊ ትሸዓተ ክብረ ወሰናት ዝተምሓየሹ እንትኾን፣ካብዚኦም እቶም ኣርባዕተ ኣብ ንሕንሕ ተግባራት ሜዳ እንትኾኑ፣እቶም ዝተረፉ ድማ ኣብ ዝተፈላለዩ ርሕቐታትን ንሕንሕ ምስዓም እዮም።

ሽዱሽተ ክብረወሰናት ብደቂ ኣነስትዮ ዝተመሓየሸ እንትኾን፣ንሳቶም'ውን ምድርባይ ኲናት፣ምድርባይ ዲስከስ፣200 ሜትሮ፣10ሽሕ ሜትሮ ምስጓም፣ 1ሽሕ 500 ን 5ሽሕ ሜትሮን ጉያ እዮም።400 ሜትሮ መሰናክልን፣ምድርባይ ማርቴሎን ኲናትን ድማ ብደቂ ተባዕትዮ ዝተመሓየሹ ክብረ ወሰናት እዮም።

ብ100ን 400 ሜትሮ መሰናክል ከምኡ'ውን 4 ብ100 ቅብብል በትሪ ሰለስተ ሜዳልያ ወርቂ ተዓዊቲት ዝኾነት ካብ ክልል ኦሮሚያ ኣትሌት መስከረም ግዛው እያ።

ብ110ን 400 ሜትሮን መሰናክል ቐዳማይ ኮይኑ ክልተ ወርቂ ተዓዊቲ ዝኾነ ድማ ካብ ባንኪ ንግዲ ኢትዮጵያ ኣትሌት ደረሰ ተስፋዬ ፍሉይ ተሸላሚ ኮይኑ ኣሎ።

ብደቂ ኣንስትዮ ባንኪ ንግዲ ኢትዮጵያ፣መከላከያ፣ ክልል ኦሮሚያ ካብ ቐዳማይ ስጋብ ሳልሳይ ተዓወቲ እንትኾኑ፣ በደቂ ተባዕትዮ ድማ መከላከያ፣ክልል ኦሮሚያን ባንኪ ንግዲ ኢትዮጵያን ካብ ቐዳማይ ስጋብ ሳልሳይ በምውፃእ ንሕንሖም ዛዚሞም።

ብክልቲኡ ፆታ ሓፈሻዊ ድምር ውፅኢት ቐዳማይ ብርኪ ብምሓዝ ባንኪ ንግዲ ኢትዮጵያ ቐዳማይ እንትኾን፣ መከላከያን ክልል ኦሮምያን ድማ ካልኣይን ሳልሳይን ብርኪ ሒዞም ዛዚሞም እዮም።

## መኣዲ ጥበብ



# ኣቤል ተስፋዬ(ዘ ዊኬንድ)

**ትርሓስ ፍቃዱ**

### እዋን ቑልዕነት

ኣብ ወርሒ የካቲት 16/1990 ከም ኣቆፃፅራ ኣውሮፓ እዩ ተወሊዱ። ደራፊ፣ ገጣምን ፕሮዱሰርን ኣቤል ተስፋዬ። ትውልደ ኢትዮጵያዊን ካናዳዊ እንትኾን ብኣብዝሓ ዝፍለጥ ዘ ዊኬንድ ብዝብል ሳጓ ሽሙ እዩ።

ኣቤል ተስፋዬ ኣብ ካናዳ ቶሮንቶ ብስደት ካብ ዝነብሩ ኢትዮጵያዊያን ስደተኛታት ዝተወልደ ኮይኑ ወለዱ ምስ ተፈላለዩ (ብፍትሕ) ድማ ምስ ኣዲኡን እኖሓጉኡን እዩ ዓብዩ። እዙይ ድማ ቋንቋ ኣምሓርኛ ንክመሃር ዕድል ከፊቱሉ እዩ።ብዝጥቀሞም ዝተፈላለዩ ቅዲ ድምፂ ፣ ብዘፍርዮም ሙዚቃታን ፍሉያት ኣቀራርብኡን ዝፍለጥ ዘ ዊኬንድ ንብዙሓት ዘበነወት ደረፍቲ ፅልዋ ከምዘሕደረ ይዝረብ።

### ሕይወት ሙዚቃ

ኣብ ወርሒ ታሕሳስ 2010 ዓ.ም ኣቤል ሙዚቃታቱ ኣብ ዩ ቲዩብ ስሙ ከይፀረሐ ክልጥፍ ፈተነ። በዚ ድማ ናእዳ ረኺበ፤ ደሓር ድማ ኣብ ካናዳ ትርኢት ምቕራብ ዝጀመረ እንትኸውን፤ ሸሞንተ ደርፍታት ዝሓዘ «ሃውስ ኦፍ ባሎንስ» ዝተብሃለ ስራሕ ፈላማይ አልበም ኣቤል ተስፋዬ እንትኾን ንሽልማት እውን ሕፁይ ኮይኑ ቀሪቡ እዩ። ምስ ከም እኒ በዓል ድሬክ፣ ካንያ ዌስትን ዝበሉ ህቡባት ኣርቲስታት እውን ሓቢሩ ዝሰረሐ ኣቤል ደርፍታቱ ንብዙሕ እዋን ኣብ ሰደቓ ቢል ቦርድ ብቐዳምነት ዝፍለጡ እዮም። ኣብ ኣሜሪካ፣ ኣውሮፓ፣ ጃፓን፣ ዝበላ ሃገራት ናይ ሙዚቃ ስራሕቱ እውን ኣቕሪቡ እዩ።

### ቅዲ ሙዚቃ

ቅዲ ደርፊ ኣቤል ኣብ ኣር ኤንድ ቢ፣ ፖፕ ሙዚቃ ዝምደቡ እዮም። ኣቤል ፅልዋ ማይክል ጃክሰንን ኣር ኬሊን ከም ዘለዎ እንትዛረብ ካብ ደርፍታቱ ኣብነት እናጠቐሰ ይዛረብ። ቅዲ ዓውታ (ልዑል ቶን) ድምፂ ካብ ኢትዮጵያዊት ድምፃዊት ኣስቴር ኣወቀ ከም ዝወሰደ እውን ይዛረብ። ዝተፈላለዩ ዓይነታት ሙዚቃ እናሰመዐ ዝዓበየ ኣቤል ኣብ ስራሕቱ ድማ እዚ ይንፀባረቕ እዩ። ነገር ቅዲ ካብ ኣልዓልና ኣቤል ተስፋዬ ብዝኸተሎ ፍልይ ዝበለ ኣሰራርሓ ፀጉሪ (ኣቀማቕማ ርእሲ) ድማ ይፍለጥ እዩ።

### ሽልማት

ድምፃዊ ኣቤል ተስፋዬ ሰለስተ ሽልማት ግራሚ፣ ሸሞንተ ሽልማት ቢል ቦርድ፣ ሓሙሽተ ሽልማት ሙዚቃ ኣሜሪካ፣ ክልተ ሽልማት ኤም ቲቪን ካልኦት ብርክት ዝበሉ ሽልማታትን ረኺቡ እዩ።

### ስራሕቲ ግብረ ሠናይ

ኣቤል ተስፋዬ ብዘበርከቶም ስራሕቲ ግብረ ሰናያት እውን ስሙ ይለዓል እዩ። ንዝዓበየሉ ቤተ ክርስቲያን፣ ከምኡ ድማ ኣብ ዩኒቨርስቲ ቶሮንቶ ንዝርከብ ትካል መፅናዕቲ ግእዝ ሓገዝ ገይሩ እዩ። ኣብዚ ቐረባ እዋን ድማ ኣብ ኢትዮጵያ ንዝተፈናቐሉ ወገናት ናይ ሓደ ሚልዮን ዶላር ሓገዝ ከም ዝገበረ ይዝከር ኾይኑ ቅድም ክብል'ውን ሓገዝ ይገብር ከምዝነበረ ይዝረብ።